ሃገረ ኤርትራ
ሚኒስትሪ ትምህርቲ

ቋንቋ ትግርኛ
ንሳልሳይ ክፍሊ

መጽሓፍ ተማሃሮ

Copyright © Ministry of Education 2016

All rights reserved; no part of this publication may be reproduced, stored in a retrieval system, or transmitted in any form or by any means, electronic, mechanical, photocopying, recording, or otherwise, without the prior written permission of the publisher.

This book is written by the Ministry of Education, Department of General Education Curriculum Planning and Development Division.

The Ministry of Education gratefully acknowledges the assistance of the following, and any others who have helped in any way in the preparation of the book:

- Textbook Review Workshop participants
- Curriculum Core Team member
- Consultants
- Illustrators
- DTP staff
- Designers
- Quality Review committee

Reprinted in 2016 Sabur Printing press, Asmara Eritrea

ISBN: 99948-1-148-7

ትሕዝቶ

መእተዊ ገጽ

1. ስፖርት..... 1
2. ተማሃራይን ጓሳን..... 9
3. ሓሳኹ እንታይ ይምገቡ..... 19
4. በሺር ምስ ስድራቤቱ..... 25
5. ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና..... 32
6. ጨውን ሰፍነግን..... 36
7. ዝሓበረ ህዝቢ ዓጋቲ የብሉን..... 45
8. ኣደን ወድን..... 53
9. ከልቢ ከመይ ገይሩ እንስሳ ዘቤት ኮይኑ 1ይ ክፋል.... 59
10. ከልቢ ከመይ ገይሩ እንስሳ ዘቤት ኮይኑ 2ይ ክፋል.. 64
11. ሰገን 71
12. ቅኑዕ ተግባር ንመን 77
13. ዝብእን ሰብኣይን..... 87
14. ጸሓይን ንፋስን 95
15. ዝጋደል ይዕወት 101
16. ናይ ምስጋና ደብዳቤ..... 106
17. ናይ ዕድመ ደብዳቤ..... 109
18. ዕድመ እንስሳታትን ኣግራብን..... 113
19. ምድረ በዳ..... 121
20. ሃብቲ ባሕሪ..... 126
21. ጋውናን ደማሙን..... 133
22. ደርሁ ዝበልዐት ኣድጊ..... 141
23. ሰብን ኣግራብን..... 146
24. ጽንብል እንስሳታት..... 152
25. ከተማን ገጠርን..... 158
26. መን ይስራሕ ፧..... 165

መእተዊ

ክቡራት ተማሃሮ ሳልሳይ ክፍሊ፡ እንቋዕ ኣብዚ ኣብቃዓኩም! መጽሓፍ ቋንቋ ትግርኛ ንሳልሳይ ክፍሊ መቐጸልታ ናይቲ ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ዝተማሃርኩሞ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ሒዙልኩም መጺኡ ኣሎ።ብመሰረት እዚ ሓድሽ ካሪክለም ሳልሳይ ክፍሊ ኣብ ትውድእሉ ግዜ ፡ምስ ዕድመኹም ዝሳነ ናይ ምዝራብን ምስማዕን ምንባብን ምጽሓፍን ክእለት ከተማዕብሉ ኢኹም። ኣብ ዝሰማዕኩሞም ዘንበብኩሞን ትሕዝቶ ዘድሊ መልሲ ብቓልን ብጽሑፍን ክትህቡን ሓሳባትኩም ብርእሰ ተኣማማንነት ክትገልጹን ትጽቢት ይግበረልኩም።ፍቐሪ ንባብ መጽሓፍትን ኣሕዲርኩም ብባህታን ምሉእ መረዳእታን ከተንብቡን ዘንበብኩሞ ትሕዝቶ ክትመምዩን ክትግምግሙን ትጽቢት ይንበረልኩም።ብሓፈሽኡ ብመንገዲ ንባብ ጽሕፈትን ቋንቋዊ ክእለትኩም ኣብ ኩሉ መዳያት ክብ ብምባል ናይ ምሕሳብን ምምርማርን ዓቕሚ ከተጥርዩን ንቐጻሊ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ድልየትን ቅሩብነትን ከተሕድሩ እዚ መጽሓፍ ክሕግዘኩም ኢዩ።

እዚ መጽሓፍ እዚ፡ ኣብዚ ዝተገልጸ ውጽኢታት ምህሮ ንምብጻሕ ዝሕግዝ 26 ምዕራፋት ሒዙ ቀሪቡ ኣሎ።እዚ ምዕራፋት እዚ ምስቲ ዘሰንዮ ናይ መምህር መምርሒ ተሳንዩ ንተማሃሮ ዘማእከለ ኣሳታፊ ኣገባብ ኣመሃህራ ተኸቲሉ ቀሪቡ ኣሎ። እቲ ክትመልክዎ ዝድለ ዘሎ ናይ ቋንቋ ክእለታት ምእንቲ ክትርድእዎን ክትመልክዎን ምስ መዓልታዊ ህይወትኩም ብግብሪ ዘሳኒ ንጥፈታት ሒዙ ቀሪቡ ኣሎ።ንኣብነት፡- ናይ ምስማዕን ምዝራብን ክእለት ከተማዕብሉ ፡ዓበይትን ሰብ ሞያን ኣብ ክፍሊ መጺኦም ከም ዝገልጽልኩም ክግበር ኢዩ።ንስኻትኩም ድማ ሓበሬታ ንምእካብ ወለድኹም ካልኦትን ዓበይትን ምሁራትን ትሓቱን ዝረኽብኩሞ ሓበሬታ ንመማህርትኹም ንመማህራንኩምን ተዘንትዉ።ናይ ምጽሓፍን ምንባብን ክእለት ተማዕብሉ። ዘንበብካዮ ኣሕጺርካ ምጽሓፍ፡ሕቶታት ምምላስ ደብዳቤታት ምጽሓፍን ካልኣ መላመዲታትን ሒዙ ይርከብ።

ምምሃርን ምምግምጋምን ክልተ ዘይፈላለዩን ብሓደ ዝኸዱ ኣካላት ኢዮም።ምምሃር እንተልዩ ምምግምጋም ከኣ ክህሉ ኣለዎ።ተማሃሮ ኣብ መስርሕ ትምህርቲ ነቲ ክውቃዕ ዝተሓንጸጸ ዕላማታት ምህሮ ጨቢጥኩሞዶ ኣይጨበጥኩምዎን ንምፍላጥ ቀጻሊ ዝኾነ ገምጋም (Continuous assessment) ምክያድ

የድሊ።ኣብዚ ግዜዚ ነተኣታትዎ ዘለና ስርዓተ ትምህርቲ ኣብ ውጽኢት ምህሮ ዝዓለመ (Outcome based) ኢዩ። ተማሃሮ ኣብቶም ኣብ መጽሓፍ ሰፊሮም ዘለዉ ብቕዓታት ምህሮ(Competencies) ዝግባእ ግንዛቤን ክእለትን ከም ዝሓዝኩም ንምፍላጥ መማህራን ዝተፈላለዩ ዕዮታት እናሃቡ ክግምግሙኹም ኢዮም።ካብቲ ዝተኻየደ ገምጋም ተበጊሶም ድማ ዘለኩም ብሉጽን ድኹምን ጎድንታት እንታይ ምኻኑን ደረጃኹምን ከመይ ከም ዘሎን ኣመልኪቶም እቲ ዝድለ ሓበሬታታት ክህብኹም ኢዮም። ካብኡ ሓሊፎም እውን ንወለዲ ክሕብሩ ይኽእሉ።

ስለዚ ፡መማህራን ወለድን ካልኦት ኣብ ምዕባለ ትምህርቲ ዝግደሱ ዜጋታት ተማሃሮ እዚ ዝተጠቕሰ ውጽኢት ምህሮ ንምጭባጥ ሓገዞም ከበርክቱ ንላቦ።ንምምሕያሽ መጽሓፍቲ ዝምልከት ገምጋማትን ሓሳባትን ከኣ ሓንሳፋይ ኢልና ንቕበል።

ምዕራፍ 1
ስፖርት

ዝድለብ ብቕዓት (Competencies)

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ

- **ንዝንበበኩልም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።**
- **ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡን ብኣኦም ምሉእ ሓሳባት ትሰርሑን ትትርጉሙን ተጻረርቲ ትህቡን።**
- **ስርዓተ ነጥቢ ዝሓለወ እሩም ኣጸሓሕፉ ትኽተሉ።**
- **ቃላት ፊደላትን ብቅኑዕ ኣጸሓሕፉኦምን ቅርጸምን ትጽሕፉ።**
- **ሓሳባትኩም ስምዒታትኩምን ኣብ ዝሩብ ቃላት ለዊጥኩም ብንጹር ቋንቋ ትረዳድኡ።**
- **ስፖርት ኣብ ጥዕና ደቂ ሰባት ዘለዎ እወንታዊ ተራ ኽም ዘለዎ፡ ስፖርት ዘይምዝውታር ግን ንዝተፈላለዩ ሕማማት ኽም ዘቃልዕ ትዝርዝሩ።**

መእተዊ ሕቶታት፡ (Focus questions)

1. **ንግሆ ተንሲእኩም ስፖርት ተዘውትሩዶ፡**
2. **እንታይ ዓይነት ምንቅስቓስ ትገብሩ፡**
3. **ስፖርት ዘየዘውትር ሰብ እንታይ ይኸውን ፡**
4. **ስፖርት እብል መዝሙር ትዝምሩ።**



ስፖርት፣ ንዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝሓቁፍ ኣዝዩ ሰፊሕ ንጥፈት እዩ። ስፖርት፣ ሰባት ኣካላቶም ዝሃንጽሉን ዝዘናግዕሉን ምውስዋስ ኣካላት እዩ። ኣካላት ሰብ እንተዘይተወሳኺሶም ድኹማትን ብቐሊሉ ብሕማም ዝጥቅዑን ይኾኑ። ኣብ ዘድሊ ግዜን ብዝግባእ እንተተወሳኺሶም ከኣ ድልዱላትን ጥዑያትን ይኾኑ። ኣካላት ሰብ ጥዑይ መግቢ ዘድልዮ እኳ እንተኾነ ጥዑይ መግቢ ምስ ተመገበ ብዝግባእ እተዘይተንቀሳ ቒሱ ነቲ ዝተመገቦ መግቢ ብዝግባእ ናብ መላእ ሰብነት ተወሃሂዱ ኣብ መዓላ ክውዕል የጸግሞ። ስፖርት እምበኣር ንጭዋዳታት ልብን ስርዓተ-ምስትንፋስን ስርዓተ-ምሕቃቕ መግብን ሰራውር ደምን መሓውርን ሕቑን ክድልድሉን ክምዕብሉን ዝሕግዝ ዓይነት ንጥፈት እዩ።

ስፖርት ዝተፈላለየ ኢዩ። ገሊኡም ኣብ ደገ ኰንካ እተዘውትሮም ክም ኵዕሶ እግሪ፣ ኵዕሶ ሰኪዐት፣ ኵዕሶ መርበብ፣ (ቮሊቦል) ጕያ እግሪ ዝኣመሰሉ ክኾኑ ከለዉ፣ ገሊኡም ከኣ ኣብ ውሽጢ ገዛ ኰንካ እትጻወቶም ንሓንጎላዊ ሓሳባት ዘስፍሑን ዘማዕብሉን ክም ኵዕሶ ሰደቓ፣ ችዝ፣ ዳማ ክጥቀሱ ይኽእሉ። ብተወሳኺ ምሕምባስ ሓደ ካብቶም ኣብ ደገን ኣብ

ውሽጢ ገዛን ዝዝውተሩ ዓይነታት ስፖርት እዩ። ኣብዚ ክንፈልጦ ዝግባኣና ሓደ ነገር ኣሎ፡ ንሱ ከኣ እቶም ኣብ ገዛ ኮፍ ኢልካ እትጸወቶም ዓይነታት ስፖርት፡ ምስቲ ምውስዋስ ኣካላት ወይ ምንቅስቓስ ኣካላት ምእንቲ ክሳነ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ምንቅስቃስ ክገብሩ ይግባእ።

ኣብ ሃገርና እዞም ዝተጠቐሱ ዓይነታት ስፖርት ይዝውተሩ ኢዮም። ብዘይካ እዞም ዝተባህሉ ግን ከም ሻኩ፡ ዝላ፡ ጉያ፡ ገበጣ፡ ሓንዳይ፡ ጠለይ ጠለይ፡ ያህለል፡ ተወሰጥ ልሙዳት ጸወታታት ኢዮም። እስከ ፍልልይ ናይ ስፖርት ዘዝውትርን ዘየዘውትርን ሰብ እንታይ ከምዝመስል ንርኣ።

ኽቮነታት እዞም ክልተ ኣዕሩኽ ንመልከት። ሓሰንን ረዘነን ኣብ ሓደ ኣከባቢ ዝዓበዩ መንእሰያት እዮም። ክልቲኣቶም ግን በበይኑ ባህርያት ነይርዎም። ሓሰን ስፖርት ዘዘውትር ንጡፍ ክኸውን ከሎ ረዘነ ግን ከምኡ ኣይኮነን።

ሓሰን ንጉሆ ተንሲኡ ናይ ጉያ ምንቅስቓስ ይገብር። ተመሊሱ ኣካላቱ ተሓጺቡ ቀሩሱ በሊዑ ንቤት ትምህርቱ ብእግሩ ይጐዓዝ። ሓሰን ንጡፍ እዩ። ምስ ሰባት ዘለዎ ዝምድና ዝነኣድ እዩ። ሓሰን ኣ ካላቱ ድልዱል፡ ሕማም ብቐሊሉ ዘየጥቅየ፡ ትምህርቲ ከኣ ብቐሊሉ ዝርድኦ ንፉዕ ተማሃራይ እዩ።



ረዘነ ግን ካብ ሓሰን ፍልይ ዝበለ እዩ። ንጡፍን ሕዉስን ኣይኮነን። ኩሉ ግዜ ኮፍ ኢሉ ከዕልል ይፈቱ። ዋላ ኣዕሩኹ ንዓና ይ ንዛወር እንተበልዎ፡ ክድቅስን ኣብ ሓደ ቦታ ኮይኑ ክዛናጋዕን ይፈቱ። ካብዚ ዝተበገሰ ከኣ ኣካላቱ ድኹም፡ ብተደጋጋሚ ጉንፋዕ ዘጥቅየ፡ ናብ ትምህርቲ ከኣ ብዙሕ ኣቓልቦ ኣይገብርን። ካብቶም ስፖርት ዘዘውትሩ መሳቱኡ ይንጸል። ሓሰን ደጋጊሙ ኮዕሶ ክጻወት ይነግሮ። ንግሆ ንግሆ ክጐዱ ይሕብሮ። ረዘነ ግን ኣዚዩ ሃካይ ስለ ዝኾነ ንምኽሪ ዓርኩ ኣይቅበሎን ነይሩ።

እሞ ንሕና ተማሃሮኻ ከም መን ክንከውን ንደሊ፧ ከም ሓሰንዶ ከም ረዘነ፧ ስለምንታይ፧

ኩልና ተማሃሮ ንባህርያት ሓሰን ከም እንመርጽ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ምኽንያቱ ከኣ ምውስዋስ ኣካላት ምስቲ ካልእ ዓይነታት ትምህርቲ ኣወሃሂድና ብመምርሒ መማህራና በቲ ደስ ዝብለና ዓይነት ስፖርት እንተ ማዕቢልና፡ ጥዑይ ኣካላትን ጥዑይ ኣእምሮን ይህልወና። ንሓያለይ ሕማማት ክንጻወር


ንኽእል። ኣብ ሕብረተ- ሰብና ከኣ እቲ ዝግባእ ኣገልግሎት ክንህብ ብቑዓት ንኸውን።

ምውስዋስ ኣካላት፣ ወዲ፣ ጓል፣ ዓቢ፣ ንእሽቶ ዘይፈሊ ኩሉ ከከም ዓቕሙን በቲ ደስ ዝብሎን ዓይነት ክንቀሳቐስ ኣለዎ። ጥዑይ ኣካላትን ጥዑይ ኣእምሮን እንተወኒንካ፣ ሓሚመ ኢልካ ናብ ሓኪም ምኻድ ተጕድል። ኣፍራይን ጥዑይን ዜጋ ከኣ ትኸውን።

ብዘይካዚ ስፖርት ካልእ ኣገዳሲ ረብሓ እውን ኣለዎ። ንኣብነት ስፖርታውያን ተጻወቲ ኩዕሶ እግሪ፣ ተጻወቲ ኩዕሶ ሰኪዐት፣ ኩዕሶ መርበብ፣ ተቐዳደምቲ ብሽግለታ፣ ተቐዳደምቲ ማኪና፣ ተቐዳደምቲ ጕያ እግሪ ወዘተ. ኣለዉ። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ስፖርታዊ ንጥፈታት ኣብ ምዕባለ ሃገር ዓቢ ረብሓ እዩ ዘለዎ። ብመጀ- መርታ በቲ ዝግበር ንጥፈት እተን ጋንታታት ኣብ ውሽጢ ሃገር እናዘራ ኣብ ዝገብረኣ ግጥማት እቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝነብር ዘይፋለጥ ህዝቢ ይላለ። በዚ ኣቢሉ ከኣ ሃገራዊ ሓድነት የደልድል። ኣብ ሕድሕዱ ብዝገብሮ ርክባት ባህላዊ ኣፍልጦ ናይ ጐረባብቲ ሃገራት ኮነ ካልእ ቀጠባዊ ዝምድናታት የደልድል።



ብተወሳኺ ከምዚ ብዓለም ደረጃ እንርእዮ ዘለና ግጥማት እናተኻየደ ሃገራት ኣብ ነንሕድሕደን ኣብ ዝገብረኡ ግጥማትን ውድድራትን ይላለያን ዝምድናታትን የደልድላን። ካብ ከምዚ ዝበለ ስፖርታዊ ንጥፈታት ከኣ እቶም ካብ ሓንቲ ሃገር ናብ ካልእ ሃገር ከይዶም ዓወታት ዘመዝግቡ ውልቀሰባት ኮኑ ጋንታታት ስም ሃገሮም ኣብ ዓለም ምሉእ ከምዝፍለጥ ይገብሩ። ንሸኻትኩምውን በቲ ሓደ ጥዑያት ክትኮኑ፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ስምኩምን ስም ሃገርኩምን ከተጸውዑ ስፖርት ከተዘውትሩ ይግባእ።





መላመዲ

ሀ. ብመሰረት ዘንበብኩሞ ጽሑፍ ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ትርጉም እናሃብኩም ግለጽዎም።

1. ምህናጽ
2. ምውህሃድ
3. ምዝውታር
4. ባህርያት
5. ምጽዋር
6. ምውናን
7. ምንጻል

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብ ምሉኣት ሓሳባት ሸኸዕዎም።

1. ጭዋዳ
2. ንጡፍ
3. ሃካይ
4. ምኽሪ
5. ብቑዕ
6. ኣፍራዪ
7. ዜጋ

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. እትፈልጥዎም ዓይነታት ስፖርት ዘርዝሩ፤
2. ስፖርት ዘየዘውትር ሰብ እንታይ ይኸውን፤
3. ኣብ መንጎ ሓሰንን ረዘነን ዘሎ ፍልልይ ግለጽዎ።
4. ጥዑይ ኣእምሮን ኣካላትን ክህልወና እንታይ ክንገብር ኣለና።
5. ሓደ ካብ ትፈትውዎ ዓይነት ስፖርት ጠቒስኩም ብዛዕብኡ ግለጹ።

መ. ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ብመሰረት እዚ ንባብ ምልእዎም።

ስፖርት ሰባት ------- ዝሃንጽሉን ------ ንጥፈት እዩ። ኣካላት ሰብ ካብ ስራሕን ምንቅስቓስን ደው እንተኢሉ ጭዋዳታት ----------። ሓሰን ንግሆ ተንሲኡ ----------። ንቤት ትምህርቱ ከኣ ---------- ይመላለስ።

ረ. ነዛ ጽሕፍቲ ብዓውታን ብዘይድምጽን ኣንብብዋ።

ሰ. ነዛ ጽሕፍቲ ብናታትኩም ሓሳባት ኣሕጺርኩም ጽሓፍዋ።

ሸ. እተባህለ

ቀ. ነዞም ዝስዕቡ ብመሰረት'ዚ ኣብነት ስርሕዎ።

ንኣብነት፦ <u>ጤል</u> ኢልና <u>ኣጣል</u> እንተበልና።
ወዲ ኢልና _____ ንብል።
ጓል ኢልና _____ ንብል።
ሰብ ኢልና _____ ንብል።
ሰበይቲ ኢልና _____ ንብል።
ገረብ ኢልና _____ ንበል።

ምዕራፍ 2
ተማሃራይን ጓሳን

ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፡

- ካብ ዘንበብኩማ ዛንታ ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡን ብኣኦም ምሉእ ሓሳባት ትሰርሑን ትትርጉሙን ተጽጻረርቲ ትህቡን።
- ቃላት ፊደላትን ብቅኑዕ ኣጸሓሕፉኦምን ርጸምን ትጽሕፉ።
- ናይ ምውሳእን ምዝራብን ዓቕምኹም ንምንጽብራቕን መልእኽታት ንምንጽብራቕን።
- ትምህርቲ መነባብሮን ህይወትን ሰብ ከም ዝቕይር ትዝርዝሩ።
- ሓቀኛ ዕርክነት ትርጉሙን ጥቕሙን ዝርዝሩ።

መእተዊ ሕቶታት

1. ኣብ ትምህርቶም ዘይግደሱ ተማሃሮ ኣለውኹምዶ፡ ንዘይግደሱ ተማሃሮ ትምዕድዎምዶ፡
2. ትምህርትኹም ምስ ወዳእኩም እንታይ ክትሰርሑ ትደልዩ፡ ስለምንታይ፡
3. ጽሬት እትብል መዝሙር ትዝምሩ።



ብርሃነን ሃይለን ዝበሃሉ ክልተ ጐረባብቲ ኣዕሩኽ ነበሩ። እዞም ክልተ ኣዕሩኽ፡ ኣዚዮም ይፋተዉ ነበሩ። ኣብ ማእከል ዓዶም ቤት ትምህርቲ ነይርዎም። እታ ቤት-ትምህርቲ፡ ቤት ትምህርቲ ሓርነት ትበሃል። ብርሃነን ሃይለን ትምህርቲ ክጅምሩ ዕድሚኦም እኹል ነበረ። ከምቲ ልሙድ፡ ክረምቲ ምስ ሓለፈ ኣብ ወርሒ መስከረም ቤት-ትምህርቲ ተኸፊቱ። ስደራ-ቤት ብርሃነ ንወዶም ናብ ቤት ትምህርቲ ኣእትዮሞ። ሃይለ ግን ካብቲ ዝፈትዎ ዓርኩ ተፈልዩ፡ ኣብ ጉስነት ኣጣሉ ተዋፈረ። ኣብዚ ግዜዚ፡ ብርሃነን ሃይለን መዋዕሎኦም ተፈላልዩ። እቲ ሓደ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ ብዙሓት ቈልዑን መማህራንን ክውዕል ከሎ እቲ ሓደ ከኣ ኣብ በረኻ ምስ ኣጣሉን ጓሶትን ይውዕል፡ ክራኸቡ ኣይከኣሉን። ምሸት ከካብ ዝወዓልዎ ምስ ኣ ተዉ፡ ከዕልሉ እኳ እንተደለዩ፡ ደኺሞም ስለ ዝውዕሉ ብዙሕ ከየዕለሉ ይፈላለዩ።

ትምህርቲ ኣብ ዘይብሉ ግዜ ግን ማለት ኣብ ቀዳመ-ሰንበት፡ ብርሃነ ማህደሩ ሒዙ ምስ ሃይለ ኣብ ኣጣል ይወፍር ነበረ። እዞም ክልተ ኣዕሩኽ፡ ኣጣሎም ጸጊበን ማይ ሰትየን ኣብ ጽላል ኣብ ዘዕርፉሉ ግዜ፡ ንሳቶም

ከኣ ኣብ እግሪ ጽላል ኮፍ ኢሎም የዕልሉ። ሕጂ ግን ዕላሎም ከምቲ ናይ ቀደሞም ኣይኮነን። ብርሃነ ጥራዙ ገንጺሉ ከጽንዕ ክደሊ ከሎ፣ ሃይለ ከኣ ከምቲ ናይ ቀደሞም ዕላላትን ጸወታታትን ጓሶት ይደሊ ስለ ዝነበረ፣ ከሳንዩ ኣይከኣሉን። ድሕሪ ገለ እዋን ብርሃነ ንሃይለ፣ "ስማዕንዶ ሃይለ፣ ንሸኻ ትምህርቲ ዘይትጅምር፣ ትምህርቲ ጽቡቕ እዩ። ብዙሕ ነገራት ክትፈልጥ ትኽእል። ኣብ ኣጣል ጥራይ ምውዓል ግን ዋላ ሓንቲ ከፍልጠካ ኣይክእልን እዩ።" እናበለ ብዛዕባ ትምህርቲ ተዛረቦ። ሃይለ ከኣ "ክላእ ግደፈኒ በጃኻ፣ እንታይ ዝዓብስ ትምህርቲ እዩ። መን ኮፍ ኢሉ ክውዕሎ እዩ። ኣብ በረኻ ዓደይ ዳዕሮይን ሳግላይን እናበላዕኩ ዘይዕንድር" ኢሉ መለሰሉ።

ብርሃነ ትቕብል ኣቢሉ፣ "መምህርና ብዙሕ ነገራት እየን ምሂረናና። ብዛዕባ ሃገርና ገሊጸናልና። መዝሙር ኣጽሒፈን ከኣ ኣዘሚረናና። ቀጽሪ ንመሃር፣ ንድምር፣ ንመቕል፣ ነጕድል፣ ነርብሕ ኩሉ ግዜ ሕጉሳት፣ ኢና" በሎ።

ሃይለ ፈጺሙ ኣይተረደኣን፣ "ግደፈኒ በጃኻ ሃገርና ትብለኒ ዓድናዶ ጠፊኡኒ ኢለካ፣ መዝሙር ከኣ ክንደርፍዶ ንውዕል ኣየለናን።" ኢሉ ደጊሙ ነጸጎ።

ብርሃነ፣ ጌና ኣይተሓለለን። "በል ስማዕ ሃይለ ትፈልጥ እንተኾንካ ኣጣልካ ክንደይ እየን:" ኢሉ ሓተቶ። ሃይለ ከኣ "ኣጣለይ ደኣ፣ ጠቕር፣ ፈገስ፣ ጠስሞ፣ ቀይሑ..." ኢሉ ክጽውዕ ምስ ጀመረ፣ ብርሃነ ፍሽኽ እናበለ "እዚ ደኣ ቀጽረን ኣይኮነን ኣስማተን እዩ" በሎ። ሃይለ ነዚ ምስ ሰመዐ ዝን ኢሉ ስቕ በለ።



ብርሃነ፡ ሓንሳብ ስቕ ድሕሪ ምባል፡ “ሃይለ ዓርከይ፡ ዝን ኣይትበል ንዓ ቑጽረን ክነግረካ እየ። ኣጣልካ ዓሰርተ እየን። ንዓ ንቑጸረን” ኢሉ ከኣ በብሓደ ኣቑጸሮ። ኣብ ወረቐትን ኣብቲ ዝጻወትሉ ሑጻን እናጸሓፈ ከኣ ቑጽርን ፊደላትን ከለማምዶ ጀመረ። ሃይለ ብዙሕ ክሓስብ ጀመረ። በቲ ብርሃነ ዓርኩ ዝመዓዶን ዝመሃሮን ከኣ ብዙሕ ተሓጎሰ። ትምህርቲ ክጅምር ከኣ ወሰነ።



እዋን ዕራርቦ ኰይኑ ኣጣሎም ንገዛ ገጸን ኣምሪሐን። ተመራሪሑም ከኣ ነንገዛኦም ኣተዉ። ኣብ ግዜ ድራር ሃይለ ነቡኡ እናጠመተ ክዛረቦ ደለየ፡ ስለ ዝፈርሐ ከኣ ስቕ በለ። ኣብ መወዳእታ ግን ትብዕ ኢሉ "ኣቦ፡ ኣነ ካብ ሎሚ ንድሓር ክመሃር እየ። ብዓል ብርሃነ ይመሃሩ ኣለዉ። ብዙሕ ነገራት ከኣ ፈሊጠም። ኣነ ግን ዋላሓንቲ ኣይፈልጥን እየ። ቀጽሪ ኣጣልና እንተሓተተኒ ኣስማተን ነጊረዮ። ድሓር ንሱ በበሓደ ቁጺሩ ቀጽረን ኣፍሊጡኒ" ኢሉ ገለጸሉ። ኣቡኡ ጽን ኢሉ ክሰምየ ጸኒሑ ህድእ ኢሉ፡ "ድሓን ሃይለ ወደይ ከተርክበሉ ኢኻ" በሎ።

ሃይለ፡ በታ ኣቡኡ ዝበሎ ኣይተሓጎሰን፡ በቲ ብርሃነ ዓርኩ ዝበሎን ዝመዓዶን ስለ ዝተመሰጠ፡ ክበኪ እናደለየ፡ ትርር ኢሉ፡ "ኣቦ፡ ኣነ ክመሃር እየ ዝደሊ" በሎ። ኣቡኡ ከኣ ወዱ ብርቱዕ ህርፋን ትምህርቲ ከምዝሓደሮ እኳ እንተተረደኦ፡ ከምቲ ሃይለ ዝጽበዮ ዝነበረ ሕራይ ሃይለ ወደይ ክትጅምር ኢኻ ኣይበሎን። ሓንሳብ ስቕ ድሕሪ ምባል፡ "ሃይለ ወደይ፡ ምምሃር ጽቡቕ ምኻኑ እፈልጥ እየ። እቲ ዝዓበየ ጸገምና እዘን ኣጣልና እየን። ንሸኻ ንቤት-ትምህርቲ እንተ ኼድካ ኣነ ኣብ ኣጣል ክውዕል እየ። እቲ ግራውትና መን ክሓርሶ፡ እቲ ጻህያይከ መን ክጽህዮ፡ ኣደኻ ከኣ ንበይና ትገብሮ ነገር የለን። እዚ ኩሉ እንተ ዘይገበርና ከኣ ንምገቦ መግቢ ኣይክንረክብን ኢና። ሕጂ ነዘን ኣጣል ጓሳ ክሳብ ንረኽበለን ጥራይ ሓግዘና እምበር ንዓመታ ክትጅምር ኢኻ" በሎ።

ሃይለ ነዚ ምስ ሰመዐ ኣይተሓጐሰን። ንሱ ዝደልዮ ዝነበረ ብቕጽበት ምስ ብርሃነ ዓርኩ ከይዱ ክመሃር እዩ። ንኣቡኡ ከኣ ኣትሪሩ ተኸራኸሮ ። ኣቡኡ ከኣ ብጸገሙ እምበር ወዱ ክመሃር ድሌት ስለ ዘሕደረ፡ "ሃይለ ወደይ በል ካብ በልካስ ድሓን ጽባሕ ናብ ቤት ትምህርቲ ክወስደካ እየ" በሎ። ሃይለ ኣዚዩ

ተሓጐሰ። ምስ ብርሃነ ዓርኩ ከይዱ ከኣ ትምህርቲ ጀመረ። ሓያል ድሌት ትምህርቲ ስለ ዘሕደረ፡ ለይትን መዓልትን ክጽዕር ጀመረ። ዝጸዓረ ጻማኡ ስለ ዘይስእን ከኣ ኣብ ሓጺር ግዜ ንፉዕ ተማሃራይ ኮይኑ ኣብ ሓደ ዓመት ክልተ ክፍሊ ነጢሩ ንብርሃነ ዓርኩ ኣርከቦ።

ኣብዚ ግዜዚ እቲ ኣብ መጀመርታ እዋን ዝፈላልዮም ዝነበራ ዕላል ተማሃርይን ጓሳን ጠፊኡ። ክልቲኣም ናብ ቤት ትምህርቲ ይኸዱ፡ መጻሕፍቶም የንብቡን ይተሓታተቱን። ናይ ሓባር ዕላልን ቋንቋ ቤት ትምህርትን ረኺቦም ከኣ እናተሓጋገዙ ትምህርቶም ቀጸሉ።



ብርሃነን ሃይለን ብትምህርቶም እናለዓሉ ምስ ቀጸሉ በበይኑ ዓይነት ትምህርቲ ክመሃሩ ጀሚሮም። ብርሃነ ብዛዕባ ትምህርቲ ቍጽርን ስርዓተ-ባንክን ኣጽኒዑ። ሃይለ ከኣ ትምህርቲ ሕክምና ስለ ዝመረጸ፡ ብሕክምና ቀጺሉ ዶክተር ኮይኑ። እዞም ክልተ ኣዕሩኽ እምበኣር በበቲ ዝመረጽዎን ዝተማሃርዎን ሞያታት ንነብሶም ኮይኖም ብዝለዓለ ደረጃ ከኣ ንህዝቦም የገልግሉ ኣለዉ።

ሃይለ ንብርሃነ ዓርኩ ክሳብ ሎሚ ኢዩ ዝፈትዎ። ምኽንያቱ ከኣ እታ ኣጣል እናጓሰዩ ከለዉ ዝመዓዶን ዝመሃሮን ፈጺሙ ኣይርስዓን እዩ። ብርሃነ እውን ንሃይለ ዓርኩ ክሳብ ሕጂ ኣዚዩ እዩ ዝፈትዎ። ምኽንያቱ ከኣ ነቲ ዝሃቦ ምኽርን ሓበሬታን ሰሚዑ ትምህርቲ ስለ ዝጀመረሞ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ ስለዝበጽሑ ኣዚዩ ደስ ይብሎ።

ስድራቤቶም ነቲ ናይ ቀደም ዕርክነቶም እናዘከሩ የዕልሉ። “ሃይለን ብርሃነን እኮ ከምዚ እዮም ነይሮም። ከምዚ ይገብሩ ነይሮም። ከምዚ ይብሉ ነይሮም።” እናበሉ ብፍላይ ከኣ ኣደታቶም ቡን እናሰተያ ክዝክረኦም ይውዕላ። ኣብ መንጎ ዕላለን ከኣ “እዞም ደቕና ሳላ ዝጸዓሩ ተኻሒሶም። ጻማኦም ረኺቦም። ንሕና ከኣ ብሓቂ ፍረ-ጻማና ረኺብና” እናበላ የመስግና።

ንሳቶም ከኣ ሓደ ሓደ ግዜ ከካብቲ ዝሰርሕሉ ቦታ፣ ወለዶም ክርእዩ ምስ መጽኡ ይራኸቡ። ከዕልሉ ከለዉ ከኣ ነቲ ቀደም ዘሕለፍዎ ናብራ መጓሰ እናዘከሩ፣ ነቲ ዝውዕሉሉ ዝነበሩ በረኻታት ዓዶም ኣማዕድዮም እናረኣዩ ዝኽሮም የሐድሱ። ሓደ ሓደ ግዜ ከኣ ናብቲ ቀረባ ቦታታት እናተዛወሩ ዘዝገበርዎን ዝበልዎን እናዘከሩ ይስሕቁን ይዘናግዉን።





እቶም ቀደም ምስኣቶም ዝንስዩ ዝነበሩ መሳቱኣም፡ ገሊኦም ሓረስቶት፡ ገሊኦም ከኣ ነጋዶ፡ ኰይኖም ኣብታ ዝተወለዱላ ዓዶም ስለ ዝጸንሕዎም ከኣ እቲኣቶም ናይ ዓዲ እቲኣቶም ከኣ ናይ ከተማን ዘለዎም ዓይነት ስራሕን ይዘራረቡ። ሓቢሮም ከኣ ብዛዕባ ዓዶምን ሃገሮምን ይዝትዩ። በብሞያኣም ከኣ ናብራኣም የካይዱ።

መላመዲ

ሀ. ብመሰረት እዚ ንባብ ነዞም ቀጺሎም ዘለዉ ቃላት ትርጉም ሃብዎም።

ማህደር
ምስናይ
ምንጻግ
ምሕላል
ምምሳጥ

ለ. ብናታትኩም ትርጉምን ትንታነን ነዞም ቃላት ኣብ ምሉእ ሓሳባት ሸኹዕዎም።

ዝን ፡ ጽን ፡ ሞያ ፡ ህድእ ፡ ዕራርቦ ፡ ህርፋን

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብመሰረት እቲ ንባብ መልሱ።

1. ብርሃነን ሃይለን ኣዕሩኽ እዮም፡ ኣብ መንነኣም እንታይ ፍልልይ ነይሩ፤
2. እቶም ኣርባዕተ ተግባራት ቀጽሪ እንታይ እንታይ እዮም፤
3. ኣብቲ መጀመርታ እዋናት ዕላላት ብርሃነን ሃይለን በበይኑ ነይሩ፡ ስለምንታይ ይመስለኩም፤
4. ሃይለ ስለምንታይ ትምህርቲ ክጅምር ወሲኑ፤
5. ኣብ መወዳእታ ሃይለን ብርሃነን ከመይ ኢሎም ናይ ሓባር ዕላል ከዕልሉ ክኢሎም፤
6. ሕጂኸ ብርሃነን ሃይለን ተማሃራይን ጓሳን ዲዮም ዘለዉ፡ ስለምንታይ፤
7. ሕጂ ደኣ ነዛ ጽሕፍቲ እንታይ ኣርእስቲ ምሃብኩማ፤

መ. እስኪ ንሸኻትኩም እትፈልጥዎ ዝኾነ ካልእ ናይ ክልተ ኣዕሩኽ ዛንታ ንገሩና።

ረ. ተማሂርኩም እንታይ ክትኮኑ ከምትደልዩ ጽሓፉ፡ በቲ ክትኮንዎ ትደልዩ ሞያ ከኣ ተዘራረቡ።

ሰ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣንጻር ቃላት ርኸቡሎም።

ምፍታው	ክረምቲ
ስኒት	ሕጉስ
ምንጻግ	ዕራርቦ
ጻዕሪ	ፍልጠት

ምዕራፍ 3
ሓሳኹ እንታይ ይምገቡ

ዝድለብ ብቕዓት

1,ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ ፡

- ንዝንበበልኩም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ናይ ቃላት ፍልጠኩም ክብ ብምባል ካብታ ዛንታ ዝተዋጽአ ሓደስቲ ቃላት ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።
- ካብዛ ዘንበብዋ ወይ ዝሰምዕዋ ዛንታ ዝተዋጽኡ ሕቶታት ብገለጽቲ ቃላት ትምልሱ።
- ኣብ ምሉእ ሓሳባት ስርዓተ ነጥቢ የንብሩ።
- ቃላት ፊደላትን ብቅኑዕ ኣጸሓሕፋኦምን ቅርጸምን ትጽሕፉ።
- ትዕዝብትን ፈተነታትን ምክያድ ፍልጠትካን ክእለትካን ኣተሓሳስባኻን ከም ዘዕቢ ትገልጹ።

መእተዊ ሕቶታት፡

1.ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ እንስሳታት ትዕዘብዎምዶ፡
2. ሓሳኹ እንታይ እዮም፡
3. ብኽመይ ይንቀሳቐሱ፡
4. እንስሳታት እብል መዝሙር ትዝምሩ።

ሓደ ምሸት፡ ሳልሕ ኣብ ከባቢ ገዝኡ ኮፍ ኢሉ ናብቲ ማዕዶኡ ዝነበረ ሳዕሪ ይጥምት ነበረ። ሓደ ዘገርሞ ነገር ከኣ ተዓዘበ። ኣብቲ ከባቢ ማሕ ማሕ ዝብል መብራህቲ ረኣየ። “እዚኣተን ደኣ እንታይ እየን: ኢሉ ከኣ ናብ ፋጥና ከይዱ ብዛዕባቲ ዝረኣዮ ነገራ። ንሳ ከኣ እዚኣተን ደኣ ሓዊ ለይቶ እየን በለቶ።

ሳልሕ ከኣ “እሞ ገለ ካብኣተን ክሕዝ ደኣ ዘይትሕግዝኒ” በላ። ፋጥና “ሕራይ” ኢላ ሓደ ገፈሕ ጥርሙስ ሒዛ፡ ምስ ሳልሕ ከደት። ተሓጋጊዞም ከኣ ብዙሓት ሓዊ ለይቶ ሒዞም ኣብቲ ጥርሙስ ገይሮም ንገዝኦም ተመለሱ። ፋጥና፡ “ጽባሕ ንቤት ትምህርቲ ሒዝናዮም ኻኺድ። ንደቂ ቤት ትምህርትና ከነርእዮም ኢና” በለት።



ነተን ዝኣከብወን ሓዊ ለይቶ ኣተኵሮም ተዓዘብወን። መጻሕፍቲ ገንጺሎም ብዛዕበኣን ኣንበቡ። ሕቶታት እናሓተቱ ከኣ ብዙሕ ነገራት ተማሃሩ።

“ሓዊ ለይቶ ሓሸኻ እያ።” በለት ፋጥና፡ “ምኽንያቱ ከኣ ሽዱሽተ መሓውር ኣለዋ።” ሳልሕ ከኣ ብወገኑ: ሓዊ ለይቶ ክልተ ጽምዲ መንገብገብ ከምዘለዋ ተዓዘበ። “እቲ ሓደ ጽምዲ ተሪር እዩ። ነቲ ሓደ ጽምዲ ከኣ ሸፈንዎ ይርከብ” በለ።

ፋጥና ብሓደ ነገር ኣዚያ ተገረመት። እቲ ዘገረማ ከኣ እታ ንእሽቶ ሓዊ ለይቶ ከምታ እኽልቲ ሓዊ ለይቶ ዘይምኻና እዩ። እታ ንእሽቶ ሓዊ ለይቶ ኣብ መሬት ትነብር። በብቑሩብ ከኣ ናብ እኽልቲ ሓዊ ለይቶ ትምዕብል። ሓዊ ለይቶ፡ ኩሉ ግዜ ብርሃን ኣይህባን እየን። ኣብ ፍሉይ ኩነታት መጻምድተን ንምርካብ ብርሃን ይገብራ።

ፋጥናን ሳልሕን ነተን ዝኣከብወን ሓዊ ለይቶ ኣብ ጥርሙስ ረሲያመን ክጻወቱ ምስ ከዱ፡ ከይዘከሩወን ሓዲሮም ንጽባሒቱ ሳልሕ ዘኪሩወን እናጐየየ ከይዱ ነቲ ጥርሙስ ከፊቱ እንተረኣየ፡ እተን ሓዊ ለይቶ ሞይተን ጸንሐኦ።

ፋጥናን ሳልሕን ብዙሕ ሓሰቡ። “እኹል ኣየር ይረኽባ ነይረን። ማይን መግብን ግን ኣይሃብናየንን” ከኣ በሉ። ፋጥና ኣስሚባ “ብዛዕባ ሓዊ ለይቶ ብዙሕ ነገር ተማሂርና ኣለና። እንታይ ከምዝምገባ ግን ኣይፈለጥናን” በለት። ካብዚ ተበጊሶም ከኣ ብዛዕባ ሓዊ ለይቶ ይሹና ካልኦት ሓሳኹ ከጽንዑን ክመራመሩን ጀመሩ።



ፋጥናን ሳልሕን፡ ቅድሚ ሓሳኹ ምእካቦም እቶም ሓሳኹ እንታይ ከምዝምገቡ ክፈልጡ ከምዘለዎም

ወሰኑ። ዝተፈላለዩ ሓሳኹ እንታይ ከምዝምገቡ ከኣ ትዕዝብትታት ኣካየዱ።

ገሊኦም ሓሳኹ ካብ ዕንባባታት ምጸምጸ ይምገቡ። ገሊኦም ከኣ ነቲ ዝለምለመ ኣቑጽልቲ ይምገቡ። ገለ ሓሳኹ ከኣ ኣብ ሓመድ ተቐቢሮም ሰራውር ናይ ኣታኽልቲ ይበልዑ።

ካልኦት ፍልይ ዝበሉ ሓሳኹ ከኣ ኻካብኣቶም ዝነኣሱ ሓሳኹ ዝምገቡ ኣለዉ። እዚኣቶም ናይ ምህዳንን ምሓዝን ክእለት ኣለዎም። ካብዚ ከኣ ፋጥናን ሳልሕን ሓሳኹ ሓደ ዓይነት መግቢ ከምዘይምገቡ ተማሃሩ።

ፋጥናን ሳልሕን፣ ነዚ መጽናዕቲዚ ምስ ገበሩ፣ ሓንቲ ሓሳኹ ዝእክቡላ ሰፊር ሰሪሑም ኣብታ ዘዳለዉዋ ባኮ ዕንጭራር ኣቐመጡ። ዕንጭራር እንታይ ከምዝምገቡ ንምፍላጥ ከኣ ፈተነታት ከካይዱ ጀመሩ።

ፋጥናን ሳልሕን፣ ነተን ዕንጭራር ዝኾነ ነገር ከይሃብወን ስቕ ኢሎም ይርእይወን ነበሩ። ድሓር ግን ሳልሕ ኮሚደረ ኣምጸአ። ፋጥና ከኣ ንእሽቶ ስጋ፣ሳዕሪ፣ ርፍታት ቅጫ ኣምጸአት። ነዚ ዝኣከብዎ ነገራት ናብቲ ዕንጭራር ዝነበረኡ ኣእተውዎ። ኮፍ ኢሎም ከኣ ነተን ዕንጭራር ክዕዘብወን ጀመሩ።

እተን ዕንጭራር፣ ነታ ንእሽቶ ቀሪጽ ስጋ ገዲፈን ነቲ ርፍታት ቅጫ፣ ሳዕርን ኮሚደረን ክበልዐኡ ረኣዩሞ ዕንጭራር እንታይ ከምዝምገባ ኣረጋገጹ።

ፋጥናን ሳልሕን፣ ኣብ ዝኸድዎ ንኸባቢኣም ይዕዘቡ። ከረጋግጽዎ ንዝደለዩ ነገራት ከኣ ፈተነታት እናካየዱ የረጋግጹ።

ንሸኻትኩምከ ፈተነታት ተካይዱዶ፧

መላመዲ

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ሓሸኻ ዝበሃል ከመይ ዝበለ ፍጥረት ኢዩ፧
2. እኹልን ንእሽቶን ሓዊ ለይቶ ብምንታይ ይፈላለዩ፧
3. እተን ሳልሕን ፋጥናን ኣብ ጥርሙስ ዝኣከብወን ሓዊ ለይቶ እንታይ ኮይነን መይተን፧
4. ሳልሕን ፋጥናን ሓሳኹ ሓደ ዓይነት መግቢ ከምዘይምገቡ ብኸመይ ኣረጋጊጸም፧
5. እስከ ንሸኻትኩም ከኣ ብፈተነ ዝረጋገጽ ነገር ረኺብኩም ፈቲንኩም ኣረጋግጹ።

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብ ባዶ ቦታ ምልኡ።

ሓዊ ለይቶ መሓውር እኽልቲ ምጸምጸ

1. ላም ኣርባዕተ ---------- ኣለዋ።
2. ንህቢ ---------- ምምጋብ ይፈቱ።
3. ---------- ብግዜ ጸልማት ኣካላተን ክበርህ ይረአ።

ሐ. ነዞም ቀጺሎም ዘለዉ ኣሪምኩም ጸሓፉ።

1. ትህበና ወርሒ ብርሃን ብግዜ ጸልማት።
2. ሓሳኹ ኣለዎም መሓውር ሽዑሽተ።
3. እንስሳታት ማይን የድልዮም መግብን ንኽነብሩ።
4. የስፍሕ ኣተሓሳስባኻ ምርምርን ፈተነታትን ምክያድ።

5. እዞም ክልተ ተመሃሮ ዕንጭራር መግበን ብኽመይ ፈሊጦም።

መ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብ ምሉእ ሓሳብ ሸኸዕዎም።

1. ማዕዶ 2. ምግራም 3. ምዕዛብ
4. ምትኳር 5. ምርምር

ረ. ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት፡ ግቡእ ስርዓተ ነጥቢ ኣንብረሎም።

1. ኣነ ተማሃሪት እየ
2. ክንደይ ጥራዛት ኣለካ
3. ኣብ ገዛና ሽሓኒ ጀበና ማርቴሎ መሶብ ይርከብ
4. ኣብ ጥቓኻ ኮፍ ኢሉ ዘሎ መን ኢዩ
5. ሰናይት ብቀጽሪ ንፍዕቲ ኢያ
6. ዓሊ ንሰለሙን ምስ ረኣዮ ዕዮ ገዛ ሰሪሕካዮዶ ኢልዎ
7. ኣብ ቴሌቪዥን ኣንበሳ ዘርእስታ ፊልም ርኢና

ምዕራፍ 4
በሺር ምስ ስድራቤቱ

ዝድለብ ብቕዓት

ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፡

- **ንዝንበበልኩም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።**
- **ብኣኡም ምሉእ ሓሳባት ትሰርሑን ሓደስቲ ቃላት ትፈልቱን ትትርጉሙን።**
- **በላሕትን ጻዕረኛታትን ሰባት ኩሉግዜ ረጊኡም ስለ ዝሰርሑን ዝሓስቡን ዕውታት ከም ዝኾኑ ትገልጹ።**

መእተዊ ሕቶታት፡

1. **ኣብ ገዛኹም ክንደይ ኣሕዋትን ኣሓትን ኣለኹም፡**
2. **ወለዲ ጥራውዝትኹም ይርእይዎ፡**
3. **ካብ ኩሉኹም ኣሓትን ኣሕዋትን ብትምህርቲ ዝነፍዐ መን እዩ፡**
4. **ወለድና እትብል መዝሙር ትዝምሩ።**



በሺር ሓሙሽተ ደቂ ኣለዉዎ። ንሳቶም ከኣ ሓሊማ፡ ሳልሕ፡ ዓብደላ፡ ዛህራ፡ ሱሌማን ይበሃሉ። ኣዲኦም ዘይነብ ትበሃል። በሺር ንደቁ ኣዚዩ እዩ ዝፈትዎም። ንሳቶም ከኣ ነቦኦም ኣዚዮም የፍቅርዎን የኽብርዎን። ምስ ኣዲኦም ዘለዎም ፍቕርን ምትሕልላይን ከኣ ደስ ዘብል እዩ። ኣብ እዋን ስራሕ፡ ይተሓጋገዙ። ስራሕ ምስ ወድኡ ከኣ ምስ ኣቦኦምን ኣዲኦምን የዕልሉ። ኣብ ግዜ ዕላሎም ዝተፈላለዩ ዛንታታት ይነጋገሩ። ኣ ቦኦም ብዛዕባ ስራሕን ኣብ ግዜኦም ዝነበረ ኵነታትን ብዛዕባ ሃገሮምን ክገብርዎ ዝግባእን ይነግሮም። ደቁ ብወገኖም ብዛዕባቲ ክመሃርዎ ዝወዓሉን መምህሮም ዝነገሮም ዛንታታትን በብተራ ይነግርዎ። ከምዚ እናበሉ ከኣ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም ብሓጎስ የሕልፍዎ።

ሓደ መዓልቲ በሺር ናብ ስራሕ፡ እቶም ደቁ ከኣ ነናብ ቤት-ትምህርቶም ክኸዱ ከለዉ፡ በሽር ንደቁ ሓደ

ነገር ክገብረሎም ተመባጸዐ። እቲ መብጽዓ ትምህርቲ ንዝነፍዐ፣ ሓደ ህያብ ንምሃብ እዩ። ኣዲኦም ከኣ “ሃየ በሉ፣ ኣይትሕመቹ ህያብ መን ወሰደ ኣበርቲዕኩም ጸዓሩ” ኢላ ኣፋነወቶም።

በሺር ከምቲ ዝበሎ፣ ምሸት እቲ ንህያብ ዝኸውን ገዚኡ ኣብ ወረቐት ጠቐሊሉ ኣተወ። ዘይነብ ከኣ ገዝኣ ኣጸራርያ፣ ድራር ሰሪሓ፣ ስፈ ክትሰፈ ጸንሓቶ። ግዜ ድራር ስለ ዝኣኽለ፣ ኩሎም ተኣኻኺቦም መኣዲ ተቐሪቦም ተደረሩ። ከም ልማዶም ከኣ ዕላሎም ጀመሩ። በብተራ ከኣ ነናቶም ዛንታ ነገሩ። ቅድሚ ናብ ድቃስ ምኻዶም ከኣ በሽር ነታ ጠቐሊሉ ዘምጸኣ ነገር ኣብ ቅድሚ ደቁ ኣቐመጣ። ኩሎም “እንታይ ኮን ትኸውን:” ኢሎም ተጨነቐ። ሱሌማን እቲ ዝነኣሰ ወዱ እዩ። ካብ ኩሎም ከኣ ነታ ነገር ንምፍላጥ ተሃንጠየ። “ኣቦ ኣርእየኒ” እናበለ ሃወኾ። በሺር ግን ከርእዮ ፍቓደኛ ኣይነበረን።

ኣብ መወዳእታ፣ ዓቐሉ ምስ ኣጽበበሉ፣ “ሱሌማን ወደይ፣ እዛ ኣምጺኣያ ዘለኹ ህያብ ንዓኻትኩም እያ። ቅድሚ ምቐላዓ ግን ሓንቲ ሕቶ ክሓተኩም እየ። ጽባሕ ንግሆ ነዛ ሕቶ ዝመለሳ ከኣ ነዛ ህያብ ይወስዳ” በሎም። “ሕራይ ሕራይ ኣቦ” ኢሎም ከኣ ነታ ኣቦኣም ዝሓቶም ሕቶ ክሰምዑ ብሃንቀውታ ተጸበዩ። እቲ ንእሽቶ ሕጂውን “ኣቦ ቀልጥፍ፣ ሕተተና” እናበለ ሃወኾ። በሽር: “ሕራይ ክሓተኩም እየ እዞም ደቀይ በሉ ተቐረቡ” በሎም። ንሳቶም ከኣ ጸጥ ኢሎም ብስነ-ስርዓት ኣእዛኖም ጸልዮም ተጸበዩ።

“በሉ እታ ሕቶ ሕጂ ንሕጂ ተሃዊክካ ትምለስ ኣይኮነትን። ሎሚ ለይቲ ክትሓስቡላ ኢኹም። ጽባሕ ንግሆ ከኣ መመልሰኹም ሃሰስ ትብሉ። ተጠንቂቕኩም ሕሰቡን ኣስተውዕሉን” ኢሉ ሓበሮም።

“እምበኣር ሕጂ እዛ ገዛና ብሓደ ነገር ክትመልእ ደልየያ ኣለኹ። ስለዚ ነፍሲ-ወከፍኩም ነዛ ገዛና ንብምልእታ ብሓንሳብ ክመልኣ ዝኽእል ነገር ድለዩ” በሎም። ደቂ በሽር፡ በቲ ኣቦኣም ዘቕረበሎም ሕቶ ኣዚዮም ተገረሙ። “ንገዛና ብሓንሳብ ክመልእ ዝኽእል ደኣ እንታይ ኣሎ፧” ኢሎም በብውሽጦም ብዙሕ ክሓስቡ ጀመሩ። በቲ ሕቶ ክይተሰናበዱ ከኣ መልሲ ክረኽቡ ተዋፈሩ።

ገሊኦም ጨራሩ ናብ ዝርከባሉ ቦታ ገጹም ከዱ። ገሊኦም ከኣ ናብ ዓውድታት ገጾም ኣምርሑ። ገሊኦም ከኣ ንዕዳጋ ወረዱ። ብመጀመርታ፡ ሱሌማን ካሻ መሊኡ ክንቲት ኣዕዋፍ ኣምጸአ። ምስ ኣ ቦኡ ተተሓሒዞም ናብቲ ገዛ ኣትዮም በተንዎ። እቲ ገዛ ግን ከምቲ ኣቦኣም ዝሓሰቦ ኣይመለአን። ሱሌማን ነታ ሕቶ ከምዘይረኸባ ከኣ ነገሮ። ሳልሕ ከኣ ብነጸላ መሊኡ ሓሰር ኣምጸአ። ኣብ ውሽጢ ገዛ ምስ በተኖ ነቲ ገዛ ክመልኦ ኣይከኣለን። ንሱ እውን ኣይረኸባን። ሓሊማ ብወገና፡ ሰንኬሎ ማይ ኣምጺኣ ረብረበትሉ። እዚውን ነቲ ገዛ ኣይመለኦን። ዛህራ እንጣጢዕ ኣምጺኣ ቁልያ እናነጠረ ክመልኣላ ፈተነት። እንተኾነ ኣይረኸበታን። ኣብ መወዳእታ፡ ዓብደላ ሽምዓን ክርቢትን ሒዙ መጸአ። ኣብ ጣውላ ገይሩ ከኣ ወለዓ። እታ ገዛ ብምልእታ ብርሃን ኮነት። ኩሎም እቶም ኣሕዋት ተሓጉሶም ፍሸኽ በሉ። ብሓሳባት ዓብደላ ሓዎም ከኣ ተገረሙ።

በሺር፡ ብብልሓት ዓብደላ ወዱ ኣዚዩ ተሓጐሰ። ኻኹሎም ከኣ ከምዚ በሎም። “በሉ፡ እዞም ደቀይ፡ ኩሉኹም ከከም ክእለትኩም ፈቲንኩም። ጽቡቕ ኢዩ። ካብ ኩላትኩም ግን ዓብደላ ረኺብዋ” በሎም። ንዓብደላ እናሰዓሙ ከኣ ሓጎሶም ገለጽሉ። ኣዲኡም ነቲ ዝገብርዎ ዝነበሩ እናተዓዘበት ንሳውን “በሺር

ዝጽበዮም ዘሎ እንታይ ኮን ይኸውን:” እናበለት ኣብ ሓሳባት ኣትያ ትከታተሎም ነበረት። “ዓብደላ ረኺብዋ” ምስ ተባህለ ከኣ ንሳውን በቲ ዓብደላ ዝገበሮ ብልሓት ኣዚያ ተሓጐሰት።



በሺርን ዘይነብን በቲ ኣብ መንጎ ደቆም ዝረኣይዎ ፍቕሪ ኣዚዮም ተሓጐሱ። በሽር ነታ ጠቕሊሉዋ ዝነበረ ህያብ ኣምጺኡ ንዓብደላ ሃቦ። ዓብደላ ነታ ዝተዋህበቶ ጥቕላል ነቲ መሸፈኒኣ ቀሊጡ ረኣያ። ኣብ ውሽጣ ዝተፈላለዩ ህያባት ጸንሕዎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከኣ ጽሑፍ ነይርዎ። ካብ ኩለን እታ ዝበለጸት፣ ታሪኽ ኤርትራ ትብል መጽሓፍ ነበረት። ኣብ ልዕሊ ሊኣ ከኣ ነታ ሕቶ ዝመለሰ ዝብል ጽሑፍ ነበራ። እተን ዝተረፋ ኣርባዕተ ብርዕታት ከኣ ነቶም ዝተረፉ ዝብል ጽሑፍ ጸንሐም።

ዓብደላ ነዚ ምስ ረኣየ፣ ኣዚዩ ተሓጐሰ። ኣቦኣም ክዕድሎም ከኣ ነቡኡ ሃቦ። በሽር ብስነ-ስርዓት ደቂ መሊሱ እናተሓጐሰ፣ ንዓብደላ ነታ ትግብኣ ሂቡ፣ ነተን ብርዕታት ከኣ በብሓደ ዓደሎም። ብድሕርዚ ተተሓሒዞም ነናብ ቤት ትምህርቶም ከዱ።

ስለዚ ንዝተሓተትኩሞ ሕቶ ኣጸቢቕኩም ሕሰቡሉ። ከይተረደኣኩም፡ ሃንደፍ ኢልኩም ኣይትመልሱ። መስተውዓልትን መሃዝትን ኩኑ። ንዝኾነ ሕቶ ኣይንኽእሎን ኢና ብምባል ተስፋ ኣይትቑረጹ። ብብዙሕ መገድታት ፈትኑ። ንንፉዓት ብጸትኩምን ኣሕዋትኩምን ኣተባብዕዎም። ካብኣቶም ተማሃሩ። ፍረ ጻዕርኹም ክትረክቡ ኢኹም።

ቃላትን ተመሳሰልትን

1. ምህንጣይ	ምህዋክ
2. ምድናቕ	ምግራም
3. ተዋፈሩ	ከዱ፡ ፋሕ በሉ
4. ፍሽኽ	ፈገግ፡ ክምስ
5. ህያብ	ገጸ-በረከት
6. ሃንደፍ	ሃንደለቕ (ህውክ)
7. ምትብባዕ	ኣጆኹም ምባል፡ ሞራል ምሃብ
8. ጻዕሪ	ኣበርቲዕካ ምስራሕ

መላመዲ

ሀ. ነዛ ዘንበብኩማ ጽሕፍቲ መሰረት ብምግባር ቀጺሎም ንዘለዉ ባዶ ቦታታት ምልኡ።

1. ክትሕጐስ ከለኻ -------- ኢልካ ትስሕቕ።
2. ጽቡቕ ነገር እንተርኢኻ ወይ ሰሚዕካ፡ ቀልጢፍካ ንኽትፈልጦ ወይ ንኽትርእዮ ኣ ዚኻ ----------።
3. ሽግር ኣብ ዘጋጥመኩም ወይ ሓደ ሕቶ ምስ እትሕተቱ ዓቕልኹም ----------።
4. ኣብ ገዛ ይሸን ኣብ ደገ ---------- ምግባር መግለጺ ንፉዕ ተማሃራይ ኢዩ።

5. ንዝወሃበኩም መምርሕን መግለጽን---------
ኢልኩም ስምዑ።
6. ምድራ-ቤት ክሸኦስተር ከሎ ደሮና ከይገብር
ማይ ----------።
7. ንዝኾነ ነገር ቅድሚ ምፍታንኩም---------
ኢና ኢልኩም ተስፋ ኣይትቑረጹ።
8. ---------- ተማሃሮ መምህሮም ይፈትዎም።
9. ንንፉዓት ተማሃሮ ---------- መሊሱ
የበርትዖም እዩ።
10. ወለዲ ደቆም ክነፍዑ ከለዉ ኣዚዮም-----።

ለ. በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ስርሑ።

ፍሸኽ ፡ ህያብ ፡ ንፉዓት ፡ ጻዕሪ፡ ተሓጎሰ

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡ቀጺልኩም ብሕጡበ ጽሑፍ ኣወሃሂድኩም ጽሑፍኩም ኣቕርቡ።

ካልእ ነታ ገዛ ክመልኣ ዝኽእል እንታይ ክረኽቡ ምኽኣሉ ነይሮም ሕሰቡ። እቲ እቶም ካልኦት ዘምጽእዎ ስለምንታይ ነታ ገዛ ክመልኣ ዘይከኣለ፧ እቲ መብራህቲኽ ንኹላ እታ ገዛ መሊእዋዶ ይመስለኩም፧

መ. እተባህለ

ምዕራፍ 5
ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና

ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ምዕራፍዚ፤

- ንዝንበበልኩምም ብግጥሚ ዝተጻሕፈ ታሪኽ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓቶም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ግጥሚ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ናይ ተጸውዖ ስምን ናይ ሓባር ስምን ትፈልዩ፡
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡን ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሑንትፈልጡን ብኣኦም ምሉእ ሓሳባት ትሰርሑ።
- ምእንቲ ናጽነት ሃገርና ዝተኸፍለ ክቡር መስዋእቲ ትገልጹ።

መእተዊ ሕቶታት።-

1. ንስድራኹም ትፈዉዶ ስለምንታይ ንሃገርኩም ከ፤
2. ብረታዊ ቃልሲ መዓስ ተጀሚሩ፤
3. ኤርትራ ድሕሪ ክንደይ ዓመት ናጽነታ ረኺባ፤
4. መዓልቲ ናጽነት ዕለት ክንደይ ትበዓል፤
5. ሰማእታትና እትብል መዝሙር ትዝምሩ።

ንናይ ሓፋሽ ራህዋ ንነባሪ ሰላም
ኣብ ዓውደ ውግኣት ንጸላኢ ብምግጣም
መሰረት ዘንበሩ ንቐጻሊ ዕማም
ቐሲኖም ይንበሩ ብቐሳነት ብሰላም።

ኣብ ጎቦ ስንጭሮ ጎላጉል ተኸርባ
ኣብቲ ዕርድታቶም ዘይንቐነቐ እምባ
ህይወቶም ዝሃቡ ኣብ ጎልጎል ኣብ ኩርባ
ብደሞም ዘፍረዩ ቀያሕቲ ዕምባባ።

ኣብ ከተማ ገጠር ብስልኪ ዝተሓነቑ
ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ፍጹም ዝሓቖቑ
ብደብዳብ ነፈርቲ ዝተጨፋለቑ
በቲ ክቡር ደሞም ታሪኽ ዝነደቑ።

ኣብ መገዲ ስደት ብጥሜት ዝሞቱ
ገዝኦም ገዲፎም ዝተኸላበቱ
ዓዶም ዝገደፉ መስጊዱ ታቦቱ
ክጸሓፍ ኢዩ ታሪኾም ኣብ መዝገብ ክኣቱ።

ሓንሳብ ተበጊሶም ንድሕሪት ዘይበሉ
ተባዓት ሰብ መትከል ዘይዘናበሉ
ኣብ ልዕሊ ሬሳኦም ባንዴራ ዝተኸሉ
ዕዙዝ ኢዩ ሞያኦም ኣብነት ኾኑሉ።

ኣብ ማእቶት ንጡፋት ንቓልሲ ውፋያት
ኣንጻር ድንቕርና ብፊደል ዕጡቓት
ንሕናውን ንመሃር ብጻዕሪ ብትግሃት
ሕድሪ ከይንጠልም ናይ ብጾት ስዉኣት።

ትምህርቲ ንምስፋሕ ብዙሕ ዝደኸሙ
ዓወት ንሓፋሽ ኢሎም ብመስዋእቲ ዝቐደሙ
ኣስማቶም ኣብ ታሪኽ ብደም ዝቐለሙ
ኣይርስዑን ኢዮም ቅያ ዝፈጸሙ።

ክንዝክሮም ኢና ንምሉእ መዋእል
መዘከርታ ብጾት ሓወልቲ ክንተክል
ዓወት ንሓፍሽ ጭርሖና ነልዕል
ኣሰሮም ክንክተል ፈልሲ ንኽንተክል።

ክትፈልጥዎም ዝግበኣኩም ቃላት።

ቃላት	ተመሳሰልቶም
ዕማም	ስራሕ
ተኽርባ	እሸኽ
ምክልባት	ላዕልን ታሕትን ምባል
ዕዙዝ	ልዑል(ዓቢ)ብሉጽ
ሞያ	ክእለት፡ቁም ነገር
ዝቐለሙ	ዝጸሓፉ
ቅያ	ተኣምር/ጅግንነት
መዋእል	ዘመን(ዕድመ)ግዜ
ኣሰሮም	መገዶም
ፈልሲ	ሓድሽ ውልዶ ተኽሊ

መላመዲ
ብዛዕባ ትፈትውዎ ነገር ሓደ ግጥሚ ጽሓፉ።

ንመላመዲ
ሀ. ሓሳኹ ካብ እትብል ጽሕፍቲ ናይ ተጸውዖን ስምን ናይ ሓባር ስምን ፈሊኹም ኣውጽኡ

ለ. ካብዞም ዝስዕቡ ምሉኣት ሓሳባት ናይ ተጸውዖ ስምን ናይ ሓባር ስምን ፈሊኹም ኣውጽኡ

1. **ኣብ ናቕፋ ፡ብዙሓት ተጋደልቲ ኣለዉ።**
2. **ሃይለ ጨላይ ዝበሃል ብዕራይ ኣለዎ።**

3. መሓመድ ኣጣል፡ ኣባጊዕ ይጓሲ።
4. ሓምድን በየነን ሸቃሎ እዮም።
5. ኣስመራ ከተማ እያ።

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ናይ ተጸውዖ ኣስማት: ስም ሓባር ሃብዎም።

1, ሙሳ፡ ተወልደ፡ ማሕሙድ
2. ዛህራ፡ ኣዜብ፡ ፋጥና
3. ባጽዕ፡ ዓሰብ፡ ዙላ
4. ሰገነይቲ፡ ዓዲ ቀይሕ፡ ኣቑርደት
5. ጨላይ፡ ለሚን፡ ኩሑላ

ምዕራፍ 6
ጨውን ሰፍነግን

ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ ፡

- ንዝንበበልኩም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ብቓል ዝተነበኩም ዛንታ ብናታትኩምቃላት ኣብ ጽሑፍ ኣስፈርኩም ኣብ ቅድሚ ሰማዒ ተንብቡ።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡን ብኣኦም ምሉእ ሓሳባት ትሰርሑን ትትርጉሙን።
- ካብ ዝተዋህብኹም ናይ ተጸውዖ ኣስማት ስም ሓባር ትረኽቡ።
- ካብ ስም ሓባር ስም ተጸውዖ ተውጻኡ።
- ስስዐ ዓሻ ጉርሕን መወዳእትኡ ዕንወትን ክሳራን ምኽኑ ትገልጹ።
- እንስሳታት ብዙሕ እናገልገሉና ንሕና ግን ከም ዘይንሓልየሎም ትዝርዝሩ።

መእተዊ ሕቶታት፡-

1. ኣብ ገጠር እቲ ዝበዝሕ ግዜ እንጥቀመሎም ንመጽዓኛ እንጥቀመሎም እንስሳታት በዓል መን እዮም።
2. ጨው ንምንታይ ንጥቀመሉ፤ ኣብ ማይ እንተኣትዩ እንታይ ይኸውን፤
3. ሰፍነግ እንታይ እዩ፤ ኣብ ማይ ምስ ዝኣቱ እንታይ ይኸውን፤
4. እንስሳታት እትብል መዝሙር ትዝምሩ።

ኪዳነ ኣብ ዓዲ ቀንዶል ዝነብር ነጋዳይ እዩ። ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣቕሑ እናቐያየረ ይነግድ፤ ኪዳነ ገንዘብ ዝረኽበሉ ኣቕሑ ኣበይ ረኺቡ ኣበይ ይሸጦ። ነቲ ካብ ዓዲ ባና ብሕሱር ዝረኸቦ ከኣ ናብ ዓዲ ቀንዶል ኣምጺኡ ብኽቡር ይሸጦ። ከምዚ እናገበረ ከኣ ብዙሕ ገንዘብ ኣከበ።

ሓደ ግዜ፡ ኣብ ዓዲ ቀንዶል ጨው ኣዚዩ ከቢሩ ነበረ። ኪዳነ ነዚ ምስ ፈለጠ ኣዚዩ ተሓጐሰ። ጨው ኣምጺኡ ብኽቡር ዋጋ ክሸጦ ምኻኑ ከኣ ፈለጠ። ከይወዓለ ከይሓደረ፡ ናብቲ ጨው ዝርከበሉ ቦታ ከይዱ ከምጽእ ከኣ ወሰነ። ንጽባሒቱ፡ ወጋሕታ ተንሲኡ፡ ኣድጉ ሸብሊሉ ንመገሻ ተበገሰ።

ኪዳነ ኣብ ጕዕዞኡ፡ ብዛዕባ ጨውን ዋጋኡን ይሓስብ ነበረ። ጨው ብሕሱር ዋጋ ገዚኡ ብኽቡር ዋጋ ክሸጦ ሓሰበ። ሃብታም ክኸውን ተራእዮ። ኣብቲ ቦታ ጨው ከኣ በጽሐ።

ኣብቲ ቦታ ብዙሕ ጨው ጸንሑ። ኪዳነ፡ ከይደንጐየ ብሕሱር ዋጋ ጽዕነት ኣድጊ ጨው ገዝአ። ንጽባሒቱ ንዓዱ ክምለስ፡ ነታ ድሪት ዝስማ ኣድጉ ድፋጫ ሂቡ፡ ማይ ኣስትዩ፡ ክጽዕና ናብቲ ቦታ ወሰዳ።

ሕልሚ ኪዳነ፡ ብዙሕ መኽሰብ ምርካብ ጥራይ ኢዩ ነይሩ። ነዚ ሕልሚዚ ኀሸማልእ ከኣ ንድሪት ካብቲ ክትስከሞ እትኽእል ንላዕሊ ኣኽቢዱ ጸዓና። ድሪት፡ ጽዕነት ከቢድዋ ኣዚያ ተሸገረት። ኪዳነ ግን ቀልጢፉ ንዓዱ ኣትዩ፡ ጨው ብኽቡር ሸይጡ፡ ገንዘብ ክረክብ እምበር ብዛዕባታ ሰፍ ዘይብል ጽዕነት ተሰኪማ ዘላ ድሪት ኣይተገደሰን። ንሳ ግን ጽዕነት ከቢድዋ ኣዚያ ተሸጊራ ነበረት። ኪዳነ ግን ክትቅልጥፍ ኢሉ ብበትሪ እናሰለቐ ኣሳቐያ።




ድሪት፡ ዋላ እንተተሃረመት ክትቅልጥፍ ኣይከኣለትን። ምሉእ መዓልቲ ብዘይ ዕረፍቲ ክይድ ወዓለ። ድሪት ምንቅስቓስ ክሳብ እትስእን ደኸመት።

ኣጋ ምሸት ምስ ኮነ፡ ኣብ ጥቓ ሓደ ሩባ በጽሑ። ኪዳነ'ውን ኣዚዩ ደኺሙ፡ ጽምኢ ማይ ኣጥቂዕዎ ነበረ። ንድሪት ጽዕነታ ከየራገፈ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ገዲፉዋ ማይ ክሰቲ ናብቲ ሩባ ወረደ። ንሳውን ደኺማን ኣዚያ ማይ ጸሚኣን ነበረት። ኪዳነ ግን ኣይተገደሰላን። ይሽን እምበር፡ ንሳውን ጽምኣ ከተርዊ በቲ ሓደ ሸንኽ ናይቲ ሩባ ከደት። ምስ ጽዕነታ ናብቲ ወሓዚ ኣትያ ማይ ሰተየት።



ቀጺላ ከኣ ነቲ ጽዕነት ናብ ማእከል እቲ ማይ ሒዛቶ ተኣለኸት። እቲ ንምሉእ መዓልቲ ተጻዒንዋ ዝወዓለ ክብደት ጨው፣ ኣብቲ ማይ ሓቒቑ፣ ድሪት ትንፋስ ረኺባ፣ እናዘለለት ካብቲ ሩባ ወጽኣት። ናብቲ ወሰናስን ሩባ ሳዕሪ ክትበልዕ ከደት። እቲ ጨው መሊኡ ዝነበረ ካሻን መጽዓንን ኣብቲ ደንደስ ሩባ ወዲቑ ተረፈ።



ኪዳነ፣ ማዩ ሰትዩ፣ ቀስ እናበለ፣ ናብቲ ድሪት ኣጽሊላትሉ ዝነበረት ቦታ ተመልሰ። ድሪት ኣይጸንሓቶን፣ የማነ ጸጋሙ ኣቕመተ፣ ክርእያ ግን

ይከኣለን። ቀሩብ ዘወር ኢሉ ኣማዕድዩ ጠመተ። ድሪት ካብቲ ንሱ ዝነበሮ ቦታ ፍንትት ኢላ፡ ኣብ ወሰን ሩባ ክትበልዕ ረኣያ። ዘብዘብ እናበለ ቀሪቡ እንተረኣየ፡ ድሪት ጽዕነት ኣይነበራን። ወዲቐዋ ኢዩ ዝኸውን ኢሉ ኣብቲ ከባቢ የማነ ጸጋም ሃሰውሰው በለ። ካሻን መጽዓንን ጥራይ ከኣ ኣብቲ ገምገም ሩባ ጸነሐ። ገለ ሰረቕቲ ኢዮም ረኺቦሙኒ ኢሉ ሓሰበ። ኣብቲ ከባቢ ግን ሰብ ዝበሃል ኣይተራእየን።

ኪዳነ፡ ድሪት እንታይ ጥበብ ከም ዝተጠቕመት ፈጺሙ ኣይተረደኦን። ኣንጸርጺሩ ከኣ ብበትሪ ገይሩ ደጋጊሙ ዘበጣ። ኣርሒቑ ብምኻዱ ብዙሕ ተጣዓሰ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ናብቲ ጨው ዝገዝኣሉ ቦታ ተመለሰ። ኪዳነ፡ በቲ ዘጋጠሞ ነገራት ኣዝዩ ሓሪቑ ነበረ። ንድሪት ክቕጽዓ ኢሉ ከኣ፡ ካብቲ ናይ መጀመርታ ጽዕነታ ዝኸበደ ጸዓና። ንሳ ከኣ ጽዕነት ስለ ዝኸበዳ ክትቅልጥፍ ኣይከኣለትን።


ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ፡ ሕጂውን ኣብ ከባቢ እቲ ማይ ዘለዎ ሩባ በጽሑ። ድሪት ናብቲ ማይ ገጻ ኣምረሐት ኪዳነ ከኣ ድሓን ማይ ትስተ ኢሉ ሰቕ ኢሉ ረኣያ። ድሪት ከኣ ከምታ ዝለመደታ ጽዕነታ ከተፋኵስ ምስ ጽዕነታ ናብቲ ማይ ኣተወት። እቲ ጨው ከኣ ሓቐቐ። ኪዳነ ዝገብሮ ጠፊእዎ ኣዚዩ ኣንጸርጸረ።

“ወይለይ! ቅድሚ ሕጂ እውን እምበኣር ከምዚ ጌርኪ ኢኺ ኣብ ክሳራ ዘእተኽኒ። ኣነ ሰረቕቲ ወሲዶምለይ እብል፡ ንሸኺ ከኣ ኣብ ማይ እናኣተኺ ኢኺ ጨወይ ኣሕቂቕክዮ። በሊ ረኣኩልኪ ውጽኢ እሞ ሕራይ” ኢሉ ብበትሪ እናሰለቐ ካብቲ ማይ ኣውጸኣ።

ኪዳነ፡ ከሲሩ ጥራይ ኢዱ ክምለስ ኣይደለየን። ሓደ ሓሳብ ከኣ ሓሰበ። ንሱ ከኣ ንድሪት ኣብ ክንዲ ጨው ሰፍነግ ገዚኡ ክጽዕናሞ፡ ንሳ ከኣ ከምታ ልማዳ ክትገብር

ክትብል ዝኸፈአ ከጋጥማ ኢዩ በለ። ከምታ ዝሓሰባ ከኣ ሰፍነግ ገዚኡ ጸዓና። ድሪት ሕጂ ጽዕነታ ከምቲ ጨው ከቢድ ኣይነበረን። ኣብታ ማይ ዝሰትዩላን ዘዕ ርፉላን ሩባ ምስ በጽሑ፡ ድሪት ማይ ሰትያ። ሕጂውን ከምቲ ጨው ኣሕቂቕ ካብ ጽዕነት ናጻ ክትከውን ስለ ዝደለየት፡ ናብቲ ማእከል ማይ ኣተወት። እቲ ተጻዒናቶ ዝነበረት ሰፍነግ ግን ከም ጨው ዝሓቅቕ ዘይኮነስ፡ ማይ መሊኡ ሰፍ ዘይብል ኮነ ። ድሪት ሆየ፡ ጽዕነት ከተፋሸስ ዝሓሰበቶ ክትወጽእ ብግስ እንተበልትስ ናበይ ገጻ። ደጋጊማ ፈተነት። ክትወጽእ ኣይከኣለትን። ኣብ መወዳእታ፡ ኪዳነ ናብቲ ማይ ኣትዩ ነቲ ጽዕነት ኣራጊፉ፡ ካብቲ ማይ ኣውጸኣ።

ኪዳነ ካብ ሕርቕርቕት ዝተላዕለ ንድሪት እናዘባዘበ፡ ብበትሪ ቀጥቀጣ። ንሳውን ብማህረምቲ ዓቕላ ጸቢብዋ ክትሃድም ከላ ኣብ ቅድሚኣ ናብ ዝነበረ ገደል ሃፍ በለት። ክትድሕን ኣይከኣለትን ኣብቲ ጸድፊ ሞይታ ተረፈት።



ይዋእ ኪዳነ፡ ኣይ ካብ ጨው፡ ኣይ ካብ ኣድጊ፡ ኻሽንቱ ደኺሙ ብጓሂ ቀዘዝ በለ። ዝገብሮ ነገር

ከምዘይብሉ ምስ ፈለጠ ከኣ፣ ሰፍነጉ ተሰኪሙ ንገዛኡ ተመልሰ።
ንጽባሒቱ፣ ኪዳነ ኑቲ ሰፍነግ ሒዙ ንዕዳጋ ወረደ። እንተኾነ ግን እቲ ሰፍነግ ክሽየጠሉ ስለ ዘይከኣለ ክሳሩኡ ተሰኪሙ፣ ብሓዘን ንገዛኡ ተመለሰ።

ካብዚ ናይ ኪዳነ ዛንታ እንታይ ንመሃር፧

መላመዲ

1. ክትፈልጥዎም ዝግባኣኩም ቃላት።

ቃላት	ተመሳሰልቲ
1. ብስጭት	ሕርቃን
2. ምዝባጥ	ምስላቕ/ምህራም
3. ዘብዘብ	ጉያ-ጉያ
4. ዘቕቢቡ	መሊኡ
5. ምርጋፍ	ምውራድ
6. ድፋጫ	ገፈል (ቡቕቡቕ ናይ ዓተር፣ሰበረ) ጽዒኑ
7. ሸብሊሉ	

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብ ዝሰማምዖም ክፋት ቦታ ሸኸዕዎም።

ንኣብነት፡- ጎራሕ ዘብዘብ
ሀ. ኣድጊ ጎሪሐ ኢላ ኣብ ሓደጋ ወዲቓ።

ስሱዕ	ጨካን	መስተውዓሊ
ምሕቃቕ	ተዓዛቢ	ምስሓብ

1. ዝኾነ ነገር ክትሰርሑ ከለኹም ----------ን ----------ን ኩኑ።
2. ጨው ኣብ ማይ እንተኣትዩ ----------።

3. ሰፍነግ ብዙሕ ማይ ----------።
4. ----------ትርፉ ክሳራ እዩ።
5. ንእንስሳታት ---------- ጽቡቕ ኣይኮነን።

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ኪዳነ ከመይ ዝበለ ነጋዳይ ነይሩ:
2. ድሪት ኣብቲ ናይ መጀመርታ ጽዕነታ እንታይ ገበረት:
3. ድሪት ሰፍነግ ተጻሚና ናብቲ ማይ ምስ ኣተወት እንታይ ኣጋጢሙዋ:
4. ኪዳነ ኣብ መጀመርታ ዝነበሮ ሓሳብን ዘጋጠሞ ነገራትን ግለጹ።
5. ኪዳነ ክዕወት እንታይ ክገብር ነይርዎ:

2. ሓፈሻዊ መላመዲ።

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ተጸውዖ ኣስማት ስም ሓባር ርኸቡሎም።

ሱዳን፣ ኤርትራ፣ ጅቡቲ
ሰመረ፣ ስዒድ፣ ሃይለ
ሰሚራ፣ ሓዳስ፣ ነኛት

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ስም ሓባር ስም ተጸውዖ ርኸቡሎም።

ተማሃራይ
ተማሃሪት
ሃገር
ከልቢ
ብዕራይ

ሐ. ነዞም ኣብ “ሀ” ዘለዉ ምስ ኣብ “ለ” ዘለዉ ኣዛምድዎም።

“ሀ”	“ለ”
1. ከይወዓለ ከይሓደረ	ሀ. ጠይቂ ገይሩ
2. ኣድጉ ሸብሊሉ	ለ. ከቢድ
3. ሰፍ ዘይብል	ሐ. ቀልጢፉ
4. ትንፋስ ረኺባ	መ. ጸደፈት
5. ሃፍ በለት	ረ. ርሕቐ ኢላ
6. የማነ ጸጋም ኣቋመት	ሰ. ዓራርቦ
7. ኣጋምሸት	ሸ.ቀዪሊሕ ቀዪሊሕ ኢሉ
8. ኻሽንቱ ደኺሙ	ቀ. ኣዕሪፉ
9. ከምታ ልማዳ	በ. ከምኣመላ
10. ፍንትት ኢላ	ተ. ንብላሽ

3. መላመዲ

ሀ. ተማሃሮ ከም ወለድን ርእሰ-መምህርን፡
ለ. ከም መማህራንን ወለድን ኮይኖም ዝርርብ ይለማመዱ።

1.ዝተደፍነ ሓዊ			ል
2. ፈቆድኡ ዝውር ምውዓል			ል
3. ክቡር እምኒ			ል
4. ክትሕጎስ ከለካ			ል
5. ሕብሩ ዝኸደ			ል

ምዕራፍ 7
ዝሓበረ ህዝቢ ዓጋቲ የብሉን

ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ምዕራፍዚ፤

- **ካብ ዘንበብኩማ ዛንታ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።**
- **ብሓደስቲ ቃላት ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሑ።**
- **ቃላት ፊደላትን ብቅኑዕ ኣጸሓሕፋኦምን ቅርጸምን ትጽሕፉ።**
- **ካብ ዝተዋህብኹም ናይ ተጸውዖ ኣስማት ስም ሓባር ትረኽቡ።**
- **ጻዕረኛን ህርኩትን ህዝቢ ሰሪሑ ጻማ ጻዕሩ ከም ዝረክብ ትገልጹ።**

መእተዊ ሕቶታት፡-

1. **ኣብ ግዜ መጽናዕቲ ነንሕድሕድኩም ትተሓጋገዙዶ፤**
2. **ኣብ ግዜ ስራሕ (ማእቶት) ናይ ቤት ትምህርቲ ብኽመይ ትሰርሑ፤**
3. **ኣብ ስራሕ ምትሕግጋዝ እንታይ ጥቕሚ ኣለዎ፤**
4. **ተኽሊ ዘርእስታ መዝሙር ትዝምሩ።**

ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለ ዓለማት ዝርከባ ሃገራት፡ ዝተፈላለየ ኣቀማምጣ መሬት ኣለወን። ገሊኣን ኣብ ጎላጒል ዝበዝሑ ይርከባ። ገሊኣን ከኣ ኣብ ጎቦታት ዝበዝሑ ይርከባ።

በዚ ኣቀማምጣ ሃገራት እዚ ከኣ እተን ኣብተን ሃገራት ዝርከባ ዓድታት ንገሊኣን ኣብ ጎቦታት ገሊኣን ከኣ ኣብ ጎላጒል ከምዝድኮና ይገብረን።

ንኣብነት፡ ኤርትራ ሃገርና እንተወሰድና፡ ብጎላጒልን ጎቦታትን ዝቈመት እያ። እተን ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዝርከባ ዓድታት ከኣ ገሊኣን ኣብ ጎቦታት፡ ገሊኣን ከኣ ኣብ ጎላጒል፡ ተደኩነን ንረኽበን። ከምዚ ኣቀማምጣ ሃገርና ዘለወን ሃገራት ብዙሓት እየን።



ሓደ ዘመን ኣብ ሓንቲ ብብዙሕ ጎቦታት ዝተኸበበት ሃገር ዝነብሩ ህዝቢ ነበሩ። ካብቲ ዝነብርሉ ከባቢ ፍንትት ኢሉ ከኣ ሰፊሕ ጎልጎል ነበረ። እቲ ቦታ ዝኣክል ዝናብ ስለ ዘይረክብ እቶም ህዝቢ ሓሪሶም እኹል ምህርቲ ክረኽቡ ኣይክእሉን ነበሩ። ዝስተ ማይ ንኽረኽቡ ከኣ ነቲ ነዋሕቲ ጎቦታት፡ ዓቐበት ደይቦም፡ ቀልቀለት ወሪዶም፡ ይሰትዩ ነበሩ።

እቲ ማይ ዝወርድሉ ዝነበሩ ወሓዚ፡ ብእግርቲ ከቢብዎም ዝነበረ ጎቦታት ኢዩ ዝሓልፍ። ብመንጎ ክልተ ጎቦታት ሓሊፉ ናብ ካልእ ቦታ ስለ ዝሰግር ከኣ ኣብቲ መሬቶም፡ ንሕርሻ ዝኸውን ሰፋሕቲ ጎላጉል'ኳ እንተሃለወ ብሰንኪ ዋሕዲ ማይ እቶቱ ዘዕግብ ኣይነበረን።

እዞም ብዋሕዲ ዝናብን ዝስተ ማይን ዝተሸገሩ ህዝቢ እዚኣቶም፡ ሓደ ግዜ ኣብ ባይቶ ተኣኪቦም፡ ብዛዕባዚ ጸገምዚ ተመያየጡ። ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ዓዲ፡ ሓደ ሓሳብ ኣቕረበሎም። "ኣ! ህዝቢ ዓዲ ሓይሊ፡ ንሕና በዚ ዘይድፈር ዝመስል ጎቦታት ተኸቢብና ኣለና። ናብ ዝደለናዮ ብቕልጡፍ ክንበጽሕ፡ ምስ ጐረባብትና ኣብ ሕማቕ ይኹን ኣብ ጽቡቕ ክንረዳዳእ ኣይከኣልናን። ሓሪስና ክንሓፍስን ብቕሊሉ ዝስተ ማይ ክንረክብን ኣይከኣልናን። እሞ ክሳብ መዓስ ደኣ ከምዚ ኢልና ክንሳቐ ክንነብር። ሕጂ፡ ኮልና ዓብና ንእሽቶና፡ ሰብኣይና፡ ሰበይትና ወድና ጓልና ነዚ ዓንቂጹና ዘሎ ጎቦታት ንጓሕጓሓዮ። በቲ ጕሕጓሕ ኣቢልና ከኣ ነዚ ብኸንቱ ዝፈስስ ዘሎ ማይ ናብቲ ሰፋሕቲ ጐላጕል ዓድና ኣሊና መሬትና ነልምዕ ብቕሊሉ ከኣ ንነብስናን ጥሪትናን ማይ ንሰቲ" ኢሉ ኣማኸሮም።

ህዝቢ ዓዲ ሓይሊ፡ መጀመርታ ፈጺሙ ዝከኣል ኮይኑ ኣይተሰመየምን። ብዙሕ ደንጸዎም። ነቲ ምኽሪ ዝሃበ ኣቦ ከኣ "ብሓቂ ድዩ፧ ነዚ ባህርያዊ ጎቦዚ ክንጕሕጕሐ ሓሲቡ፧" እናበሉ ትሒም ትሒም በሉ። ይኹን እምበር፡ እቲ ዝነበሮም ጸገም ኣዚዩ ከቢድ ስለ ዝነበረ፡ ኩሉ እቲ ህዝቢ፡ "እንተተበጊስና ዘይከኣል የሎን። ካብዚ ዘለናዮ ሽግር ዝኸፍእ ከኣ የሎን። ሃየ፡ ከምዚ ዝተባህለ ናብ ስራሕ ንዋፈር" ኢሉም ተበገሱ። ኩሎም፡ ዘለዎም መሳርሒ ከም ኣፍራዛ፡ ባዴላ፡ ሞደሻ፡ መለኪኖ ኣልዒሎም ስረሐም

ጀመሩ። እቲ ዝነበሮም መሳርሒ ውሑድን ፈኵስን እዩ። እናተሰበረን እናጐደመን ኣሸገሮም። ንሳቶም ግን በዚ ኣይተዓናቐፉን። ገሊኦም ክሸዕቱ ከለዉ፡ ገሊኦም ከኣ ኣእማን ይሰብሩ። እቶም ገሊኦም ከኣ ሓዊ ኣጕዶም ብመናፍሕ ገይሮም ነቲ ዝጐደመ መሳርሒ የትብዑ ነበረ።



እቲ ጎቦ፡ ዝውዳእ ኣይመስልን ዝነበረ። በዚ ከኣ ሓደ ሓደ ካብቶም ሰባት ተስፋ ክቈርጹ ጀመሩ። “እዚ ኣይከኣልን እዩ። ዘይከውን ስራሕ ንሰርሕ ኣለና።” እናበሉ ከዕዘምዝሙ ጀመሩ። እቲ ዝበዝሕ ህዝቢ ግን ነዚ “ዘበገስናዮ ስራሕ ብናይ ሓባር ቅልጽምና ሽግርና ክንፈትሕ ኢና። ንደክም እምበር ኣይንመውትን። ካብዚ ዘለናዮ ናብራ ዝኸፍእ የለን። ሕጂ ተጸሚምና እንተሰሪሕና ንሓዋሩ ዝኸውን ፍታሕ ክንረክብ ኢና።” ኢሉ ነቶም ተስፋ ዝቈረጹ ኣተባቢያም ሰርሑም ቀጸሉ። ከይተሓለሉ ነቲ ዘይድፈር ዝመስል ዝነበረ እምባ፡ ብኽልተ ወገኑ ተተሓሓዝዎ። ነዊሕ ቦታ ከኣ ጓሕጉሑ። ኣብ መንጎ እቲ ስራሕ ብጽቡቕ እናቐጸለ ከሎ መዓልቱ ጸብጺቡ ክራማት ኣርከቦም። ሓድሽ ኵነታት ከኣ ተፈጠረ።

ዝናብ ብብዝሒ ስለ ዝዘነበ፡ ኩሉ እቲ ስንጭሮታት ብማይ መለአ። በቲ ጎቦታት ዝወረደ ማይ ከአ ንገለ ካብቲ ዝጓሕጉሑዎ ደፊነሎም። ሕጂ ኸአ ንገለ ውሑዳት ሰባት ናይ ተስፋ ምቕራጽ ስም ዒታት ፈጠረሎም። እቶም ህዝቢ ግን ፈጺሞም ኣይተምበርከኹን። እኳደኣ መሊሶም እናተበራትዑ ስርሖም ቀጸሉ። ነቲ ብውሕጅ ዝመለአ ጐዳጉዲ ከምብሓድሽ ጸሪጎሞ። እተን ዝነበረኣም መሳርሒታት እናሓቘቓ ከይደን። እቲ ክራማት ግን ጸገም ጥራይ ኣይኮነን ኣምጺኡሎም። በንጻሩ፡ እቲ መሬት ስለ ዝለምለመሎም በተን ዝርካበን መሳርሒ፡ ነቲ ዘይድፈር ዝመስል ዝነበረ ጎቦ ብኽልተ ጐድንታቱ ጓሕጉሖም ኣራኽብዎ።

ካብዚ ንደሓር፡ እቲ ብኽንቱ ናብ ዘይድለ ቦታታት ዝፈስስ ዝነበረ ወሓዚ ማይ በቲ ጕሕጓሕ ተኣልዩ፡ ናብቲ ናይ ሕርሻ መሬቶም ከምዝፈስስ ገበርዎ። እቲ ንነዊሕ ዓመታት ብዘይ ማይ ደሪቑ ዝነበረ ሰፋሕቲ ጎላጉል ማይ ረኺቡ። እቲ ህዝቢ ከኣ ናብ ማሕረሱ ተዋፈረ።



ገማግም ናይቲ ሩባታት ኣግራብ ተተኺልዎ ኣዚዩ ለመዐ። ንኽትርእዮ ደስ ዘብል ኮነ። መልክዕ ናይቲ

ከባቢ ፈጺሙ ተለዊጡ። እቲ ነዊሕ ተጓዒዙ ማይ ዝሰቲ ዝነበረ ህዝቢ፡ ንነብሱን ጥሪቱን ዝኸውን እኹል ማይ ክረክብ ክኢሉ። ዓዲ ሓይሊ ከኣ ካብ ድርቕትን ጽምእትን ናብ ለምለምን ጥልልትን ዓዲ ተቐይራ።



መላመዲታት

ሀ. ክትፈልጥዎም ዝግባኡኩም ቃላት።

1. ዓጋቲ ዓንቃጺ/ከልካሊ
2. ዘተ ዘረባ/ምይይጥ= ክትዕ
3. ጕሕጓሕ መተሓላለፌ/ገለርያ
4. ደንጸዎ ገረሞ
5. ድሉው ቅሩብ
6. ጎዲም ደምዳም (ብልሒ ዘይብሉ)
7. ምትባዕ ምብላሕ/ምስሓል፡
8. ኣዕለበጡ ተሸገሩ፡ ዕጥይጥይ በሉ

ለ. በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉኣት ሓሳባት ስርሑ።

ምዕጋት	ምጉሕጓሕ
ምኽሪ	ትብዓት
ምድላው	

ሐ. ነዛ ቀጺላ ዘላ ጽሕፍቲ፣ ምሉእ ስርዓተ-ነጥቢ ጌርኩም ጽሓፍዋ። ቀጺልኩም ካብታ ጽሕፍቲ ኣስማትን ክንድስምን ኣውጽኡ።

ሓደ ተማሃራይ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓንቲ ዓባይ ሳግላ የጽንዕ ነበረ ጥዑም ድምጺ ዑፍ ሰሚዑ ከኣ ንላዕሊ ገጹ ቀኒሕ በለ እታ ዑፍ ሰፊራ ትሰርሕ ነበረት ንሱ ከኣ እናተገረመ ትዕዝብቱ ቀጸለ ንሳውን ብዛዕ ባቲ ኣብ ትሕቲኣ ኮይኑ ዘጽንዕ ዝነበረ ተማሃራይ ከይተገደሰት ስራሓ ቀጸለት እቲ ወዲ ነዚኣኸ ከምዚ ጌርካ ምስራሕሲ መን መሃራ እናበለ ተገረመ ንሳ እውን ኣብ መንጎ ስራሓ ግድፍ ኣቢላ ክትዕዘቦ ጀመረት እዋን ምሳሕ ስለ ዝኣኽለ እቲ ተማሃራይ ንገዝኡ ክኸይድ ብድድ በለ ንሳ ከኣ ኮነታቱ ንምዕ ዛብ ስራሓ ኣቋሪጻ ናብቲ ኣብ ማዕዶኣ ዝነበረ ገረብ ሰገረት እቲ ተማሃራይ ብወገኑ ኣጆኺ ስራሕኪ ጥራይ ቀጽሊ ተመሊሰ ከኣ ክርእየኪ እየ እናበለ መገዱ ቀጸለ።

መ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ሓረስቶት ዓዲ ሓይሊ ስለምንታይ ሓሪሶም ከፍርዩ ኣይክእሉን ነይሮም፤
2. ተቐማጦ ናይተን ኣብቲ ከባቢ ዓዲ ሓይሊ ዝነበራ ዓድታት እንታይ ሽግር ነይርዎም፤
3. እዞም ህዝቢ እዚኣቶም ሽግሮም ንኽፈትሑ እንታይ እንታይ ገይሮም፤

4. ስራሕ ምስ ጀመሩ ዘጋጥሞም ዝነበረ ጸገማት እንታይ ኢዩ ብኽመይከ ይፈትሕዎ ነይሮም፧
5. ምስዚ ኩሉ ጸገማት ከዐውቶም ዝኽኣለ ቀንዲ ምኽንያት እንታይ እዩ፧

ረ. ካብዛ ትስዕብ ሕጡበ ጽሑፍ መጸውዒ ኣስማት ኣውጽኡ።

ሰ. ነቶም መጸውዒ ኣስማት ስም ሓባር ርኸቡሎም።

ራህዋ ተማሃሪት 3ይ ክፍሊ ኢያ፣ ንሳ ንፍዕቲ ተማሃሪት ስለዝኾነት መምህራ ኣዚያ ትፈትዋ። ራህዋ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰላም ከረን ትመሃር። ገዝኣ ላዕላይ ከረን እዩ። ካብ መጋርሕ ዝመጽኣ ክልተ መሓዙት ኣለዋኣ። ንሳተን ከኣ እታ ሓንቲ ከዲኻ ትበሃል እታ ሓንቲ ኸኣ ድሃብ ትበሃል።

ራህዋ ሰለስተ ኣሕዋትን ሓንቲ ሓውትን ኣለዉዋ። ንሳቶም ከኣ ቢንያም፣ ብስራት፣ ለምለምን ፍጹምን ይበሃሉ። ቢንያምን ብስራትን ምዕባያ ኢዮም። ካብ ኩሎም ዝዓበየ ከኣ ቢንያም እዩ። እቲ ዝነኣሰ ሓዋ ፍጹም እዩ። ኣቦ ራህዋ ገድሎም ይበሃል። ኣ ዲኣ ኸኣ ጽላሎም ትበሃል። እታ ስድራ-ቤት ሸውዓተ ኣባላት ኣለዉዋ። ብፍቕሪ ከኣ ይነብሩ።

ምዕራፍ 8
ኣደን ወድን

1. ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፤-

- **ካብ ዘንበብኩማ ዛንታ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።**
- **ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡን ብኣኦም ምሉእ ሓሳባት ትሰርሑን።**
- **ኣብ ቅድሚ መማህርትኩምም ወጺእኩምም ዝርርብ ተካይዱ።**
- **ናይ ተጸውዮ ስምን ናይ ብሓባር ስምን የብዝሑ።**
- **ለውሃት: ሓልዮትን: ምኽርን ኣደ ንውሉዳ ትገልጹ ።**

መእተዊ ሕቶታት

1. **እታ ጡብ ኣጥብያ ሓዚላ ዘዕበየትና ወላዲት መን ትበሃል፤**
2. **ንወለድኹምን መማህራንኩምን ተኽብሩዶ፤ ስለምንታይ፤**
3. **ወለድና እትብል መዝሙር ትዝምሩ።**

መኣዛ ኣደ ሰለስተ ቁልዑ እያ። በዓል ቤታ ብስራሕ ምኽንያት ኣብ ካልእ ቦታ እዩ ዝነብር። ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ፡ ንዕረፍቲ ምስ መጽአ እዩ ምስ ስድራ ቤቱ ዝራኸብ።

ሰመረ፡ ሕሳስ ልደ ወዶም እዩ። ካብቶም ኣሕዋቱ ከኣ ንሱ ኣዚዩ ሕንቁቕ እዩ። ኣቡኡ እንተሎ ነቡኡ ኣቡኡ ምስ ገሸ ከኣ ነዲኡ እናቃባጠረ ዝተፈላለየ ብልሓታት እናፈጠረ፡ ዝደልዮ ነገራት ክረክብ ይደሊ።



ሰመረ ፈታው ጸወታ እዩ። ሓደ መዓልቲ ክጻወት ጸኒሑ፡ እዋን ጠዓሞት ስለ ዝኣኽለ፡ እናጐየየ ንገዛ መጽአ። ኣዲኡ ኣብ ክሽነ ኮይና ኣቕሑ ትሓጽብ ነበረት። ሰመረ ከብዱ እናሓኸኸ “ኣደ ጠምየ ጥዓ ሞተይ ሃብኒ፡ ጥዓሞተይ ሃብኒ፡” እናበለ ሃወኻ። መኣዛ ከኣ “ሕራይ ሰመረ ወደይ ኣይትተሃወኽ”

እናበለት ቅጫ ቆሪሳ ሃበቶ። ሰመረ ነታ ቅጫ ዕጽድ ዕጽድ ኣቢሉ ወደኣ። ዝያዳ ስለ ዝደለየ ግን ኣደ ወሸኽኒ በላ። ንሳ ከኣ ሰመረ፡ ኣሕዋትካኮ ጥዓሞቶም ኣይበልዑን ይኣኽለካባ በለቶ።

ሰመረ ከይደገመ ክሽይድ ኣይደለየን። ነዲኡ ኣቀባጢሩ ቅጫ ክረክብ ሓሰበ። ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ መኹስተር ኣልዒሉ ከኣ "ኣደ እሕግዘኪ ኣለኹ፡" እናበለ ነቲ ምድሪ ቤት ክሹስትሮ ጀመረ። ሰመረ ቅድሚኡ ኩስቲሩ ኣይፈልጥን እዩ። ኣዲኡ ከኣ ቅጫ ክውሰኽ ደልዩ ከምኡ ይገብር ከምዘሎ ተረዲኣ ስቕ ኢላ ተዓዘበቶ።



ኩስቲሩ ምስ ወደኡ "ኣደ ወዲኡ" በላ። ንሳ ከኣ "ንፉዕ ዝወደይ" ኢላ ስራሓ ቀጸለት። ሰመረ ከኣ ከምታ መጀመርታ ዝገበራ ከብዱ እናሓኸኸ ጠጠው ጠጠው በለ። ሽዑ ኣዲኡ ንእሽቶ ቅጫ ወሰኽቶ። ሰመረ ከኣ ነታ ቅጫ ምንጥል ኣቢሉ እናጐየየ ናብ ጸወትኡ ከደ። ነቶም መሳቱኡን ኣዕሩኽቱን ከኣ "ነደይ ተላጊጸላ፡ ንእሽቶ ኩስቲረ ንሳ ከኣ ቅጫ ወሲኻትኒ።" ኢሉ ኣዕለሎም።

ንጽባሒቱ፣ ከምታ ልማዱ “ጥዓሞተይ” እናበለ ገዝኡ ኣተወ። ኣዲኡ ከኣ ገዚፍ ቅጫ ገሚዓ ሃበቶ። ሰመረ ኣራጢጡ ክሳብ ዝጸግብ በለዐ። ነቲ ዝሃበቶ ቅጫ ኣይወደአን፣ ነቲ ዝተረፎ ኣብቲ ሽሓኒ ኣቑሚጡ ከኣ ክጻወት ወጽአ። ኣዲኡ “ሰመረ፣ ንዓሞ” ኢላ ጸወዓቶ። ምስ መጸአ ከኣ “ሰመረ ወደይ፣ ሎሚ ድኣ ኣይትሕግዘንን ዲኻ፧” በለቶ። ንሱ ከኣ “እዋ ደቂ ገዛውትና ኮዕሶ ክንጻወት ይጽበዩኒ ኣለዉ።” ኢሉ ገዲፍዋ ከደ።

ንምሽቱ ሰመረ ጸወታኡ ወዲኡ ክድረር መጽአ። እታ ዝገበራ ስለ ዘሕፈረቶ ከኣ ነዲኡ ሰሰሪቑ ይርእያ ነበረ። ኣዲኡ ከኣ ሰመረ ብግብሩ ሓፈሩ ከም ዘሎ ተረዲኡዋ፣ ስቕ ኢላ ጸኒሓ ፍሽኽ እናበለት፣ “ሰመረ እንታይ ደኣ ስቕ ኢልካ፡ ደሓር ከኣ ሰሰሪቕካ ትጥምተኒ ኣለኻ፣ እንታይ ዲኻ ኮንካ፧” በለቶ። ሰመረ ሓፈሩ ክዛረብ ኣይከኣለን። መንኩቡ ሰቕጥ ኣቢሉ ክበኪ ደለየ። ሽዑ ኣዲኡ ስሕብ ኣቢላ ሓቖፈቶ።



“ሰመረ፣ ወደይ ትማሊ ዘዐሸኻኒ መሲሉካ ነይሩ። ሓቀይዶ፡” ኢላ ሓተተቶ። ንሱ ከኣ ክበኪ እናደለየ “እወ፣ ነዕሩኽተይ እውን ነጊረዮም።” በላ።

ኣዲኡ “ደሓን ዝወደይ፣ ኣይትድነን ትኽ ኢልካ ተዛረብ” ኢላ ኣተባባዓቶ። ንሱ ከኣ ትኽ ኢሉ ክጥምታ ጀመረ። ቀጺላ፣ “በል ስማዕ ሰመረ ወደይ፣ ሞቕሽሽ ደሊኻ ጥራይ ዲኻ ትሕግዘኒ፡” ኢላ ሓተተቶ። ሰመረ፣ ንዘረባ ኣዲኡ ተረዲኡ፣ “ኣደ ኣነ ድሕሪ ሕጂ ኩሉ ግዜ ክሕግዘኪ እየ። ንጥዓሞት ኢለ ኣይሰርሕን እየ” በላ። ንሳ ከኣ “እወ ንፉዕ ዝወደይ፣ ንጠዓሞትን ሞቕሽሽን ኢሎም ዝሰርሑ፣ ሃካያት፣ ስራሕ ዘይፈትዉ፣ ኢዮም። ምስ ዓብዩ ከኣ መታለልትን ስሱዓትን ይኾኑ። ንሸኻሽ መታለልን ስሱዕን ክትከውንዶ ትደሊ ኢካ፧” ኢላ መሊሳ ሓተተቶ። ሰመረ ርእሱ እናነቕነቐ፣ “ኣይደልን” በላሞ፣ ንሳ ከኣ “በል ድሕሪ ሕጂ፣ ፈታው ስራሕን ህርኩትን ኩን። ምእንቲ ዝያዳ ክትረክብ ኣይተታለል። ዝያዳ ክትረክብ፣ ብሓቂ ስራሕ።” ኢላ ማዕዳኣ ለገሰትሉ። “ሕራይ ኣደ” ኢሉ ከኣ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ፈታው ስራሕን ሓጋዚ ኣዲኡን ኮነ።

መላመዲ

ሀ. በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉኣት ሓሳባት ስርሑ።

1. ምቅብጣር
2. ምምንጣል
3. ዕጽድ-ዕጽድ
4. ሞቕሽሽ
5. መታለሊ
6. ስሱዕ

ለ. ነዞም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ቃላት ተመሳሰሊ ርኽቡሎም።

ሀ. ቀጺሎም ዘለዉ ኣስማት ኣብዝሕዎም

1. ኣንበሳ	9. ብርጌድ	17. ቀላይ
2. ሕርሻ	10. ጋንታ	18. እንስሳ
3. ተጋዳላይ	11. ብዕራይ	19. ብጻይ
4. ዓንዲ	12. ሃገር	20. ሰብ
5. ሰውራ	13. ዜማ	21. ፊደል
6. ዓዲ	14. ህዝቢ	22. ዓሳ
7. ደሴት	15. ወዲ	23. ባህሊ
8. ኣደ	16. ፋኑስ	24. መዓልቲ

ለ. 1. መወዳእታ ፊደሎም ሳልሳይ ዝኾኑ 5 ቃላት ረኺብካ ኣብዝሕ።
2. መወዳእታ ፊደሎ ምሻዱሻይ ዝኾኑ 5 ቃላት ረኺብካ ኣብዝሕ።
3. ሓሙሽተ ሕጊ ዘክተሉ ቃላት ጽሒፍካ ኣብዝሕ።

ምዕራፍ 9
ከልቢ ከመይ ኢሉ እንስሳ ዘቤት ኮይኑ ጽውጽዋይ 1ይ ክፋል

ዝድለብ ብቕዓት


ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፡--

- ዝንበበኩም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓቶም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ ትትርጉሙ ተጻራሪ ትህቡ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሑን።
- ትሕዝቶ ዛንታ ትመምዩ።

መእተዊ ሕቶታት፡-

1. ካብ እንስሳታት መጀመርታ ምስ ሰብ ዝለመደ መን እዩ፧
2. ከልቢ ንሰብ እንታይ ይጠቕሞ፧
3. ከልቢ እንታይ ይምገብ፧
4. እንስሳታት እትብል መዝሙር ትዝምሩ።

ቀደም ዘበን ከልቢ መነባብሮኡ ምስ እንስሳ ዘገዳም ነበረ። ከልቢ፡ ምስ ኩሎም ኣዕሩኹ ኣብ ዱር ክነብር ከሎ፡ እቲ ዝሓየለ ኣራዊት ነይሩ። ካብ ኩሎም እንስሳ ታት ዝኽፍኡ ርጉም እንስሳ፡ ንኹሉ'ቲ ብንጉስ እንስሳ ዝተሓንጸጸ ሕግታት ዝጥሕስ ነበረ። ብዘይካ ደቂሰብ ኩሎም እንስሳታት ብሓንሳብ ይነብሩ ነበሩ።



ብዝሒ ጉጅለ እንስሳ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተደኽመ ከይዱ። ምኽንያቱ ኸኣ ጉጅለ ሰባት እናሃደነ ኣባላቶም ይቕትለሎም ስለዝነበረ እዩ።


ኣብ ውሽጢ'ቲ ንግስነት እንስሳታት ዝነበረ ጸገማት ብዙሕን ዝተፈላለየን እዩ። ካብቲ ናብ ንጉስ ዝቕርብ ዝነበረ ጥርዓናት፡ እቲ ዝበዝሐ ብዛዕባ ከልቢ ነበረ። ከልቢ ካብ ኩሎም ዝሐየለ ስለ ዝነበረ ግን ዝገብርዎ ኣይነበሮምን።

እቲ ሓለቓ ጉጅለ ሰባት ሓደ እዋን ኣኼባ ናይቶም ግዳያቱ ጸዊዑ፡ ንንጉስ ናይቶም እንስሳታት ከኣ ናብቲ ኣኼባ ከመጽእ ዓደሞ።

ኣብቲ ኣኼባ፡ ሰብ ኣባላት ጉጅለ እንስሳታት ከይቀትል ተመባጽዐ፡ ከምኡ ንክገብር ግን ጉጅለ


እንስሳታት ሓደ ካብ ኣባላቶም ክህብዎ ሓተተ። ኩሎም እንስሳታት ንጉሶም ብዘመሓላለፈሎም መጸዋዕታ ኣብቲ ኣኼባ ተረኺቦም እቲ ሰብ ዝበሎ ኽኣ ተነገሮም።

ገሊኦም "ብጣዕሚ ጽቡቕ፡ ንኽልቢ ንሃቦም" በሉ። እዋ ከልቢ ይኺድ ካልእ ኣይውሃብን እቲ ዝወሃብ ከልቢ እዩ። ጽቡቕ ኣጋጣሚ ተረኺቡ ኣሎ ሕጂ ናብ ሰብ ይኺድ። ብምባል ዋዕዋዕ ኮነ። እቲ ንጉስ ነቲ ኣኼባ ከህዶኦ ጀመረ። ነቲ ዕግርግርግርን ምድንጋርን ብምርጫ ክውድኦ ወሰነ። እቶም ኣብቲ ኣኼባ ዝተረኽቡ ሚእትን ሓሙሽተን ኣባላት ከኣ ምርጭኦም ሃቡ። ሾሞንተ ወኻርያ ትወሃብ ኣድመጹ። ዓሰርተው ሰለስተ ጠለበዱ እንተኾደት በሉ። ዕስራን ሓደን ከኣ ኣንበሳ ክኸይድ ኣድመጹ። እቶም ዝተረፉ ኩሎም ከልቢ ክኸይድ ኣድመጹ። ከልቢ ኣዚዩ ጉሃየ። ሓድሽ ህይወት ክመልስ ተመባጽዐ። እቶም እንስሳታት ግን ኣብ ምርጭኦም ስለ ዝደረቑ፡ ሰብ ተጸዊዑ ንኽልቢ ወሰዶ።



ኣብ መንጎ ሰብን እንስሳታትን ውዕል ሰላም ካብ ዝግበር ከኣ ስጋ ዝበሃል የሎን። እቲ ዝተረፈ ፍታሕ ንኽልቢ ቀቲልካ ምብላዕ ኢዩ። ነዚ ኽኣ ኣይውዕልዎን እዮም። ምኽንያት ናብ ሰብ ካብ ዝመጽእ ኣገዳሲ ኣባል ናይቲ ጉጅለ ኮይኑ ኢዩ።

እቲ ቀንዲ ኣማኻሪ፣ ነቲ ውዕል ነፍርሶ ኢሉ ሓሳብ ኣቕረበ። ብመሪሕነት ናይቲ ሓድሽ ኣባሉም ሰባት ብዙሓት እንስሳታት ቀተሉ። እቶም ዝተረፉ እንስሳታት ብዙሕ ተጨነቑ። እቲ ስጉምቲ ብኽልቢ ዝተሃንደሰ እዩ፣ ዝብል ሓሳብ ሓዲርዎም ኣዚዮም ሰግኡ። ንጉስ እንስሳ ናብ ሰብ መጺኡ፣ ንኽልቢ ክመልሶ ቅያሩ ካልኦት ደርዘን እንስሳታት ክህብ ድሉው ምህላዉ ነገረ። ከልቢ ግን "ኣነ ኣብዚ ዘለኽዎ ሓድሽ ኣከባብን መነባብሮን ሕጉስ ኣለኹ ኣይምለስን እየ" ኢሉ ኣበየ። እዞም ክልተ ጉጅለታት ከኣ ክሳብ ሎሚ ኣብ ስምምዕ ኣይበጽሑን።



መላመዲ

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ከልቢ ብኽመይ ናብ ሰብ ከይዱ፣
2. ጉጅለ እንስሳታትን ሰብን ብኽመይ ይነብሩ ነበሩ፣
3. ሓለቓ ጉጅለ ሰባት ኣኼባ ጸዊው ንንጉስ እንስሳ እንታይ ኢልዎ፣

4. ኣብ ኣኼባ ዝተገብረ ስምምዕ እንታይ ነይሩ፤
5. ኣብቲ ዝተገበረ ምርጫ ዝበዝሑ መን ናብ ሰብ ክኸይድ ኣድሚጸም፤

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተመሳሰልቲ ርኸቡሎም።

1. ዱር
2. ግርማ
3. ዋዕዋዕ
4. ጐሃየ
5. ዋሕዲ

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተጻራሪ ርኸብሎም።

1. ዓርኪ
2. ባእሲ
3. ምሃብ
4. ሰላም
5. ምፍራስ

መ. እተባህለ

መግብና ነብስለሉ	ሓ		
ጸላኢ ሓሶት	ሓ		
ድንገት ከፋንወካ ከሎ	ሓ		

ምዕራፍ 10
ከልቢ ከመይ ኢሉ እንስሳ ዘቤት ኮይኑ ጽውጽዋይ 2ይ ክፋል

ዝድለብ ብቕዓት


ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፤

- ካብ ዘንበብኩማ ዛንታ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ ተመሳሰልቲ ትገብርሎምን ኣብ ምሉእ ሓሳባት ሰርሕዎምን።
- ትሕዝቶ ዛንታ ትመምዩ።

መእተዊ ሕቶታት፤

1. ከልቢ ከመይሉ ናብ ሰብ ቀሪቡ፤
2. ብዘይካ ከልቢ ምስ ሰብ ዝለመዱ በዓል መን ትፈልጥ፤
3. እንስሳታት ትብል መዝሙር ትዝምሩ።


ቀደም ዘመን፡ ከልብን ወኻርያ ኣሕዋት ኮይኖም ኣብ በረኻ ይነብሩ ነበሩ። መዓልታዊ፡ መግቦም ክሃድኑ ይኸዱ። ምሸት ከኣ፡ ናብታ ዝነብሩላ ቦታ ተመሊሶም፡ ነቲ ብሓባር ዝሃደንዎ መግቢ ይበልዑ። ሓደ ምሸት ዝህደን ስኢኖም፡ ክልቲኦም ጥራይ ኢዶም፡ ተመለሱ። ኣዚዮም ከኣ ጠመዩ። ነቲ ጥምየቶም ዘጋድድ ከኣ፡ ኣብቲ ምሸት እቲ ኣዚዩ ዝሑል ንፋስ ይነፍስ ስለ ዘንበረ ኣዚዮም ቈረሩ። እዞም ብጥምየት ዝተጠቕዑ መሳኪን እንስሳታት፡ ካብቲ ቀጕሪ ዝኸወሉሉ ቦታ ኣይረኽቡን። ከልቢ “እዋይ ጥሜት ሕሱም እዩ፡ ኣብ ርእሲ ጥሜት ቀጕሪ ኸኣ እቲ ዝኸፍአ እዩ።” እናበለ ኣማረረ። ወኻርያ፡ “ሕጂ ንደቅስ፡ ጽባሕ ኣንጊህና ብምትንሳእ፡ ነታ ሎሚ ዘምለጠትና ሰስሓ ሒዝና ክንበልዕ” ዝብል ሓሳብ ኣቕረበ።



ከልቢ ብሃንደበት “ወኻርያ እቲ ብማዕዶ ዝርእዮ ዘለኹ ብርሃን እንታይ እዩ፧” ኢሉ ጨደረ። ወኻርያ ትቕብል ኣቢሉ፡ “እቲ ትርእዮ ዘለኻ ሓደ ዓዲ እዩ። እቲ ቀይሕ ከኣ ሰብ ዝኣጎዶ ሓዊ እዩ፡ ኢሉ ገለጸሉ። “ሓዊ ሙቐት ኣለዎ።” በለ ክስሕን እናሃረፈ። “ወኻርያ ንሸኻ ካባይ ትነፍዕ ዕንጨይቲ ኣሪኻ ሓዊ እጕደለይ” በሎ። ወኻርያ “ፈጺሙ ኣይከውንን እዩ።

ባዕልኻ እጐድ፣ እዚ ናትካ ሓሳብ እዩ። ንሸኻ ኢኻ ኸኣ ትደልዮ ዘለኻ!” ኢሉ ብሕርቃን መለሰሉ።

ከልቢ ግን ናብ ሰብ ከይከይድ ፈሪሑ፣ ሙቐት እንተረኸበ ኢሉ ተሻዊሊሉ ኣብቲ መሬት ደቀሰ። ደቂሱ ከለ፣ “እዞም ሰባት ኣብታ ዓዲ ሕጂ ይበልዑ ይህልዉ፣ ገለ ዓጽሚ ኸኣ ይድርብዩ ይኾኑ፣ እንተዝኸይድሲ ገለ ውዳቕ ዓጽሚ ኣይምስኣንኩን” እናበለ ሓሰበ። እዚ ሓሳብ'ዚ መሊሱ ኣጥመዮ። በዚ ክቱር ጥምየት፣ ነቲ ዝነበሮ ፍርሒ ረሲዑ፣ ብድፍረት፣ “ስማዕ ጋውሕታ ኣነ በዚ ዘለኒ ጥሜትን ቀዂርን ኣብዚ ክጸንሕ ኣይክእልን እየ። ኣነ ናብቲ ዓዲ ክኸይድ እየ። ሓዊ ሒዘ ኸኣ ክመጽእ እየ። ምናልባሽ'ውን ገለ ዓጽሚ ንሻኻ እማላኣልካ እኸውን። ኣብ ምምላስ እንተደንጕየ፣ መገዲ ከይጠፍኣኒ ጸውዓኒ” በሎ።



ከልቢ ኣይደንጐየን ብድድ ኢሉ ናብቲ ኣማዕድዩ ዝርእዮ ዝነበረ፣ ዓዲ ገጹ ገስገሰ፣ ኣብ ጥቓ'ቲ ዓዲ ምስ በጽሐ ቀስ ክብል ጀመረ። ኣይሰምዑንን ይኾኑ ዝብል ተስፋ ከኣ ገበረ። ናብታ ሓዊ እናቐረበ እቲ ሃነን ዝብል ሽታ መግቢ እናሸተቶ፣ ንጥምየቱ መሊሱ

ኣጋደደሉ። ናብታ ሓዊ ኣዚዩ ቀረበ፡ ኣጋጣሚ ሓደ ነገር ድምጺ ገበረ። ሓደ ሰብኣይ ኵናቱ መዚዙ መሰስ ኢሉ ናብኡ ገጹ መጽአ። ኵናቱ እናወጣወጠ፡ “ናብዚ ደምበይ እንታይ ደሊኻ መጺእካ፧” እናበለ ኣፈራርሐ። ከልቢ ብፍርሒ ተዋሒጡ፡ “በጃኻ ኣይትቐተለኒ፡ ኣነ ንዝኾነ ክጕድእ ኣይመጻእኩን። ኣነ ብቑሪ ስለ ዝኸርደድኩ ካብዚ ዝቐህም ዘሎ ሓዊ ሙቐት ክረክብ ኢለ እየ። በጃኻ ክልምነካ፡ መሓረኒ ኣብዚኣ ደቂሰ ክማሙቐ። ድሓር ንበረኻ ክኸይድ። ዝኾነ ሽግር ኣይገብረልካን እየ” በሎ።

ከልቢ ኣዚዩ ቈሪሩ ዘደንግጽ ኮይኑ ነይሩ። እቲ ሰብኣይ ከኣ ምስ ረኣዮ፡ ደንገጸሉ። ኵናቱ ናብ ሰፈራ ኣቐሚጡ ኸኣ፡ ጽቡቐ ከምዚ ትብሎ ዘለኻ መብጽዓ እንተኣቲኻ፡ ኣብዛ ዓድና ኸኣ ዝኾነ ጕድኣ ት እንተዘይገርካ፡ ድሓን ኣብዚ ጥቓ ሓዊ ደቂስካ ስሓን። ምስ ሞቐካ ግን ንበረኻኻ ተመለስ” በሎ። ከልቢ ብልቢ እናኣመስገኖ ኣብ ጥቓቲ ሓዊ ደቀሰ። እቲ ሰብኣይ ከኣ፡ ነቲ ሓዊ ዕንጨይቲ ወሲኹ ኣናኺሱ ሃልሃል ኣበሎ። ከልቢ ኣዚዩ ተሓጐሰ። እቶም ሰባት ኣብ ግዜ ድራር ዝደርበይዎ ዓጽሚ፡ ኣብ ጥቓ ኣፍንጭኡ፡ ይጨንዎ ስለዝነበረ ብታሕንስ የንባህኾ ነበረ።



ብሃንደበት፣ እቲ ሰብኣይ ብውሽጢ ገዛ ኮይኑ፣ “ክሳብ ሕጂ ኣይሞቐካን ዲኻ፡” በሎ። እቲ ከልቢ ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ክቕሩጥሞ ዝደሊ ዓጽሚ እናረኣየ” ኣጸቢቕ ኣይሞቐኩን” ኢሉ መለሰ።

“በል ድሓን ግዜ ክውሰኽካ እየ” በሎ እቲ ሰብኣይ። ብዘይካቲ በቲ ሓያል ኣስናን ናይቲ ከልቢ ቆርጠም ቆርጠም ዝብል ድምጺ ዓጽሚ ኸኣ ኩሉ ጸጥ ኢሉ ድምጺ ዝብሃል ኣይነበረን።

ሕጂ'ውን እቲ ሰብኣይ “ኣታ ከልቢ ሕጂኸ ጌና ኣይሞቐካን ዲኻ፡” በሎ። እቲ ከልቢ ከኣ በቲ ካብቲ በረኻ ዝነፍስ ዝነበረ ዝሑል ንፋስ ከምዘይተሓጎሰ እናሓሰበ፣ መሊሱ ናብቲ ሓዊ ገጹ ተዓኩለለ። ሓንሳ ብ ክጸንሕ ከኣ ለምኖ።

ኣብዚ ግዚ'ዚ እቲ ሰብኣይ ከምብሓድሽ ከይተመልሰ ክልቲኦም እቲ ሰብኣይን እቲ ከልብን ቅልጡፍ ድቃስ ወሰዶም። ምስ ተበራበረ ኸኣ “ሕጂኸ ማሚቕኻ ወዲእካ ክትከውን ኣለካ፣” እናበለ ካብ ገዝኡ ወጺኡ ናብቲ ከልቢ ገጹ መጽኦ።

እቲ ኸልቢ፣ “ቅንዕና እቲ ዝበለጸ እዩ።” ኢሉ ወሰነ። ናብቲ ሰብኣይ እናጠመተ “እወ ሕጅስ ሞይቀ እየ። እንተኾነ ናብቲ ዝነበርክዎ በረኻ ክምለስ ኣይደለኹን፣ ምክንያቱ ኣብኡ ኩሉ ግዜ ጥሜትን ቑርን እዩ። ኣብዚ ዓዲ ምሳኻ ክነብር ግዳ ዘይትፈቕደለይ፣ ኣነ ኣብ ሃድን ኣዕዋፍን ካልኦት እንስሳታትን ክሕግዘካ። ከም ወኻርያ ኣጣልካን ደርሁኻን ኣይክሰርቀልካን እየ።” ኣነ ካብኻ ዝደልዮ፣ “ኣብ ጥቓ ሓዊ ክድቅስ፣ ተረፍ መግብኻ ኸኣ ክበልዕ ጥራይ እዩ።” በሎ።

እቲ ሰብኣይ ቅርብ ኢሉ ጠመቶ። ካብ ኣዘራርባ እቲ ከልቢ ሓቂ ይዛረብ ከምዘሎ ስለዝፈለጠ፡ “ብጣዕሚ ጽቡቕ፡ ንዓይ ከተገልግልን ክትእዘዝን መብጽዓ እንተኣቲካ፡ ኣነኸኣ ሙቕትን መግብን ክህበካ እየ” በሎ።



ካብታ ዕለት እቲኣ ኸኣ ከልቢ ምስ ሰብ ክነብር ጀሚሩ ይበሃል። ተማሃሮ፡ ብግዜ ለይቲ ወኻርያ ኡው ኡው እናበለ ካብቲ ዱር ክጽውዕ እንተሰሚዕኩም፡ ንሓዉ ኻኸልቢ ንምጽዋዕ እዩ ይበሃል። ወኻርያ ሓዉ ከልቢ ሓውን ዝብላዕ ዓጽምን ሒዚሉ ክምለስ እዩ ዝጽበ ዘሎ። ከልቢ ግን መልሲ ኣይሃቦን። ጋውሕታ ኸኣ ንበይኑ ኣብቲ ዱር ይኾልል ኣሎ።

መላመዲ

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት፡ ምሉእ ሓሳባት ሰሸዕዎም።

1. ሃድን
2. ምግዳድ
3. ምምራር
4. ምምላጥ
5. ምዕሹላል
6. ምኽርዳድ
7. ምምዛዝ
8. ደምበ
9. ምውጥዋጥ
10. ምድንጋር

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሓረጋት ግለጽዎም።

1. ክቱር ጥሜት
2. ጥራይ ኢዶም
3. ብፍርሒ ተዋሕጠ
4. ጸጥ ኢሉ
5. ብድድ ኢሉ

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ወኻርያ ከልብን ብሽመይ ይነብሩ ነበሩ፤
2. ከልብን ወኻርያ ስለምንታይ ተፈላልዮም፤
3. እቲ ንሽልቢ መሊሱ ዘጥመዮ ሓሳብ እንታይ እዩ፤
4. ከልቢ ንወኻርያ እንታይ ኢልዎ ከይዱ፤
5. መጀመርታ ሰብ ንሽልቢ ምስ ረኣዮ እንታይ ኢልዎ፤ ከልቢኽ እንታይ መሊሱ፤
6. ኣብ መወዳእታ ኣብ መንጎ ክልብን ሰብን ዝነበረ ዝርርብን ስምምዕን ግለጹ።
7. ስለምንታይ እዩ ምሽት ምሽት ወኻርያ ዝንቀሉ፤

መ. እዘን ብዛዕባ ከልቢ ዘዘንትዋ ክልተ ክፋላት ዛንታ ኣብ ምንታይ ይመሳሰላ: ኣብ ምንታይከ ይፈላለያ፤

ምዕራፍ 11
ሰገን

ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፦

- **ዝንበበልኩም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።**
- **ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።**
- **ቃላት ፊደላትን ብቅኑዕ ኣጸሓሕፉኦምን ቅርጸምን ትጽሕፉ።**
- **ምስ ደረጅኦም ዝኸይድ ጽሑፋት ብምልከት ተረዲኦም የንብቡ።**
- **ባህርን እንታይነትን ሰገን ትገልጹ።**

መእተዊ ሕቶታት፦

1. **ዓሌት ኣዕዋፍ እንብሎም እንስሳታት በዓል መን እዮም፦**
2. **እታ ዝዓበየት ዑፍ መን ይመስለኩም፦**
3. **ሰገን ርእይኩም ትፈልጡዶ፦**
4. **እንስሳታት እትብል መዝሙር ትዝምሩ።**



ኣዕዋፍ፡ ብዙሓት ዓይነታት እየን። ገሊአን ኣዚየን ደቀቕቲ፡ ገሊአን ከኣ ዓበይቲ እየን። ኣዕዋፍ ገሊአን ንነዊሕ ዝነፍራ፡ ገሊአን ከኣ ዋላኳ መንገብገብ እንተለወን ዘይነፍራ እየን። ኣብ ከባቢና ካብ እንፈልጠን ኣዕዋፍ እንተረአና፡ ደርሆ ሓንቲ ዓይነት ዑፍ ኮይና፡ ክትነፍር ትፍትን እያ፡ ግን ከም በዓል ርግቢትን ሊላን ባረቶን ዋሪን ኣይኮነትን። ኣብ በረኻ ዝነብራ ከም በዓል ቆቕኣ፡ ዛግራ፡ ዝኣመሰላ ኣዝማድ ደርሆ እየን። ሰገን ከኣ ሓንቲ ካብ ዓይነት ኣዕዋፍ ኮይና ክትነፍር ግን ኣይትኽእልን እያ።

ሰገን ነዋሕቲ መሓውር፡ ነዊሕ ክሳድ፡ ንእስ ዝበለ መንገብገብን በረኽ ሕቑን ንእሽቶ ርእስን ኣለዋ። ሓንቲ እኽልቲ ሰገን ንውሓታ ካብ ክልተ ክሳብ ክልተን ፈረቓን ሜትሮ ይበጽሕ። ክብደታ ከኣ ካብ 130 ክሳብ 150 ኪሎ ግራም ይኸውን።

ሰገን ፍሉያት ኣዒንቲ ኣለዉዋ። ንነዊሕ ኪሎ ሜተራት ከኣ ክትርኢ ትኽእል። ሰገን 90 ሰንቲ ሜተር ዝንውሓቱ ክሳድ ኣለዋ። ቀዳሞት ሰባት፡

ገመል መሰል ዑፍ ኢሎም ይጽውዑዋ ነይሮም። ምኽንያቱ ከኣ ሰገን ምስ ገመል ብብዙሕ መገዲ ስለ እትመሳሰል እዩ።

ሰገን ክትንቀሳቐስ ከላ ልክዕ ከም ገመል ዘገም እናበለት ትጐዓዝ። ከም ገመል ከኣ ማይ ከይሰተየት ንነዊሕ ግዜ ክትጸወር ትኽእል። ኣብ ሑጻዊ ምድረ-በዳታትን ጎላጕልን ትነብር።

ኣንስተይቲ ሰገን፡ ሓመዳዊ ወይ ቡናዊ ሕብሪ ኣ ለዋ። እቲ ተባዕታይ ግን መንገብገቡ ጸዕዳ ኮይኑ እቲ ካልእ ኣካላቱ ጸሊም ኢዩ። ተባዕታይ ሰገን ካብታ ኣንስተይቲ ይምልክዕ። ድምጺ ተባዕታይ ሰገን ከምቲ ኩልና ንፈልጦ ድምጺ ኣዕዋፍ ኣይኮነን። ከም ሓውሲ ናይ ገመል ኢዩ ዝግዕር። ክንቲት ሰገን መልክዐኛ እዩ። ንስልማት ተባሂሉ ከኣ ብኽቡር ዋጋ ይሸየጥ።


ሰገን ከም ኣዕዋፍ ኣይትነፍርን ኢያ። እተን ሓጸርቲ መንገብገባ፡ ክትጐዪ ከላ ሚዛና ንምሕላው ዘርጊሓተን ትጐዪ። ሰገን ኣዚያ ቅልጥፍቲ እያ። ኣብ ሰዓት ካብ 64 - 80 ኪሎሜተር ክትጐዪ ትኽእል።

ከም ኵሎም እንስሳታት፡ ሰገን ካብ ጸላእታ እትከላኸለሉ ሜላ/ኣገባብ ኣለዋ። ንሳ ብሓደ ኣንፈት ትኽ ኢላ ኣይትጐይን እያ። ጸላእቲ ኣብ ዘጋጥምዋ ኣብ ክቢ ትጐዪ። ንሰብ ይኹን ኻኻልኦት ተጻባእታ ብእግራ ነዲሓ ከተውድቐም ዓቕሚ ዘለዋ፡ ኣዚያ ሓያል ዑፍ እያ። ሓደ ሰብ፡ ንበይኑ ክሕዛ ኣይክእልን እዩ። ብዙሓት ኮይኖም ግን ኣኽቢቦም ክሕዝዋ ይኽእሉ። ስለዚ ሰገን ብቕሊሉ እትግመት ፍጥረት ኣይኮነትን።

ሓንቲ ኣንስተይቲ ሰገን ዓሰርተ እንቋቕሖ ምስ ወለደት፡ ሕቅቕ ትብል። ከምቲ ግዝፋ ከኣ እንቋቕሖ ሰገን እቲ ዝዓበየ እዩ። ሓደ እንቋቕሖ ሰገን ክሳብ ኪሎን ፈረቓን ይምዘን።

ኣብ መንጎ ኣንስተይትን ተባዕታይን ሰገን ናይ ስራሕ ምክፍፋል ኣለዎም። ካብ ጸላእቶም ንምክልኻል ከኣ በብተራ ሓለዋ ይወጽኡ። እቲ ተባዕታይ ሰገን፡ ካብ ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት ሾሞንተ ንጽባሒቱ ንግሆ ይሕሉ። ብድምር ዓሰርተ ሽዱሽተ ሰዓታት ሓለዋ ይወጽእ። እታ ኣንስተይቲ ሰገን ከኣ ብግዲኣ፡ እተን ዝተረፋ ሾሞንተ ሰዓታት ትሕሉ።

ሕቕፎ ሰገን ንሹዱሽተ ሰሙን ይጸንሕ። ድሕሪ ሽዱሽተ ሰሙን ምስ ነቕሑ ጨቓዊት ሰገን ቀልጢፎም ይዓብዩ። ኣብ ሽድሽተ ወርሒ ከኣ እኹላት ሰገን ይኾኑ። ሰገን ኣብ መሮር ዝነብራን ምስ ሰብ ዝነበራን እየን። ክሳብ ሕጂ ተበጺሑ ከምዘሎ እተን ዘቤታውያን ክሳብ ኣርብዓ ዓመታት፡ እተን ዘገዳማውያን ከኣ ክሳብ ሰላሳ ዓመት ብህይወት ይነብራ። ሰገን ኣእካል፡ ፍረታት፡ ሳዕርን ኣቕጽልትን ትምገብ። ናእሽቱ ኣዕዋፍን ሓሳኹን እውን ትበልዕ እያ።



ሰገን ኣብ ሃገርና ኣብ ዞባ ሰሜናዊን ደቡባዊን ቀይሕ ባሕሪ ብብዝሒ ክትርከብ ከላ ብዉሑድ ዓቕን ከኣ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ትርከብ። ኣብ ገማግም ባሕሪ ብዕስለ ትንቀሳቐስ። ሰገን ካብተን እናጸነታ ዝኸዳ ዘለዋ ኣዕዋፍ እያ። ሓንቲ ካብተን ክዕቀባን ጽኑዕ ምቑጽጻር ክግበረለን ዘለወን እንስሳታት ምኻነን ከኣ ኩሉ ግዜ ዘክሩ።

መላመዲ

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ንውሓትን ክብደትን ሰገን ክንደይ እዩ፤
2. ሰገን ካብ ዓሌት ዑፍ ኢያ፡ ብባህሪያታ ምስ መን ትመሳሰል፡ ብኸመይ ይመሳሰሉ፤
3. ንሰገን ዑፍ ዘብልዋ ባህርያት እንታይ እንታይ እዮም፤
4. ካብተን ካልኦት ኣዕዋፍከ ብምንታይ ትፍለ፤
5. ኣንስተይቲ ሰገንን ተባዕታይ ሰገንን ብምንታይ ይፈላለዩ፤
6. ሰገን ካብ ጸላእታ ብምንታይ ትከላኸል፤
7. ሕቑፎ ሰገን ክንደይ መዓልታትዩ፤
8. ሰገን እንታይ እንታይ ትምገብ፤
9. ኣብ ሃገርናኸ ኣበይ ትርከብ፤
10. ብዛዕባ ሰገን ዘደንቑ ነገራት እንታይ እንታይ ኣለዉ፤
11. ክብደት ብምንታይ ይዕቀን ርሕቀትከ፤

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተመሳሰልቲ ትርጉም ርኸቡሎም።

1. ምጽናት
2. ምንዳሕ

3. ሚዛን
4. መሓውር

ሐ. በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ስርሑ።

1. ነዋሕቲ
2. ዘገም
3. መንገብገብ
4. ዕጡቕ
5. ሓለዋ
6. ግምት
7. ፈራሕ
8. ክንቲት

መ. ነዞም ኣብ “ሀ” ዘለዉ ምስ ኣብ “ለ” ዘለዉ ኣዛምድዎም።

“ሀ”	“ለ”
1. 80 ኪሎ ሜተር	ሀ. ክብደት
2. ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ	ለ. ቆጂሕ
3. ሓደ ኮንታል	ሐ. ሰገን
4. ዘመድ ደርሆ	መ. ርሕቀት
5. ዝነውሐ ሰዓት ኣብ ሓለዋ	ረ. ተባዕታይ ሰገን

1.ሃገሩ ገዲፉ ናብ ካልእ ሃገር ክነብር ከደ				ተ	ኛ
2. ንዝኾነ ነገር ክገብር እየ በሃላይ				ቦ	ኛ
3.ንመጓዓዝያ ንጥቀመሎም እንስሳታት				ዓ	ኛ
4. ዝይናቱ ብሓይሊ ክወስድ ዝፍትን				ጸ	ኛ
5. መሃዚ				ተ	ኛ

ምዕራፍ 12
ቅኑዕ ተግባር ንመን

ዝድለብ ብቕዓት፦

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፦


- ንዝንበበልኩም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታትትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡን ብኣኦም ምሉእ ሓሳባት ትሰርሑን ትትርጉሙን።
- ኣብ ቅድሚ መማህርትኩምም ወጺእኩምም ዝርርብ ተካይዱ።
- ካብ ዝተዋህብኹም ናይ ተጸውዖ ኣስማት ስም ሓባር ትረኽቡ።
- ሰናይ ተግባር ከም ባህሊ ኩሉ ተማሃራይ ከዘውትሮ ከም ዘለዎ ትገልጹ።

መእተዊ ሕቶታት፦

1. ንዓብበይቲ ሰባት ተኽብሩዶ፧
2. ስለምንታይ ኢና ንዓበይቲ ሰባት ነኽብር፧ ዘርዚርካ ግለጽ፧
3. ንዓበይቲ ዘየኽብሩ ሰባት እንታይ ምበልክሞም፧
4. ጽቡቕ ጠባይ እትብል መዝሙር ትዝምሩ።

ቅኑዕ ተግባር ማለት እንታይ ማለት ኢዩ፤ እዚ ብመሰረቱ ከምዚ ማለት ኢዩ ኢልካ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ከኣ ብግብሪ ክትግበር ከሎ እዩ ዝምዘን።

ትጉሃት ተማሃሮ፣ ኣብ ዝኾነ ግዜ ኣይህከዩን ኢዮም። እንታይ ገደሰና ከይበሉ፣ ኻኹሉ ነገራት ብግቡእ የማልኡ። ኩሉ ዝሰርሕዎ ስራሕ ጽቡፍን ምሉእን እዩ። ኩሉ ግዜ ብሩህ ገጽ የርእዩ። ኣብ ቤት-ትምህርቲ ምስ መማህርቶም ከጽንዑን ክሰርሑን ውዓ ሎም ደኺምና ከይበሉ ንወለዶም ይሕግዙ።



ትጉሃት ተማሃሮ፣ ኣብ ግዜ ዕረፍቶም ኮነ ኣብ ግዜ ትምህርቶም ፍልጠት ኻኽቐስሙ፣ ሓርኮትኮት ይብሉ። ንዘይተረደኣም ይሓቱ። ንዝተጋገዩ መማህርቶም ይእርሙ። ምኽርን ማዕዳን መማህራኖምን ወለዶምን ሰሚየም፣ ብግብሪ ይትግብርዎ። ብዕድመ ካብኣቶም ንዝዓብዩ የኽብሩ። ኻኹሎም መማህርቶም፣ ንወዲ ኮነ ንደቂ-ኣንስትዮ ብማዕረ ይርእዩን የኽብሩን። ምስ ኩሎም ከኣ ይተሓጋገዙ።

ኣብ ዓዲ ጽንዓት ገድሎም፡ ሓሰን፡ ናጽነት ዝበሃሉ ተማሃሮ ነበሩ። እዞም ተማሃሮ እዚኣቶም ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ኣብ ሓንቲ ቤት-ትምህርቲ ከኣ ዝመሃሩ ኢዮም። ንግሆ ተንሲኦም፡ ከምቲ ግቡእ ገጸም ተሓጺቦም፡ ክሳብ ዝቼርሱ ጥራዛቶም ገንጺሎም የጽንዑ። ቀጮርሶም በሊያም፡ ማህደሮም ኣልዒሎም፡ ኣብቲ መዓልታዊ ዝራኸቡሉ ቦታ ተጸባብዮም ብሓባር ንቤት- ትምህርቶም ይኸዱ።



ቃጭል ምስ ተቓጨለት፡ ብቕልጡፍ ኣብ መስርዕ ይርከቡ። መማህራን ንዝህብዎም ትምህርቲ ብግቡእ ይከታተሉ። ኩሉ ግዜ ንዘይተረደኦም ይሓቱ። መማህራን ንዝሓተትዎ ይምልሱ። ምስ ደቂ-ክፍሎም ይተሓጋገዙ። መማህራኖም ከኣ ኣዚዮም ይፈትውዎምን የተባብዕዎምን ነበሩ።

እዞም ሰለስተ ንኡዳት ተማሃሮ፡ ኣብ መገዲ ኣይፈላለዩን እዮም። ኣብ መገዲ ንዝረኽብዎም ሰባት ብትሕትና ሰላም ይብሉ። ንዝተጸገሙ ሰባት ይሕግዙ። ኣብ መገዲ ከይተደናገሮ ንገዝኣም ይኣትዉ።



ሓደ መዓልቲ፡ ምስ መማህርቶም ክተሓተቱ ጸኒሖም፡ ንገዝኦም ይኽዱ ነበሩ። ብማዕዶ ሓንቲ እኽሊ ተሰኪመን፡ ሰከም ከቢድወን፡ ቀስ እናበላ ዝጐዓዛ ሰበይቲ ረኣዩ። “እዋይ እዘን ሰበይቲ ኣዚዮ ከቢድወን ኣሎ። ኽኪድባ ንሓግዘን:” በለት ናጽነት። ገድሎምን ሓሰንን ከኣ “ሓቕኺ፡ ንዑናይ” ተበሃሊሎም እናጐየዩ ኣርከብወን። “ከመይ ውዒልክን ኣደ ናበይ ኢኽን: ክሳብቲ ኽኸዶ እናተበራረና ክንሕግዘክን ኣውርደኦ” በልወን።



እተን ዓባይ ሰበይቲ ብተግባር ናይዞም መንእሰያት ተማሃሮ እናተገረማ፡ “እዞም ደቀይ፡ ሓገዝ እኳ ምደለኹ፡ እዛ መሬት ግን ዓሪባ እያ ከይጽልምተኩም ደኣ፡” በለአም። ንሳቶም ግን “ደሓን ኣደ ሃብነ ደኣ” ኢሎም ነቲ ጾረን ኣውሪዶም ከምቲ ዝበልዎ እናተበራረዩ፡ ምስተን ሰበይቲ እናዕለሉን እናተሓታተቱን ንዓዶም ተጓዓዙ።

እተን ዓባይ ሰበይቲ በቲ ተግባራት ናይቶም ተማሃሮ መመሊሰን እናተገረማ፡ ኣሎ ዝበሃል ምርቓ እናመረቓ ኣብ ገዝአን በጽሓ።



በዓል ገድሎም፡ ሓሰን፡ ናጽነት፡ ደንጉዮም ስለ ዘይፈልጡ፡ ስድራኣም ኣዚዮም ተሻቒሎም ነበሩ። ኣብ ነንሕድሕዶም ከኣ “ኣንታ እዞም ቄልዑ ደኣ እንታይ ረኺብዎም፡ ዘይኣመሉም!” እናተበሃሃሉ ይጽበዩ ነበሩ። ገሊኣም ከኣ “ገለ ደኣ ኣብ ቤት ትምህርቶም ስራሕ ረኺቦም ኮይኖም እምበር ክሳብዚ ሰዓትዚ ደኣ ካብ መዓስ” ይብሉ ነበሩ። ከምዚ ኢሎም እናተሻቖሉ ከለዉ፡ ብማዕዶ ቅልቅል ክብሉ ረኣይዎም። “ተመስገን! እኖመለ መጺኣም።” ኢሎም ተቖበልዎም።

በብወገኖም ንወለዶም ሰላም ኢሎም ጥራዛቶም ኣቕሚጦም ኮፍ ምስ በሉ፡ ወለዶም፡ “ሎሚ ደኣ እንታይ ረኺቡኩም ዘይኣመልኩም ደንጒኹም ኣሻቒልኩምና እንዲኹም።” ትብል ሕቶ ኻኹሎም ቀረበትሎም።




ወለዶም፡ ጠባያት ደቆም ኣጸቢቕም ስለ ዝፈልጡ፡ ዘጠራጥር ነገራት ኣይነበሮምን። ምኽንያት መደንጐዱኣም ኻኽፈልጡ ኢዮም ሓቲቶሞም። በብናቶም ከኣ እቲ ምኽንያት መደንጐዱኣም ገለጹሎም። እቶም ወለዶም ከኣ ብተግባራት ናይዞም መንእሰያት ደቆም እናተሓጐሱ፡ “ንፉዓት ጽቡቕ ግብሪ እዩ። ንዝተጸገመ ምሕጋዝ ከኣ ኩሉ ዝፈትዎ ቅዱስ ተግባር እዩ።” እናበሉ ነዚ ጽቡቕ ተግባራቶም ክቕጽልዎ ኣተባብዕዎም።

ንጽባሒቱ ንግሆ፡ ነቲ ኣብ ከባቢ ገዛውቶም ዝነበረ ረሳሕ ነገራት ክጸርጉ መደብ ስራሕ ነይርዎም። ኣንጊሆም ተንሲኦም ከኣ መጀመርታ ሓደ መአከቢ

ዝኾኖም ጉድጓድ ኮሚቶም ኣዳለዉ። ነቲ ከባቢኦም ኣጋዕዝዩ ዝነበረ ርስሓት ኣብቲ ጉድጓድ ኣኪቦም ቀበርዎ። ድሕሪ ዕረፍቶም ከኣ ከምቲ ግቡእ ኣካላቶም ተሓጺቦም ክዳውንቶም ኣጽርዮም ንቤት-ትምህርቶም ከዱ።

እዞም ተማሃሮ እዚኣቶም፡ ነዚ ተግባራትዚ ክፍጽሙ ከለዉ፡ ዝተዓዘብዎ ሓደ ደስ ዘየበሎም ነገር ነይሩ። እቲ ንሳቶም ነተን ዓባይ ሰበይቲ ዝሓገዙሉ መዓልቲ፡ ቅድሚኦም ዝሓለፉ ተማሃሮ፡ ነተን ሰበይቲ ተገዲዐን ከለዋ ገገዲፎመን ይሓልፉ ነይሮም።

ገድሎም፡ ናጽነት ሓሰን ኣብ ቤት ትምህርቶም ምስ በጽሑ እቶም ኣብቲ ዝሓለፉ መዓልቲ ነተን ሰበይቲ ገዲፎመን ዝሓለፉ ተማሃሮ፡ ከዕልሉ ጸንሕዎም። ገድሎም ናብኣቶም ገጹ ከደ። ሓሰንን ናጽነትን ከኣ ሰዓብዎ። ከምዚ ከኣ በሎም። "ትማሊ ምሸት ካብ ትምህርቲ ወጺእና ክንከይድ ከለና፡ ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ እኽሊ ተሰኪመን ክኽዳ ረኺብኩም ኔርኩም። ክንዲ ትሕግዝወን ግን ገዲፍኩመን ሓሊፍኩም እንታይ ኮንኩም ዘይሓገዝኩመን:" ኢሉ ሓተቶም። እቶም ተማሃሮ እቲ ተግባራቶም ተዘኪርዎም ዝን ኢሎም ሰቐ በሉ።



ሓሰንን ናጽነትን ብወገኖም ኣስዕብ ኣቢሎም፡ “ትምህርቲ፡ ፈደል ምቕጻር ጥራይ ኣይኮነን። ምሕጋዝ ከኣ ንወለድና ጥራይ ምሕጋዝ ኣይኮነን። ኽልኣት ዝተጸገሙ ዓበይቲ ሰባት ምሕጋዝ ከኣ ሓደ ካብቲ ንሕና ተማሃሮ ክንገብሮ ዝግባኣና ኢዩ። ትማሊ ዝገበርክሞ ግን ጌጋ እዩ። መምህራንና ኩሉ ግዜ ኣብ ትምህርቲ ሞራል፡ ንዓበይቲ ክነኽብር ንዝኾነ ጽጉም ክንሕግዝ ይምዕዱና እዮም። ንሕና ግን ኣብ ግብሪ ኣይነውዕሎን ዘለና።” እናበሉ መዓድዎም።

እቶም ተማሃሮ፡ ጽን ኢሎም ምስ ሰምዕዎም፡ “እወ፡ ሓቅኻትኩም ኢኹም። ጸወታ ስለ ዝሓዝና ከየስተብሃልናለን ሓሊፍና። ጌጋና ተረዲኡና ኣሎ ድሕሪ ሕጂ ኣይንደግሞን ኢና።” ኢሎም ቃል ኣተዉሎም። ተተሓሒዞም ከኣ ናብ ከክፍሎም ኣ ተዉ።

እዞም ህርኩታት ተማሃሮ እዚኣቶም ካልእ ብልጫ እውን ኣለዎም። ኩሉ ስርሑም ብመደብ ኢዮም ዝሰርሕዎ። ሕዝ-ግድፍ ኣይፈትዉን እዮም። ዝወጠንዎ ስራሕ እናተሓጋገዙ ይሰርሑ። ንናጽነት እንተጸገማ ሓሰን ይሕግዛ። ንገድሎም እንተጸገሞ ከኣ ናጽነትን ሓሰንን ይሕግዝዎ። በዚ ስራሓትዚ ከኣ ኩሉ ከባቢኦም ይፈትዎምን የኽብሮምን።

መላመዲ

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተመሳሰልቲ ርኸቡሎም።

1. ትጉህ
2. ፍሕሹው
3. ድኻም
4. ጸገም
5. ጭንቂ
6. ትሑት

ለ. ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ቃላት ኣርባዕተ መሪጽኩም ምሉኣት ሓሳባት ስርሑ።

ሐ. ነዞም ጽሕፋት ኣሪምኩም ጽሓፍዎም።

1. ይፈትዎ መምህሩ ንፉዕ ተማሃራይ
2. ጽቡቕ ኢዩ ንዓበይቲ ምኽባር
3. የፍልጠካ ብዙሕ ነገራት ትምርህቲ
4. ትህኪት ኣይፈቱን ተማሃራይ ትጉህ
5. ተሓጋገዙ ኣብ እዋን ምስ መማህርትኹም ስራሕ
6. ልምዲ እዩ ምፍቃርን ምኽባርን ንብጾትኩም ጽቡቕ

መ. ቀጺሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ።

1. ትጉህ ተማሃራይ ዝበሃል ከመይ ዝበለ እዩ:
2. ንዝወሃበኩም ትምህርቲ ብግቡእ ምክትታል ንምንታይ ይጠቕመኩም:
3. ስለምንታይ ብዕድመ ንዝዓብዩና ነኽብር:
4. ስለምንታይ ኣብ ከባቢና ንዝርከብ ርስሓት ኣኪብና ንቕብሮ:
5. ስለምንታይ ሃገርና ነፍቅር:

ረ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብ ግቡእ ቦትኡም ኣእትዉዎም።

ውጥን	ትኩራት	ትቕስም
ጽልግልግ	ምትብባዕ	ብሓባር
ትጉሃት	ፍቕሪ	ንጥፈት

1. ብትምህርቲ ንዝደኸሙ ጽቡቕ ንኽሰርሑ _____ቀንዲ ስራሕኩም ይኹን።
2. ንፉዓት ተማሃሮ መዓልታዊ ስርሓቶም ብ___ ___ይፍጽሙ።
3. ናይ ስራሕ _____ምውጻእ ንስራሕኩም ኣሳ ልጦ ይህብ።
4. ካብ ትምርህቲ ብዙሕ ፍልጠት ---------
5. ተማሃሮ ብስርሖም_____ ን _____ ን ክኾኑ ኣለዎም።
6. _____ምስራሕ ክንፈቱ ኣለና። ምኽንያቱ ኸኣ ብዙሕ ተመክሮ ክንረክብ ንኽእል ኢና።
7. ምስ መማህርትናን ጎረባብትናን_____ ክህልወና ይግባእ።
8. ትማሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ስለ ዘምሰና፡ መሬት _____ ምስ በለ ገዛና ኣቲና።

ነዞም ዝተማሃርክሞም ዓሰርተ ኣውራ ክንድ ስም ፡ ኣብ ዘዝሰማምዖም ቦታታት ምልኡ

1, (_____) ትማሊ መጺእ።
2. (_____) ጽባሕ ኪመጽኡ ኢዮም።
3. (_____) ዕዮ ገዛ ኣይሰራሕናን።
4. (_____) እንታይ ኮንክን ዘይመጻእክን።
5. (_____) ትማሊ ጽቡቕ ደርፊ ደሪፉ።
6. (_____) ጽባሕ ንናቕፋ ኪድ።
7. (_____) ኣይትኸድን ኢኺ።
8. (_____) ገባሮ ኢኹም።
9. (_____) ተባዕ ተጋዳላይ ኢዩ።
10.(_____) ኣብዚ ኣይነበራን።

ምዕራፍ 13
ዝብእን ሰብኣይ

1. ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፤

- ካብ ዘንበብኩማ ዛንታ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላኩትም ተዘንትዉን።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ፡ ብተመሳሰልትን ትገልጽዎምን ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።
- ፈኽራ፡ ትምክሕቲ። ተንኪልን ንብጻይካ ምትላልን ክጠፍእ ዘለዎ ጠባይ ምኻኑ ትገልጹ።

መእተዊ ሕቶታት፦

1. ዝብኢ ኣበይ ይነብር፤
2. ወኻርያ ሰፈራ ኣብ ምንታይ እዩ፤
3. ካብ ዝብእን ወኻርያን መን ይበልሕ ኢልኩም ትግምቱ፤
4. እንስሳታት እትብል መዝሙር ትዝምሩ።

ብመጀመርታ ወኻርያ፡ "ዓርከይ ዝብኢ፡ ይምሓረና ደኣ፡ ካብ ሰሪ መዓቱ የውጸኣና እምበር፡ ሰብኣይ እንተመጺኡስ ክውደኣና እዩ። ስለዚ ተጣቢብካ እንተዘይ ኮይኑ ካብ መዓቱ ከተምልጥ ኣይትኽእልን ኢኻ" በለት።

ዝብኢ ብወገኑ፡ ክሳዱ ገቲሩ፡ "ስኞ በሊ በኇኺ ንሰብኣይ ደኣ እንታይ ክርእየሉ። ጥራይ ንርከቦ እምበር ከርእዮ እየ። ጠኒነ ኣትየ ክብዝብዞ እየ" እናበለ ብዙሕ ተኸሃረ።

ወኻርያ፡ ትኞብል ኣቢላ ንምርካቡስ ኮታ ባዕለይ ምሓገዝኩኻ በለቶ። ንሱ ከኣ "ሕራይ ኣርእይኒ ጥራይ እንታይ ከምዝገብር ከርእየኪ እየ።" ተበሃሊሎም፡ ንጽባሒቱ ኣንጊሁ ንክመጽእ ተሰማሚየም ተፈላለዩ።

ንጽባሒቱ ከም ቈጸራኦም፡ ዝብኢ ናብ ወኻርያ መጽኣ። ንሳ ከኣ ንዝብኢ ናበይ ከም እትወስዶ ሕስብ ሓዲራ፡ ሓደ ሃዳናይ ወርትግ ናብ ዝኸዳ ዝነበረ ቦታ መሪሓቶ ከደት። ክሳብ እቲ ሰብኣይ ዝበሃል ዝመጽእ ከኣ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽዑኞ ገረብ ተሓቢኦም እናዕለሉ ተጸበዩ።

ድሕሪ ቁሩብ ግዜ፡ ሓደ ኣረጊት ሰብኣይ ምርኩስ ሒዙ ጉብጥ ጉብጥ እናበለ ክሓልፍ ረኣይዎ። ዝብኢ ህውኽ ኢሉ "እዚ ዲዩ እቲ ሰብኣይ ዝበልክዮ፧" በላ። ወኻርያ፡ ቀስ ኢላ "እዚ ሰብኣይ ኣይኮነን ሰብኣይ ዝነበረ እዩ በለቶ። ብድሕርዚ፡ ሓደ ተማሃራይ ማህደሩ ተኽሎልኩሉ ንቤት-ትምህርቱ ክኸይድ በቲ መገዲ መጽኣ። ዝብኢ "እዚ ዲዩ እቲ ዝበልክዮ፧" በላ። ወኻርያ ሕጂውን ህድእ ኢላ "ዓርከይ ዝብኢ ኣይትተሃወኽ። እዚ ኣይኮነን እዝስ ሰብኣይ ክኸውን

እዩ” በለቶ። ዝብኢ ኣዚዩ ተሃወከን ተጨነቐን።

ኣብ መወዳእታ እቲ ዝጽበይዎ ዝነበሩ ሃዳናይ መጽአ። እቲ ሃዳናይ ግንጽሉ ተሓንጊጡ ጎድኡ ተዓጢቹ ነበረ። ወኻርያ ቀስ ኢላ ካብ ዝነበረቶ ብድድ ኢላ፡ “ዓርከይ ዝብኢ፡ ተዳሎ ተዳሎ ወዮ ሰብኣይ እነሀ ልካ ይመጽእ ኣሎ። ሃየ በል ኪድ በዝብዞ። ኣነ ግን ግዜ ከይሓልፈኒ ናብ ስርሐይ ክኸይድ እየ። ኣብ ጽቡቕ የራኽበና። ኣጆኻ ኣይትሕመቕ! እሞ እንተደኣ እ..” ኢላ ጠጠው በለት። “ኣብ መወዳእታ እንታይ ከም ዘጋጠመካ ከተዘንትወለይ ድሓር ምጻእ።” ኢላ ተሰናቢታቶ ቀልጢፋ ካብ ዓይኑ ተሰወረት።



ዝብኢ፡ ወኻርያ ምህዳማ ኣዚዩ ኣጠራጠሮ። ካብቲ ዝሓሰቦን ዝፈከረሉን ግን ክተርፍ ኣይደለየን። ምኽንያቱ ከኣ ኣብ ቅድሚ ወኻርያ ብዙሕ ስለ ዝፈከረ ክትክዕቦ ኣይደለየን።

ዝብኢ ሆየ፡ ካብቲ ተሓቢኡሉ ዝነበረ ገረብ ወጺኡ፡ ናብቲ ሃዳናይ ጠነነ። እቲ ሃዳናይ ኣጋጣሚ ኣብታ መዓልቲ እቲኣ እኹል ጠያይት ኣይነበሮን። ኣዚዩ ከኣ ጐሃየ። ይሽን እምበር ከይተሰናበደ፡ ግንጽሉ ለጉሙ ገጹ ገሰሞ። ዝብኢ ቆለጭ ኢሉዎ

ኣጉረምረመ። ንድሕሪት ግን ኣይተመለሰን። እቲ ሃዳናይ እውን ኣይሓመቐን ካልኣይ ግዜ ተኮሱ ዓይኑ ደፈኖ። ሕጂውን ዝብኢ ኣይተመለሰን። ካብ ክቱር ሕርቃን ዝተላዕለ፡ ኣስናኑ ሓርቀምቀም እናበለ ብዙሕ ኣጉረምረመ። ደርገፍገፍ እናበለ ከኣ ናብቲ ሃዳናይ ህሩግ በለ። እቲ ሃዳናይ ነቲ ተዓጢቕዎ ዝነበረ ጎዶ መዚዙ ብትሕዞ ዘጢጡ ራዕ ኣበሎ። ካብዚ ንደሓር ዝብኢ ክጸወር ኣይከኣለን። ብድድ ኢሉ ክሳብ ዝከኣሎ እግረይ ኣውጽእኒ ኢሉ እናገዓረ ሃደመ።



ወኻርያ፦ ኣብ ኣፍደገ ጉድጓዳ ኰይና ክትጽበዮ ጸኒሓ፡ ብማዕዶ ክመጻ ምስ ረኣየቶ፡ ቅልቅል ኢላ ጸንሓቶ። ንሱ ዘረባ ከይጀመረ ከኣ “በልስከ ዝብኢ ዓርከይ ከመይ ጌርካ በዝበዝካዮ፧ እስከ ኣዕልለኒ” በለቶ። ዝብኢ ብቓንዛ እናተሳቐየ፡ ሃይ፡ ሃይ፡ እናበለ፡ “ስቅ ደኣ በሊ ወኻርያ ድሕሪ ደጊምሲ ገጽ ሰብኣይ ኣየርእየኒ።

ዝብኢ፦ ሰብኣይ ዝበሃል ከምዚ ምኻኑ እንተዝፈልጥ ነይረ፡ ኀኽርእዮ ኣይምተመኻኹን” በላ።

ወኻርያ፦ ሕቶኣ ብምቕጻል፡ “ከመይ ገይሩ ደኣ ከምዚ ገበረካ፧” ኢላ ሓተተቶ።

ዝብኢ:- እናስቆርቁረ፣ “ኣብ እንግዳዓኡ ሓደ ረጉድ በትሪ ሒዙ ነይሩ። ኣነ ናብኡ ገጸይ ክጠንን ምስ ረኣየኒ፣ ነቲ በትሩ ኣውርድ ኣቢሉ፣ ብኣፉ ኡፍ፣ ኡፍ፣ በለ። ሽዑ ካብቲ በትሪ ገለ ነገር መጺኡ ገጸይ መሸለቕኒ። እንታይ መጺኡኒ: ኢለ ልበይ ህልም ኢሉኒ ደርገፍገፍ እናበልኩ ህሩግ ኢለ ኣተኽዎሞ፣ መሊሱ ኡፍ በለ። ሽዑ ከኣ ገለ ከም በርቅን ነጐዳን መጺኡ ዓይነይ ገሰመኒ።” ኢሉ ኩሉ ዘጋጠሞ ገለጸላ።

ወኻርያ:- መወዳእትኡ ክትሰምዕ እናተሃወኸት፣ “ዳሕራይከ ኢላ፣” መሊሳ ሓተተቶ።
ዝብኢ ሓንሳእ ሰኞ ድሕሪ ምባል፣ “ህድእ እሞ በሊ ነገሩ ገና ኣይተወደአን:” ኢሉ ዘረባኡ ቀጸለ። “ካልእ እንታይ ምኻኑ ኣይፈልጠን እየ፣ ኣብቲ ጐድኑ ገለ መሰንገለ ዝመስል ተዓጢቑ ጸኒሑ ምሽት ኣቢሉ ኣውጸአ። መቸም እንታይ ክብለኪ እየ መስ መስ እናበለ ዓይንኻ እዩ ዘሕምም ብኡ ገይሩ ኣብ መሬት ከም ምዉት ክሳብ ዝዝርጋሕ ዘበጠኒ።” ምስ በላ ወኻርያ ናይ ዘለዋ ካዕካዕ ኢላ ሰሓቐት። ኣናኣላገጸት ከኣ “ነዚ ዲኻ ደኣ እዚ ኹሉ ዝፈከርካን ዝተጀሃርካን፣ ተኻሃሪ ምኻንካ ሎሚ ፈሊጠካ። ክዘጋግሎ እየ ኢልካስ ተዘጋጊልካ መጺእካ። በል ሰብኣይሲ ከምዚ እዩ ዝገብር ርሓቐለይ በል ንዓይ ከኣ ከይተለክመኒ ኢላ ናብ ጉድጓዳ ኣትያ በጥ በለት።

ካብዚ እንታይ ንመሃር፧

መላመዲ

ሀ. ክትፈልጥዎም ዝግበኣኩም ቃላት።
1. ምብዝባዝ ምብትባት
2. ምስዋር ምኽዋል

3.	ግንጽል	ጠበንጃ ናይ ሃድን
4.	ምድላው	ምቅርራብ
5.	ጎዶ	ዓቢ ካራ ሃዳናይ ዝጥቀመሉ
6.	ጠኒኑ	ሓኒኑ፡ ትኽ ኢሉ
7.	ጓሂ	ሓዘን
8.	ምጉርምራም	ምዕዝምዛም
9.	ህሩግ	ውትፍ
10.	ምግዓር	ዓዕ ምባል
11.	ምምሽላቕ	ምንዳድ፡ ምሕራር
12.	ምዝግጋል	ምብጃል= ቦግ ቦግ ኣብልካ ምውሳድ
13.	ጃህራ	ትምክሕቲ፡ ፈኽራ፡
14.	ምኽዓብ	ምምዛን፡ ምግምጋም
15.	ትምክሕቲ	ትዕቢት

ለ. ነዞም ቀጺሎም ዘለዉ ቃላት ትርጉም ርኸቡሎም። ሰለስተ መሪጽኩም ኣብ ምሉእ ሓሳባት ኣእትውዎም።

1. ወርትግ
2. ሕሹኽ
3. ብቕጽበት
4. እንግድዓ
5. ምህንጣይ

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብመሰረት እዛ ንባብ መልሱ።

1. ዝብእን ወኻርያን ኣብ መጀመርታ ርክቦም ብዛዕባ እንታይ ተዘራሪቦም፧
2. ብዛዕባ ሓይሊ ሰብኣይ ኣጋኒኑ ዝተዛረበ መን እዩ፧
3. ወኻርያ ንዝብኢ ናበይ ወሲዳቶ፧

4. ዝብኢ ነቲ ሽማግለ ሰብኣይ ምስ ረኣዮ ወሻርያ እንታይ ኢላ መሊሳትሉ፧
5. ነቲ ተማሃራይከ እንታይ እዩ ኢላቶ፧
6. እቲ ሰብኣይ ዝበሃል ምስ መጽአ ወሻርያ እንታይ ገይራ፧
7. ዝብኢ ስለምንታይ ክሳብ መወዳእታ ፈቲኑ፧
8. እቲ ዝብኢ በትርን መሰንገለን ዝበሎ እንታይ እዩ ነይሩ፧

መ. ነዛ ትስዕብ ጽሕፍቲ ስርዓተ-ነጥቢ ኣማሊእኩም ጽሓፍዋ።

ዝብኢ ብወገኑ ክሳዱ ገቲሩ ስቕ በለ በኻኪ ንሰብኣይ ድኣ እንታይ ክርእየሉ ጥራይ ንርከቦ እምበር ከርእዮ እየ ጠኒነ ኣትየ ክብዝብዞ እየ እናበለ ብዙሕ ተኻሃረ ወሻርያ ትቕብል ኣቢላ ንምርካቡስ ኮታ ባዕለይ ምሓገዝኩሻ በለቶ ንሱ ኸኣ ሕራይ ኣርእይኒ ጥራይ እንታይ ከምዝገብር ከርእየኪ እየ ተበሃሊሎም ንጽባሒቱ ኣንጊሁ ኀኽመጽእ ተሰማሚያም ተፈላለዩ

ረ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተመሳሰልቲ ርኸቡሉም።

1. ኻህራ =
2. ምህዳእ =
3. ተዳሎ =
4. ዕሙር =
5. ደርገፍገፍ =

ሰ. ነዞም ዝስዕቡ ሓረጋት ግለጽዎም።

1. ልበይ ህልም ኢሉኒ
2. ገጹ ገሰሞ
3. ብዘይ ልበይ

4. ምሽት ኣቢሉ
5. ግንጽሉ ተሓንጊጡ
6. ካብ ዝነበረቶ ብድድ ኢላ
7. ናብቲ ሃዳናይ ህሩግ በለ
8. ናብቲ ሃዳናይ ጠነነ

ምዕራፍ 14
ጸሓይን ንፋስን

1, ዝድለብ ብቕዓት፦

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፤

- ዝንበበልኩም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ፡ ብተመሳሰልትን ትገልጽዎምን ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።
- ናይ ምውሳእን ምዝራብን ዓቕምኹም ተንጸባርቑን መልእኽትታት ተመሓላልፉን።
- ፈኽራ፡ ትዕቢት፡ ዋጋ ከም ዘይብሉ ትዕግስትን ህድኣትን ከም ዘዐውት ትገልጹ።

መእተዊ ሕቶታት፤

1. ካብ ባህርያዊ ምንጭታት ብርሃን ክልተ ጥቐሱ፤
2. ቀትሪ ብርሃን ካብ መን ንረኽቦ፤
3. ንፋስ እንታይ እዩ፤
4. ጽሬት ትብል መዝሙር ትዝምሩ።

ሓደ ግዜ ጸሓይን ንፋስን ብዛዕባ ኣብ ፍጥረት ዘወፈይዎ ስራሕ የዕልሉ ነበሩ። ጸሓይ ሙቐትን ብርሃንን ከየቋረጸት ትህብ ምኽና ገለጸትሞ ከምዚ በለት።

ጸሓይ:- ኣነ ብጨራይ ገይረ እየ ዘገልግል። ኩሉ ግዜ ብሩህን ፍሕሽውን ገጽ ኣሎኒ። ለይትን መዓልትን ረብሪበ ከይበልኩ ስርሐይ ኣሳልጥ።

ንፋስ:- ኣነ ድማ ተንቃሳቓሲ ኣየር እየ። ንህይወት ዘለዎ ፍጡር ንምስትንፋስ እሕግዝ። ዝኾነ ህይወታዊ ብዘይ ኣየር ክነብር ኣይክእልን እዩ።ኣነ ምስ ዝብርትዕ ኣብ ባሕሪ ማዕበል፡ ኣብ መሬት ህቦብላ የልዕል።በዚ ኣብ ባሕሪ ኮነ መሬት ዘርእዮ ናህሪ እምካሕ እየ።ኣብ መሬት ከማይ ሓያል የልቦን።ንኹሉ ብሓይለይ ኣብ ትሕቲ ምቑጽጻረይ እየ ዘእትዎ። ኣብ ሓደ ቦታ ኩሉ ግዜ ደው ኣይብልን እየ። ተወናጫፋይ ማዕበል፡ ህቦብላ፡ ዘራጊቶየ ክንድር ከለኹ ንህይወታውያን ሸበድበድ እየ ዘብሎም እናበለ ደረቱ ነፊሑ ፈከረ።

ጸሓይ፤ (እቲ ፍሕሽው ገጻ ከይለወጠት) “ኣንታ ንፋስ እንታይ ኢኻሞ ክትብል ትደሊ ዘለኻ።”

ንፋስ፤ “ኣነ ንፋስ ኣነ ካብ መኣዝን ናብ መኣዝን ዝወናጨፍ ሓያል ምኽነይ እመንለይ። ንኹሉ ፍጥረት ከምዝእዝዝ ፍለጢ: ኣነ ሓያልየ።

ጸሓይ፤ (ብህድኣት) “ንፋስ ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ኣይትበል።ኩላትና ሰስራሕና ክንፍጽም ክኢልና ኣለና። እንተኾነ ግን ኣነ ሓያል፡ኣነ ኣዛዚ ምባል ኣየድልን እዩ። ኩሉ ዓይነት ስራሕ ጥቕሚ ዝህብ እንተኾይኑ፡ ብቑዕ እዩ። ስለዚ በጃኻ ሓይሊ ተሰሚዑኒ ኢልካ ኣይትሃውኸኒ።”

ንፋስ፤ “ጸሓይ ከማኺ መዓስ ኮይኑ፡ ካብ ቦታ ናብ

ቦታ እናከድኹ ንኹሉ ሰጥ--ሰጥ” እየ
ዘብሎ። “ንምንታይ ብሓይለይ ዘይኮርዕ።”
ጸሓይ ዝኣክል ምኽሪ ሂባቶ ምስማዕ ምስ
ኣበያ፡

ጸሓይ፡ “በል ንፋስ ሓያል ምኳካ ክፈልጥሲ ዝብለካ
ስምዓኒ።እስኪ ነዚ ኣብ ቅድሜኻ ዝኸይድ
ዘሎ ሰብ ኣይ ካባኡ(ባርኖሱ) ኣውርደሉ።




ንፋስ፡ “ነዚ ደኣ እንታይ ክርእየሉ።ብቕጽበት መልሲ
ተመልከቲ።” (ብድሕርዚ ናይ ዘለዎ ዓቕሚ
ብናህሪ ፉፍ ክብል ጀመረ።እቲ ሰብኣይ ድማ
ካብኡ ከወድቆ ብኢዱ ግጥም ኣቢሉ ሓዘ።
ንፋስ ተባሳጭዩ ዘለዎ ሓይሊ ወሲኹ ነፈሰ።
ሕጂውን ገና ኣይተዓወተን ኣብ መወዳእታ
ድማ ለኸ በለ። ከምቲ ዝተባህሎ ኪፍጽም
ከምዘይክእል ድማ ንጸሓይ ገለጸላ።



ጸሓይ፤ “በል ንፋስ ኣነ ነዚ ሰብ ኣይ ካባኡ ከም
ዘውጽእ ኪገብሮ እየ።”
ንፋስ፤ “ኣየ ጸሓይ! ኣነኳ ብሓይለይ ዘይተዓወትኩስ፡
ንስኺ ክትዕወቲ ማለት ኣይመስለንን።ግን
ፈትኒ” በላ።

ጸሓይ ሙቐታ ብቐስ እናበርትዐ ከደ።ወዮ ኪንዓዝ
ዝጸንሐ ሰብኣይ ሃሩር ኪስምየ ጀመረ።ድሕሪ ቕሩብ
እቲ ሰብኣይ ነቲ ረስኒ ክጻወሮ ኣይከኣለን። ነቲ
ትኽዲንዎ ዝነበረ ካባ ድማ ኣውረዶ። ዓጺፉ ከኣ ኣብ
ኢዱ ኣንጠልጠሎ ።



ንፋስ ኵነታት ይዕዘብ ነበረ። እቲ ሰብኣይ ካባኡ ከውርድ ምስ ረኣየ ድማ ሓፈረ።

ጸሓይ፡ “ንፋስ: እዚ ሰብኣይ ዝገብሮ ዘሎ ትርእዮዶ ኣለኻ፧”
ንፋስ፡ ነቲ ነዊሕ ጭሕሙ እናሓሰየ “እወ ጸሓይ: ዝበልክዮ ኣብ ግብሪ ከም ዘርኣኽዮ ኣሚነ።” ኢልዋ ተፈልየ።

ካብዚ እንታይ ትማሃሩ፧

መላመዲ

ሀ. ቀጺሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ

1. ጸሓይን ንፋስን ብዛዕባ እንታይ የዕልሉ ነበሩ፧
2. ካብ ጸሓይ እንታይ ንረክብ፧
3. ጸሓይ ብምንታይ ገይራ ተገልግለና፧ መዓስን መዓስን፧
4. ንፋስ ንምንታይ ይጠቅም፧
5. ጸሓይ “ኩሉ ዓይነት ስራሕ ጥቕሚ ዝህብ እንተድኣ ኮይኑ ብቑዕ እዩ” ክትብል ከላ ሓቃ ድያ፧ ብኽመይ፧
6. ናይ ጸሓይን ንፋስን ውድድር ቅኑዕዶ ይመስለካ፧ ስለምንታይ፧
7. ናይ ጸሓይ ሙቐት ኣብ ዝበርትዓሉ ግዜ እንታይ ይስመዓኩም፧ ብኽመይ ትከታተልዎ፧

ለ. በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ስርሑ

1. ማዕበል
2. ህቡብላ
3. ተወናጫፋይ
8. ዘወፈይዎ
9. ብግዲኡ
10. ናህሪ

4. ሸበድበድ
5. ሰጥ-ሰጥ
6. ካባ
7. ሃሩር
11. ደረቱ
12. ለሽ በለ
13. ክንድር
14. ተበሳጨወ

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ብእሩም ኣገባብ ጽሓፍዎም

1. ኣየር ተንቃሳቃሲ እዩ ንፋስ።
2. ግርጭታትካ ብልዝብ ፍትሓዮ ከይነሃርካ።
3. ማዕበል ኣብ ብርቱዕ ባሕሪ ትማሊ ነይሩ።
4. ኩሉ ግዜ ደው ሓደ ኣብ እየ ቦታ ኣይብልን።
5. ቀስ ብቀስ እናበርትዐ ከደ ሙቐታ።

ተወሳኺ መላመዲታት

መ. ካብዛ ዘንበብኩማ ጽሕፍቲ፡ ናይ ተጸውያን ሓባርን ኣስማት ፈሊኹም ጽሓፉ።

ቀጺሎም ዘለዉ ናይ ምውድዳር ሓሳባት ተመልኪትኩም ኣብቲ ባዶ ቦታ ዝሰማምዓልኩም ቃል ምልኡ።

ሰገን ካብ ማንቲለ ትቐልጥፍ። ማንቲለ ካብ ወኻርያ ትቐልጥፍ። ወኻርያ ካብ ሓርማዝ ትቐልጥፍ። ሓርማዝ ካብ ጎብየ ይቐልጥፍ።

ስለዚ፧

ካብ ኩሎም_____ሰገን እያ።
ካብ ኩሎም_____ከኣ ጎብየ ኢዩ።

ምዕራፍ 15
ዝጋደል ይዕወት


1, ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ:-

- **ካብ ዘንበብኩማ ዛንታ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።**
- **ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ፡ ብተመሳሰልትን ትገልጽዎምን ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።**
- **ካብዛ ዘንበብኩማ ወይ ዝሰማዕኩማ ዛንታ ዝተዋጽኡ ሕቶታት ብገለጽቲ ቃላት ትምልሱ።**
- **ጻዕረኛን ህርኩትን ውዒሉ ሓዲሩ ጻማ ጻዕሩ ከም ዝረክብ ትገልጹ ።**

መእተዊ ሕቶታት፧

1. **ኣብ ከባቢኹም ጻጸ ክንቀሳቐሱ ከለዉ ርኢኹምዶ ትፈልጡ፧ እንታይ ይገብሩ፧**
2. **ንጻጸ መግቡ መን ይህቦ፧**
3. **ብዛዕባ ጻጸ ዘለኩም ትዕዝብትታት ግለጹ፧**
4. **እንስሳታት እትብል መዝሙር ትዝምሩ።**



ጻጸ፡ ብሓንሳብ ዝነብሩ ደቀ'ቕቲ ህይወታውያን ኢዮም። እዞም ፍጡራት እዚኣቶም፡ ከምቲ ኩሉ ፍጡር ዝገብሮ፡ ሓርኮትኮት እናበሉ መግቦም ይምእርሩ። መግቢ ክደልዩ ከለዉ፡ ነናብ ኮርናዑ ፋሕ ኢሎም፡ ነንዝረኽብዎ መግቢ፡ ናብቲ ናይ ሓባር ሰፈሮም የምጽእዎ።

ሓደ ግዜ፡ ክረምቲ ኣብ ምእታዉ፡ ከምቲ ልሙድ፡ ኣብ ግዜ ክረምቲ ኣብ ጐዳጉዶም ተዓቑቦም፡ ዝምገብዎ መግቢ ክእክቡ በብዝኸድዎ ሃሰውሰው ክብሉ ጀመሩ።

ሓደ ጻጸ፡ ተፈልዩ እናኸደ ከሎ፡ ሓንቲ ፍረ ስርናይ ረኸበ። ብዘለዎ ዓቕሚ ተሰኪሙ ናብ ሰፈሮም ከእትዋ ከኣ ብዙሕ ተቓለሰ።

ፍረ ስርናይ፡ ንሓደ ጻጸ፡ ኣዝዩ ከቢድን ብዙሕ ጻዕሪ ዘድልዮን ሰከም ኢዩ። እቲ ጻጸ ዝኸደሉ ዝነበረ መገዲ፡ ጥጡሕ ኣይነበረን። ብዙሕ ሳዕርን ዕንጨይትን ዝመልኣ ነበረ። ጻጸ፡ ነዚ መገዲዚ፡ ነታ ፍረ ስርናይ ተሰኪሙ ጠሓሒስዎ ክሓልፍ ብዙሕ ፈተነ። ሓንሳብ ብልዕሊኡ፡ ሓንሳብ ከኣ ብትሕቲኡ፡ ክሓለፍ ሒኽ በለ። ክኾነሉ ግን ኣይከኣለን።


ብድሕርዚ ኹሉ ጻዕሪ፡ ጻጸ እስከ እንተሓሸ ኢሉ፡ ነቲ ዝነበሮ መገዲ ገዲፉ ብካልእ መገዲ ክቕይር ወሰነ።

ከምቲ ዝሓሰቦ መገዲ ቀይሩ ክኸይድ ከሎ፡ ሓንቲ ንእሽቶ ቀዳድ ረኺቡ ብኣኣ ሰሊኹ ክሓልፍ ፈተነ።



ሕጂ'ውን ኣይተዓወተን። ኣብ ፍርቂ ምስ በጸሐ ምስ ስርናዩ ቁልቁል ኣፉ ወደቐ። ኣዚዩ ደኺሙ ስለ ዝነበረ ከኣ ኣብ መሬት ዘርጋሕ በለ። ጻጸ፡ ተስፋ ከይቁረጸ ብኡንቡኡ ብድድ ኢሉ፡ ነታ ፍረ ስርናዩ ነኺሱ ከምብሓድሽ መገዱ ቀጸለ። ኣብቲ ዝሓሰቦ ቦታ ክሳብ ዝበጽሕ ብዙሕ ግዜ ወደቐን ተንሰኣን። ይኹን እምበር ሕልናኡ ከየዕረበ ብሓቦ ቀጸለ። ፈጺመ፡ እዛ ፍረ ስርናይ እዚኣ ኣብ ሰፈርና ከየብጻሕክዋ፡ ዕረፍቲ የለን ኢሉ። ብኻልእ ሽነኽ ክፍትን ተበገሰ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ነታ ፍረ ስርናይ ሒዙ፡ ብልዕሊቲ ሳዕርን ዕንጨይትን ቦሎኽ ኢሉ ወጽኣ። ትኽ ዝበለ መገዲ ሒዙ ከኣ ናብቲ ዝሓሰቦ ሰፈሩ በጽሐ። እቲ ኣድካሚ ጕዕዝኡ ከኣ ብዓወት ተዛዘመ።

ካብዚ እንታይ ትመሃሩ፧



መላመዲ

ሀ. በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉኣት ሓሳባት ስርሑ።

1. ጥሙሕ
2. ምግዳል
3. ጠሓሒስዎ
4. ዓቕሚ
5. ሕልና

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ናይ ሓባር ስም ኣብዝሑ።

1. ወዲ
2. ፍረ
3. መዓልቲ
4. ፍረ
5. ጎቦ

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ኣብ ባዶ ቦታ ምልእዎም።

መሃዘ፡ ወዲቑ ብድድ፡ ቦሎኽ፡ ከይቈረጽኪ፡

1. ሓሊማ ኣቦኣ ክመጽእ ምስ ረኣየቶ ካብቲ ዝነበረቶ -------- ኢላ ተቐቢላቶ።
2. እቶም ተጋደልቲ ካብቲ ኣድብዮሙሉ ዝነበሩ----- ኢሎም ወጺኦም ንጸላኢ ኣጥቂየም።
3. ናብ ዝሓሰብክዮ ክትበጽሒ ተስፋ ---------- ተቓለሲ።
4. ሽግሩ ንምቅላል ሓደ ጥበብ ----------።
5. ማና ክጐዱ ከሎ ---------- ጸጋመይቲ እግሩ ተሰይሩ።

መ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ጻጸ ክጐዓዙ ከለዉ'ዶ ርኢኹም ትፈልጡ: ካብኡ እንታይ ትዕዘቡ:
2. እቲ ጻጸ ነቲ ኣብ መገዲ ዝነበረ ሳዕርን ዕንጨይትን ብኽመይ ሰጊርዎ:
3. እቲ ጻጻ ሓንቲ ቀዳድ ረኺቡ ክሓልፍ ከሎ እንታይ ኣጋጢምዎ:
4. ጻጸ መግቡ ሒዙ ክጐዓዝዶ ርኢኹም ትፈልጡ:
5. ካብዛ ኣርእስቲ'ዚኣ እንታይ ተማሂርኩም:

ረ. ነዞም ዝስዕቡ ሓረጋት ገሊጽኩም ኣብ ምሉእ ሓሳብ ኣእትውዎም።

1. ቁልቁል ኣፉ
2. ዘርጋሕ በለ
3. ወደቐን ተንስኣን
4. ሕልናኡ ኣየዕረበን
5. ቦሎኽ በለ

ሰ. እተባህለ

ንጥፈት ተማሃራይ

1. ክንደይ ክፍሊ ትመሃር:	ሳ				
2. መሕጸቢ ክዳውንቲ	ሳ				
3. ንእሽት ዕትሮ	ሳ				
4. ስነ- ፍልጠት	ሳ				
5. ዕሙር ንይላ	ሳ				

ምዕራፍ 16
ናይ ምስጋና ደብዳቤ

1, ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ ፡

- **ናይ ዕድመ፡ ምስግና፡ ናይ ጥርዓን ደብዳቤ ትጽሕፉ። ዝጸሓፍዎ ደብዳቤ ኣብ ቅድሚ መማህርትኹም ወጺእኩም ተንብቡ።**
- **ቃላትን ፊደላትን ብቕኑዕ ኣጸሓሕፉኦምን ቅርጸምን ይጽሕፉ።**
- **ናይ ቃላት ፍልጠኩም ክብ ብምባል ካብታ ዛንታ ዝተዋጽኣ ሓደስቲ ቃላት ብተመሳሰልትን ኣንጻርን ትገልጽዎምን ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።**
- **ጥበብን ኣጸሓሕፋን ደብዳቤ ተረዲእኩም ደብዳቤታት ትጽሕፉ።**

መእተዊ ሕቶታት፡-

1. **ካብ ወለድኹም ወይ መቕርብኹም ደብዳቤ መጺኡኩም ይፈልጥዶ፧**
2. **ንወለድኹም ደብዳቤ ኣንቢብኩሙሎም ትፈልጡዶ፧**

3, **ስፖርት እትብል መዝሙር ትዝምሩ።**

ደብዳቤ ሓደ ካብቲ ብጽሑፍ መልእኽቲ እነመሓላልፈሉ መራኸቢ እዩ። መልእኽቲ ናብ መነመን ንሰድድ: እንታይ እንታይከ ንብል፧

መልእኽቲ ናብ ወለድና፣ ናብ ኣዕሩኽና፣ ናብ ኣሕዋትና ክንልእኽ ንኽእል። ንሳቶም ከኣ ብተመሳሳሊ መገዲ ይልእኩልና።

ብዘይካዚ ጥርዓናት ነቕርበሉ፣ ዕድመ ንዕድመሉ፣ ስራሕ እንሓተሉ ደብዳቤ፣ ኣሎ።

ደብዳቤታት ከከም ዓይነቶም ዝተፈላለዩ ኢዮም። ገሊኦም ናይ ናፍቆት ሰላምታ ዝሓዙ። ገሊኦም ከኣ ናይ ዕድመ መልእኽቲ ዝሓዙ። ካልእ ከኣ ናይ ምስጋና፣ ናይ ሓበሬታ ክኾኑ ይኽእሉ። እስከ ንዘን ናይ ምስጋና ደብዳቤታት ንርኣ።

ኣብነት 1

ናይ ምስጋና ደብዳቤ

ዕለት.....

ዝኸበርኩም ተማሃሮ 3ይ ሀ፡-

ኣብ ዝሓለፈ ዓርቢ ናብቲ ፍሉይ መደብኩም ንዝገበርኩምልና ዕድመ ኣዚና ነመስግነኩም። ዛንታታትኩም ኣዚዩ ጽቡቕ ነይሩ። ብዙሕ ስሒቕና። እቲ ተዋስኦኹም ይኹን ጽሑፋትኩምዉን ይበል ዘበለ ነይሩ። በቲ ዘርኣኹሞ ሓያል ጻዕሪ ንዓኻትኩምን መማህራንኩምን እንቕዕ ሓጐሰኩም። ንሕና ኸኣ ብጽቡቕ ትማሃሩ ስለ ዘለኹም ብዙሕ ተሓጉስና።

ብልቢ ካብ ዝፈትውኹም ወለዲ ተማሃሪት
መብራት መብራህቱ

ወ/ሮ ለተብርሃን ኣብርሃ
ኣቶ መብራህቱ ኪዳነ

---------- 0 ----------

መላመዲ

ሀ. ናብ ኣብ ርሑቑ ዝርከቡ: ቤተሰብኩም:
ኣዕርኽቱኹም ናይ ምስጋና ደብዳቤ ጸሓፉ።

ለ. ማህደር ገዚኡ ንዝሰድደልኩም ቤተሰብኩም ናይ
ምስጋና ደብዳቤ ጸሓፉ።

ሐ. ንሓደ ጽብቕቲ መጽሓፍ ዝሰደደልኩም
ፈታዊኹም ናይ ምስጋና ደብዳቤ ጸሓፉ።

ኣብነት 2 ዕድመ
ናይ ምስጋና ደብዳቤ

ዕለት.....

ናብ ዝኸበርካ ተወልደ ሃይለ

ተወልደ ከመይ ቀኒኻ: ኣብ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ መገዲ ኣስመራ ከረን፣ ኣብ ከባቢ ዓዲ-ተከለዛን ጎማ ማኪና ነፊሱኒ ተጸጊመ ጸኒሐካ። ንሸኻ ዝነበረካ ቅያር ጎማ ሂብካኒ። ንሸኻ ነስመራ፣ ኣነ ኀኸረን ተጓዓዝና። በቲ ዝገበርካለይ ምትሕብባር ናብ ዝሓሰብክዎ በጺሐ ስረሐይ ኣሳሊጠ። በዚ ቅዱስ ተግባርካ ኣዝየ ኣመስግነካ። እታ ዝሃብካኒ ቅያር ጎማ፣ ምስ ስዒድ ዝተባህለ መራሕ ኣውቶቡስ ሰታየ ቀጽሪ ሰለዳ ER-3 035677 ሰዲደልካ ኣለኹ። ምስ ተቐበልካያ መልእኽቲ ስደደለይ። ብደሓን የራኽበና።

ካብ ሓውኻ ሮሞዳን ኣደም

---------- 0 ----------

መ. እተባህለ

ምዕራፍ 17
ናይ ዕድመ ደብዳቤ

1. ዝድለብ ብቐዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፦

- **ናይ ዕድመ፡ ምስግና፡ ናይ ጥርዓን ደብዳቤ ትጽሕፉ። ዝጸሓፍዎ ደብዳቤ ኣብ ቅድሚ መማህርትኹም ወጺእኩም ተንብቡ።**
- **ቃላትን ፊደላትን ብቐኑዕ ኣጸሓሕፋኦምን ቅርጸምን ይጽሕፉ።**
- **ናይ ቃላት ፍልጠኩም ክብ ብምባል ካብታ ዛንታ ዝተዋጽኣ ሓደስቲ ቃላት ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።**
- **ጥበብን ኣጸሓሕፋን ደብዳቤ ተረዲእኩም ደብዳቤታት ትጽሕፉ።**

መእተዊ ሕቶታት፦

1. **ካብ ወለድኩም ወይ መቐርብኩም ደብዳቤ ምጺኡኩም ይፈልጥዶ፦**
2. **ንወለድኹም ደብዳቤ ኣንቢብኩሙሎም ትፈልጡዶ፦**
3. **ወለድና እትብል መዝሙር ትዝምሩ።**

ደብዳቤ ሓደ ካብቲ ብጽሑፍ መልእኽቲ እነመሓላልፈሉ መራኸቢ እዩ። መልእኽቲ ናብ መነመን ንሰድድ፡ እንታይ እንታይከ ንብል፧

መልእኽቲ ናብ ወለድና፣ ናብ ኣፅሩኽና፣ ናብ ኣሕዋትና ክንልእኽ ንኽእል። ንሳቶም ከኣ ብተመሳሳሊ መገዲ ይልእኩልና።

ብዘይካዚ ጥርዓናት ነቕርበሉ፣ ዕድመ ንዕድመሉ፣ ስራሕ እንሓተሉ ደብዳቤ፣ ኣለሙ።

ደብዳቤታት ከከም ዓይነቶም ዝተፈላለዩ ኢዮም። ገሊኦም ናይ ናፍቆት ሰላምታ ዝሓዙ። ገሊኦም ከኣ ናይ ዕድመ መልእኽቲ ዝሓዙ። ካልእ ከኣ ናይ ምስጋና፣ ናይ ሓበሬታ ክኾኑ ይኽእሉ። እስከ ነዘን ናይ ዕድመ ደብዳቤታት ንርኣ።

ኣብነት 1

ናይ ዕድመ ደብዳቤ

ዕለት.....

ናብ ዝኸበርኪ መሓዛይ ሰዓዳ መሓመድ፣-

ሰዓዳ፣ ከመይ ቀኒኺ፡ ምስ ኩሎም ቤተ-ሰብኪ፡ መሓዛይ ኣነ ምስ ኩሎም ቤተ-ሰብ ጽቡቕ ኣለኹ። ንሸኺ ከኣ ጽቡቕ ክትህልዊ እምነ።

እሞ ሰዓዳ፣ ንዝመጽእ 20 ጥሪ፣ ኣዜብ ሓውተይ ክትምርየ እያ። ስለዚ ኣብቲ እንገብሮ ጽንብል ምሳና ክትውዕሊ እዕድመኪ።

መሓዛኺ ትርሓስ ተወልደ

---------- 0 ----------

ኣብነት 2

ናይ ዕድመ ደብዳቤ

ዕለት.....

ናብ ዝኾበርኩም ኣቦይን ኣደይን፡-

ንዝመጽእ ዓርቢ ክፍልና 3ይ ሀ፡ ባዕልና ዝጸሓፍናዮ ናይ ተዋስኦ ዛንታታት ከነንብብ ኢና። ስለዚ ነዚ እነንብቦ ዛንታታት ክትሰምዑ ንዕድመኩም።

እንጅምረሉ ሰዓት፡ ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቀትሪ እዩ።
ክትመጽኡ ተስፋ ንገብር።

ካብ ተማሃሪት መብራት መብራህቱ
ወኪል ተማሃሮ 3ይ ሀ

---------- 0 ----------

ኣብነት 3

ዕለት.....

ናብ ዝኾበርካ ሰመረ ዓርከይ
ከመይ ኣለኻ ጸጋ ጥዕናኻ: ንሕና ጽቡቕ ኣለና። ንስኻትኩምውን ጽቡቕ ክትልዉ ናይ ወትሩ ትምኒትና እዩ።

ሰመረ ዓርከይ ቀጺል ክነግረካ ዝደሊ ነገር ኣሎ። ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሓምለን ፋልመይቲ ሰሙን ወርሒ ነሓሰን ዝጽንበል በዓል ኣሎ። ሃገራዊ ጽምብል ኤርትራ እዩ። ምሳይ ሓቢርካ ክትሳተፍን ክትሕጎስን ኣዕድመካ ኣለኹ። ስለዚ መደባትካ ኣቐዲምካ ክትሰርዕ ተስፋ እገብር።

ኣቦይን ኣደይንውን ምሳይ ኮይኖም ይዕድሙኻ ኣለዉ። እዚ ጽንብልዚ ከይሓልፈካ “ሓድራ” ኢሎም ይምሕጸኑኻ ኣለዉ። ብዛዕብ መደቀሲ ኣይትሰከፍ። ንስድራ ቤት ምዉቕ ሰላምታ ኣብጽሓለይ።

መልሶኻ ብሃንቀውታ ዝጽበ ሓውኻ
ፈልሞን 3ይ “ለ”
መባእታ ቤት ትምህርቲ ሰምበል
ሰምበል

---------- 0 ----------

መላመዲ

ሀ. ናብ ኣብ ርሑቕ ዝርከቡ፡ ቤት-ሰብኩም፡ ኣዕርኽቲኹም፡ መሓዙትኩም፡ ናይ ዕድመ ደብዳቤ ጽሓፉ።

ለ. ጽቡቕ ተግባራት ንዝገበሩ ሰባት፡ ናይ ዕድመ ደብዳቤ ጽሓፉ።

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት፡ ኣብ ምሉእ ሓሳባት ሸኹዕዎም።

1. ትምኒት
2. ኣጋጣሚ
3. ምጉዓዝ
4. ምስላጥ
5. ምስጋና

ነዞም ዝስዕብ መምርሒታት ኣንቢብኩም ዕየዩ

1. ኣብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ዝመሃሩ ተመሃር ምሳኹም መጺኡም ኩዕሶ እግሪ ክጻወቱ ናይ ዕድመ ደብዳቤ ጸሓፍሎም።
2. ኣብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ዝመሃር ዓርኽኹም/መሓዛኩም/ክን ምሳኹም መጺኡ ከጽንዕ ናይ ዕድመ ደብዳቤ ጸሓፍሉ።

ምዕራፍ 18
ዕድመ እንስሳታትን ኣግራብን

ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ:-

- ዝንበበልኩም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ፡ ብተመሳሰልትን ትገልጽዎምን ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።
- ኣብ ቅድሚ መማህርትኩምም ወጺእኩምም ዝርርብ ተካይዱ።
- ዕድመን እንስሳታትን ኣግራብን ትገልጹ።


መእተዊ ሕቶታት:-

1. ካብ ዓበይቲ ኣግራብ መነ መን ትፈልጥ፧
2. ካብ እንስሳታት ነዊሕ ዕድመ ዘለዎም በዓል መን እዮም፧
3. ተኽሊ እትብል መዝሙር ትዝምሩ።

እንስሳታትን ኣግራብን ባህርያዊ ሃብቲ እዮም። ምክንያቱ ከኣ ደቂ-ሰብ ካብ እንስሳታትን ኣግራብን ብዙሕ ይጥቀሙ።

እዞም ፍጡራት እዚኣቶም፣ ህይወታውያን ኢዮም። ተፈጢሮም፣ ኣሪጎም ዝሞቱሉ ግዜ ኽኣ ኣለዎም። እዚ ኵነታት'ዚ ልክዕ ከምቲ ንሰብ ዘጋጥሞ ፍጻሜታት እዩ። ደቂ-ሰብ ተወሊዶም ዓብዮም፣ ወሊዶም ኣሪጎም ይሞቱ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት መስርሕ ግን፣ ብዝተፈላለየ ሓደጋን ሕማምን እቲ ንቡር መስርሕ ከይሓለፉ ዝሞቱ ኣለዉ። ኣግራብን እንስሳታትን ከኣ ካብዚ ፍጻሜታት'ዚ ሓራ ኣይኮኑን። ገሊኦም በቲ ባህርያዊ መገዲ ይጓዓዙ። ገሊኦም ግን ኣብ መንጎ ብሕማም: ብጥሜት:ብሓደጋ ይሞቱ። ደቂ ሰብ እውን ንረብሓኦም ክብሉ ንገሊኦም ብንእሽተኦም ንገሊኦም ምስ ዓበዩ የጥፍእዎም።



ዕድመ እንስሳታትን ኣግራብን ክበሃል ከሎ እምበኣር፡- እቲ ብንቡር መስርሕ ብህይወቶም ክጸንሕዎ ዝኽእሉ ግዜ እዩ። እንስሳታትን ኣግራብን ዝተፈላለዩ እዮም።

ኣብ ዝተፈላለየ ቦታን ዓይነት ክሊማን ከኣ ይርከቡ። ብኡ መጠን ከኣ ዕድሚኡም ዝተፈላለየ እዩ።


ኣግራብ፡ ነቶም በላዕቲ ሳዕርን ቁጽለ-መጽልን ዝኾኑ እንስሳታት ቀለቦም እዮም። እቶም በላዕቲ ስጋ ኾኣ ነቶም በላዕቲ ሳዕሪ እናተመገቡ ኣብ ዑቕባ'ቶም ኣግራብ ይነብሩ። ስለዚ ኾኣ፡ ኩሎም ህይወታውያን ኣብ ሕድሕዶም ብዘሎ ዝምድና እናተጸላለዉ ይነብሩ።

ኣግራብ እንተዘይ ሃሊዮም፡ በላዕቲ ሳዕርን ቁጽለ-መጽልን ኣይህልዉን። ብዘይ ህላወ እዚኣቶም ከኣ፡ እቶም በላዕቲ ስጋ ኣይህልዉን።

ዕድመ እንስሳታት ብምንታይ ይፍለጥ:

ዕድመ እንስሳ ኪግምገም ዚከኣል፡ በቲ ዚጎርፎ ኣስናን እዩ። ዕድመ ናይ ኣግራብከ ብምንታይ ይፍለጥ: ዕድመ ናይ ኣግራብ ንምፍላጥ: ጉንዶም ቆሪጽና ከበብቲ ቀለቤታት ክንዕዘብ ንኽእል። ነፍሲ-ወከፍ ቀለቤት ሓደ ዓመት የመልክት። በተን ብዝሒ ቀለቤታት ዕድመ ናይ'ቲ ገረብ ይፍለጥ። ሓደ ዓቢ ገረብ ብመጋዝ ኪቑረጽ ከሎ ተዓዚብኩም ኣረጋግጹ።

ዕድመ ናይ ገለ እንስሳታትን ኣግራብን ከም'ዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ። እዚ ዕድመ'ዚ ግን እቲ ማእከላይ ገምጋም ዕድመታት ምኻኑ ክንግንዘብ ይግባእ።



እንስሳታት


ዓይነት	ስም	ዕድመ
መጽዓኛ	ፈረስ	30 ዓመት
	በቕሊ	30
	ገመል	25
ካልኦት እንስሳ ዘቤት	ላም	20 ዓመት
	ብዕራይ	25
	ከልቢ	15
	ድሙ	11
ኣዕዋፍ	ንስሪ	30 ዓመት
	ሰገን	30 - 40
እንስሳ ዘገዳም	ሓርማዝ	50 ዓመት
	ኣንበሳ	20
	ነብሪ	12
	ጤለበዱ	15
	ህበይ	15
ኣብ ማይ ዝነብሩ እንሳስታት	ሳልሞን ዓሳ	15 ዓመት
	ሻርክ ዓሳ	20
	ከልቢ ዓሳ	30 ሰሙን
ሓሳኹ	ኣንበጣ	6 ወርሒ
	ጻጸ	6-10 ወርሒ
	ጽንጽያ	3-6 ሰሙን
ለመምቲ	ሓርገጽ	50 ዓመት

ካብዚ ዕድመታት እዚ፡ ሓደ ክንግንዘቦ እኽእል ነገር ኣሎ። ንሱ ኽኣ እቶም ነዊሕ ዕድመ ዘለዎም እንስሳታትን ኣግራብን ንኽፋረዩ ዚነውሐ ግዜ ይወስዱ። ቀጽሮም ከኣ እናወሓዱ ይኸዱ ኣለዉ። ካብ እንስሳታት፡ ሓርማዝ፡ ሰገን ካብ ኣትክልቲ ድማ፡ ኣውሊዕ፡ ከም ኣብነት ኪጥቀሱ ይከኣል።

ኣግራብ

ዓይነት	ስም	ዕድመ
ኣም	ድማ ኣውሊዕ	1000 ዓመት 200-300 ዓመት

ድማ ካብ ኣእዋም ዚነውሐ ዕድመ ኣለዎ። ኣብ ዉሱን ቦታታት ሃገርና ከኣ ይርከብ። እቶም ዝርካቦም እውን ውሑዳት እዮም።



ሓርማዝ ካብ እንሳስታት ዳርጋ ዝነውሐ ዕድመ ኣለዋ። ሓርማዝ ኣብ ሃገርና ትርከብ እያ። ኣብቲ ግዜ ኮናት ጠፊኣ ነይራ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ምቹእ ኩነታትን ሰላምን ስለዝረኸበት ተፋርያ። ኣብ ዘራእቲ

ጉድኣት ተውርድ ኣላ። ከም ከልቢ፡ ገመል፡ ዓሳ ታት፡ ሓሻኹ እንተወሰድና ግን፡ ዝሓጸረ ዕድመ ኣ ለዎም። ኻኹሎም እንስሳታት ኣእዋምን ጥንቃቐታት ኪግበረሎም ኣለዎ። ብፍላይ ከኣ ነዊሕ ዕድመ ዘለዎም እንስሳታትን ከምኡ'ውን ነቶም እናጽነቱ ዝኾዱ ዘለዉ እንስሳታትን ኣእዋምን ኣግራብን ፍሉይ ዕቃበ ጥንቃቐ ክግበረሎም ከምዘለዎ ኩሉ ግዜ ዘክሩ።

መላመዲ

ሀ. ክትፈልጥዎም ዝግባኣኩም ቃላት።

ቃላት	ተመሳሰልቲ
ምብራስ	ምጥፋእ(ንገረብ)
መዕቈቢ	መከላኸሊ
ምፍራይ	ምብዛሕ
ምዕቃብ	ብጥንቃቐ ምሓዝ
ኣዝዩ	ብብዝሒ ኣመና
ምጽናት	ምጥፋእ(እንስሳ)

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ኣግራብን እንስሳታትን ኻኸይበርሱ እንታይ ዓይነት ጥንቃቐታት ክንገብረሎም ይግብኣና፧
2. ዕድመ እንስሳታት ብምንታይ ይፍለጥ፧ ናይ ኣግራብ'ከ፧
3. ስለምንታይ ኢና ነቶም ዚነውሐ ዕድመ ዘለዎም ኣግራብን እንስሳታትን ኣዚና ክንጥንቀቐሎም ዘለና፧
4. ኣብ ከባቢኹም ካብ ዘለዉ እንስሳታትን ኣግራብን እቲ ዝነውሐ ዕድመ ዘለዎ መን እዩ፧

ለ. ኣሪምኩም ጽሓፉ።

1. ኣግራብ ዕድመ ካብ ዘለዎም ድማ እዩ ዝነውሐ ሓደ
2. ብቑጽሮም ብዙሓት ሓሳኹ እዮም ኣዝዮም እንስሳ
3. ዘቤት ከልቢ፡ ድሙ እዮም እንስሳ
4. ዕድመ ብምጉራፍ እንስሳታት ይፍለጥ ኣስናን
5. ዕድመ ቀለቤት ኣግራብ ይፍለጥ ብምቑጻር

ሐ. ምሉእ ሓሳባት ስርሑ።

1. በሪሱ
2. ተፋርዩ
3. ምዕቃብ
4. ጸኒቱ

1. ተወሳኺ መላመዲ

ዛህራን ራሂልን ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሓርነት እየን። ትማሊ ናይ ስፖርት መዓልቲ ስለዝነበረ፡ ክልቲኣን ናይ ገመድ ዝላ (ሃክቲ) ይጸወታ ነበራ። ኣነ ኣማዕ ድየ እርእየን ነበርኩ። ንሳተን ከኣ ብፍጥነት ይወሳወሳ ነበራ። ብዙሓት ሰባት ናብቲ ሜዳ መጽኡ። ኪዕ ዘብወን ከኣ ጀመሩ። ኣነ ከኣ ንጥፈታተን እናገለጽኩ ኣረዲኣዮም። ንሳቶም ከኣ ብዙሕ ተደንቐ።

ሀ. ካብ'ዛ ጽሕፍቲ ኣስማትን ክንድ ስምን ኣውጽኡ።

ለ. ነዞም ዚስዕቡ ኣስማት ክንድስም ርኸቡሎም።

1. ዛህራን ራሂልን
2. ተማሃሮ
3. ሰባት

ሐ. ቀጺሎም ዘለዉ ኣስማት ኣብዝሕዎም፡

1. ኣደ	2. ዒሉ	3. ስልኪ
4. ፍርዲ	5. ኩርባ	6. እምባ
7. ሚዳ	8. ፍጻሜ	9. ጎቦ
10. ሽቦ	11. ለባም	12. ላህዛዝ
13. ሃካይ	14. ንፉዕ	15. ህውኽ
16. እምኒ	17. ገረብ	18. ጻዕዳ
19. ጸሊም	20. ገዛፍ	21. ቁልዓ
22. ሰብኣይ	23. ኩሊት	24. ሸቃላይ
25. ገባራይ	26. ሰራሕተኛ	27. መምህር
28. ገደል	29. ጓሳ	30. ብርኪ

ሀ. ነዞም ኣብ “ሀ” ዘለዉ ምስ ኣብ “ለ” ዘለዉ ኣዛምድዎም፡

“ሀ”	“ለ”
1. መብሰሊ	ሀ. መስኖ
2. ንመስተማቐሪ ንጥቀመላ ህዋስ	ለ. መደብ
3. ማይ ኣሊኻ ጀርዲን ተስትየሉ	ሐ. ሓዊ
4. ሓምሊ ክትዘርእ ከለኻ፡ ነቲ መሬት ብ_____ ትኽፋፍሎ	መ. መኽሰብ
5. ኣብ ዚንጎ ዚተኣከበ ማይ ዝወርደሉ	ረ. መልሓስ
6. ዝያዳ(ትርፊ) ምርካብ	ሰ. መጀርበብ

ምዕራፍ 19
ምድረ በዳ

ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፡
- ካብ ዘንበብኩማ ዛንታ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡን ብኣኦም ምሉእ ሓሳባት ትሰርሑን።
- ቃላትን ፊደላትን ብቕኑዕ ኣጸሓሕፋኦምን ቅርጸምን ትጽሕፉ።
- ምድረበዳ እንታይ ምኻኑን ኣብኡ ዝነብሩ ህይወታውያን ከመይ ከም ዝኾኑን ትገልጹ።

መእተዊ ሕቶታት፦
1. ምድረበዳ እንብሎ ከመይ ዝበለ ቦታ እዩ፡
2. ኣብ ምድረ በዳ ካብ ዝቕመጡ እንስሳታት መነ መን ትፈልጥ፡
3. ተኽሊ እትብል መዝሙር ይዝምሩ።

ምድረ-በዳ፡ እኹል ዝናብ ዘይረክብ፡ ውሑዳት ኣግራብን ዝተወሰኑ እንስሳታትን ዝርከብዎ ቦታ እዩ። ምድረ-በዳ ክበሃል ከሎ ብመዓልቲ ኣዚዩ ውዑይ፡ ብለይቲ ከኣ ኣዚዩ ዝሑል ኾነታት ኣየር ዘለዎ መብዛሕትኡ ብሑጻ ዝተሸፈነ ቦታ እዩ።

ኣብ ምድረ-በዳ ዝነብሩ ህዝቢ ኣለዉ። እዞም ኣብ ምድረ-በዳ ዝነብሩ ህዝቢ መነባብሮኦም መጓሰ እዩ። ማይ ኣብ ዝረኸቡሉ ከባቢታት ከኣ ይነብሩ።
እዞም ኣብ ምድረ-በዳ ዝነብሩ ህዝብን እንስሳታትን፡ ምስ ኾነታት ክሊማ ናይቲ ከባቢ ዝተወሃሃዱ እዮም። ነቲ ኣብቲ ቦታ ዝፍጠር ለውጥታት፡ ብዝግባእ ስለ ዘጽንዕዎ ከኣ ምስ ጥሪቶም፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ እናተንቀሳቐሱ ይነብሩ። ሰበኽ-ሳግም ከኣ ይበሃሉ።



ኣብ ምድረ-በዳ ዝርከቡ ኣግራብን እንስሳታትን ኣለዉ። እቶም ኣግራብ ብውሑድ ማይ ዝዓብዩ፡ ንድርቅን ዋሕዲ ማይን ዝጻወሩ እዮም። እቶም እንስሳታት ከኣ ሓንሳብ ማይ ምስ ሰተዩ ንነዊሕ ግዜ ጽምኢ ማይ ዝጻወሩ እዮም። እቶም ፍሉጣት ኣብ ምድረ-በዳ ዝርከቡ ዓበይቲ እንስሳታት ገመልን ሰገንን እዮም። ካልኦት ደቀቕቲ እንስሳታት ከኣ ብመዓልቲ ኣብ ጎዳጕዲ ዝውዕሉ፡ ብለይቲ ከኣ መግቦም ክሃድኑ ዝወጽኡ ኣለዉ።

መጐዓዝያ ኣብ ምድረ-በዳ፡ ብእንስሳታት ኢዩ። እታ ውርይቲ እንስሳ ከኣ ገመል ኢያ። ገመል ሓንሳብ ብብዝሒ ማይ ምስ ሰተየት ንነዊሕ ግዜ ትጸንሕ። ማይ ኣብ ዘይብሉ ከኣ ጽምኢ እትጻወር እንስሳ እያ። በዚ እያ ከኣ መርከብ ምድረ-በዳ እትበሃል።

ኣብ ገለ ቦታታት ምድረ-በዳ፡ ማይ ዝርከቦ ከባቢታት ኣሎ። እዚ ቦታታት'ዚ፡ ኦኣሲስ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ቦታ'ዚ ማይ ስለ ዘለዎ ልሙዓት ኣግራብ እትርእየሉ እዩ። ኣብ ኦኣሲስ ብመስኖ ዝሰትዩ ኣዝርእቲ ይዝርኡ። ኣብዚ ካብ ዝበቕሉ ኣግራብ እቲ ቀንዲ ገረብ ተምሪ እዩ።



ኣብ ዓለም፡ ሓያለይ ምድረ-በዳታት ኣለዉ። ኣብ ኣፍሪቃ ክልተ ምድረ-በዳታት ኣለዉ። እቲ ካብ ዓለም ዝዓበየ ምድረ-በዳ፡ ምድረ-በዳ ሳሃራ እዩ። ኣብ ሰሜን ኣፍሪቃ ከኣ ይርከብ። እቲ ካልኣይ ምድረ-በዳ ኣፍሪቃ፡ ምድረ-በዳ ካላሃሪ ይበሃል። ኣብ ደቡባዊ ክፍሊ ኣፍሪቃ ከኣ ይርከብ። ኣብ ምድረ-በዳ ሳሃራ፡ ብብዝሒ ኣግማልን ሰገንን ይርከቡ። ኣግማል እቶም ቀንዲ ጥሪት ናይቶም ኣብ

ምድረ-በዳ ዝነብሩ ህዝቢ እዮም። እዞም ህዝቢ እዚኣ ቶም፥ ኣብ ቀዋሚ ቦታ ክነብሩ ስለዘይክእሉ ጥሪቶም ሒዞም ይንቀሳቐሱ። ቀዋሚ ገዛውቲ ስለዘይሰርሑ ከኣ ቴንዳ ዝበሃል ተንቀሳቓሲ ገዛ ይሰርሑ። ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣብ ዝንቀሳቐሱሉ ግዜ ከኣ ብቐሊሉ ዝስራሕን ዝፈርስን እዩ። ኣብ ግዜ ምንቅስቓሶም፥ ኣብ ኣግማሎም ጽዒኖሞ ናብቲ ዝደለይዎ ቦታ ይኸዱ። ኣብቲ ዝኸድዎ ከኣ ብቐሊሉ ተኺሎም ይጥቀሙሉ።

ብሓፈሻ መግቢ ሰቦክ ሳግም ጸባን ስጋን ከምኡውን ገዓት የዘውትሩ። ኣብቲ ኣግራብ ዝርከቦ ቦታታት ከኣ ከም ተምሪ ዝኣመሰሉ ፍረታት ይምገቡ። ኣብ ምድረ-በዳታት ዝነብሩ ህዝቢ ዝኽደንዎ ክዳውንቲ ምስቲ ኩነታት ኣየር ዘሳኒ እዩ። ጻዕዳ ኰይኑ ፈኵስ ክዳን ይኽደኑ። ኣብ ግዜ ለይቲ ከኣ ክድርቡ ይግደዱ።

መላመዲ

ሀ. በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉኣት ሓሳባት ስርሑ።

መጕዓዝያ ምጽዋር ሰገን
ምድረ-በዳ ጥሪት ኣሻሹ
እቶት ኣግነት

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ኣሪምኩም ጽሓፉ።

1. ዝነብሩ ህዝቢ ኣብ ምድረ-በዳ ማይን ሳዕርን ክረኽቡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይንቀሳቐሱ።
2. ገመል ብዙሕ ማይ ኣብ ሓደ ግዜ ትሰቲ።
3. ብመዓልቲ ኣብ ጕድጓድ ዝውዕሉ ካብ ጸሓይ ንምክልኻል ናእሽቱ እንስሳታት ኣለዉ።
4. መነባብሮኦም ኣይኮነን ቀዋሚ ሰቦክ-ሳግም።

ሐ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ምድረ-በዳ ከመይ ዝበለ ቦታ እዩ፤
2. መነባብሮ ሰቦክ-ሳግም ኣብ ምድረ-በዳ ግለጹ።
3. እታ ኣብ ምድረ-በዳ ዝያዳ ኣገልግሎት እትህብ እንስሳ መን እያ፤ ስለምንታይከ ትምረጽ፤
4. ኣብ ውዑይ ቦታታት ዝነብሩ ህዝቢ እንታይ ዓይነት ክዳውንቲ ይኽደኑ፡ ስለምንታይ፤
5. ሰቦክ-ሳግም ማለት እንታይ ማለት እዩ፤
6. ሰቦክ-ሳግም ኣብ ምድረ-በዳ ጥራይ ዲዮም ዝነብሩ፤

መ. ነቲ ተዋሂቡ ዘሎ ባዶ ቦታ ብዝሰማማዕ ቃል ምልእዎም

እምባ ካብ ጎቦ ይነውሕ
ጎቦ ካብ ኩርባ ይነውሕ
ኩርባ ካብ ጎልጎል ይነውሕ
ስለዚ፡- ካብ ኩሎም---------- እምባ እዩ።
ካብ ኩሎም ---------- ከኣ ጎልጎል እዩ።

ምዕራፍ 20
ሃብቲ ባሕሪ

1. ትጽቢት ዝግበረሎም ውጽኢት ምህሮ፦

ዝድለብ ብቕዓት


ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፦
- **ዝንበበልኩም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ይሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።**
- **ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ፡ ብተመሳሰልትን ትገልጽዎምን ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።**
- **ቃላትን ፊደላትን ብቕኑዕ ኣጸሓሕፋኦምን ቅርጸምን ትጽሕፉ።**
- **ባሕርና ብዘይካቲ ኣገዳሲ ኣቕማምጥኡ፡ ጃልባታት ከም ዝንዓዛሉ፡ ኣብ ውሽጡ ዓሳታት፡ ዝተፈላለዩ ጸጋታትን ከም ዘለዎ ትገልጹ።**

መእተዊ ሕቶታት፡-
1. **ባሕርና ስሙ መን ይበሃል፧**
2. **ባሕሪ እንታይ ይጠቕመና፧**
3. **ባሕሪ ርእይኹም ትፈልጡዶ፧**
4. **ቀይሕ ባሕሪ እትብል መዝሙር ትዝምሩ።**

ሓደ መዓልቲ ዛህራን ዓሊን ዝበሃሉ መሳቱ ቄልዑ ነበሩ።ምስ መምህሮም ኮፍ ኢሎም የዕልሉ ነበሩ።ኣብ ዕላሎም ኣብ ውሽጢ ቀይሕ ባሕሪ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ስእሉ እናረኣዩ ይዝርዝሩ ነበሩ። መምህሮም ነቲ ስእልታት በብሓደ ይገልጸሎም ነበረ።



ኣብ ከምዚ ሃዋህው ከለዉ ዛህራ “ኣነ ብዛዕባ እዚ ብፍጹም ይርድኣኒ የለን “በለት። መምህር “ደሓን ጸገም የለን፡ ባሕሪ ክበሃል ከሎ ንውሽጢ መሬት ኣትዩ ዝርከብ ኣካል ውቅያኖስ እዩ። ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ዝተፈላለዩ ባህርያዊ ሃብቲ ኣሎ። ዝተፈላለዩ ህይወታውያን ከኣ ኣለዉ።ንሳቶም ድማ ዓሳታትን ኣትክልትን እዮም።ብዘይካ ዓሳታት ከም ጎብየ ባሕሪ ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ እንስሳታት ኣለዉ።ዓበይቲ ዓሳታት ንካብኦም ዝንእሱ ዓሳታትን ኣትክልቲ ባሕርን ይበልዑ” በላ።




መምህር ብምቐጻል “ደቂ ሰብ ንዓሳ ብዓንቃሪቦን (ጅላብ) ወይ ብሰኪዐትን ይሕዝዎም። መብዛሕትኡም ዓሳታት ክትምገቦም ምቑራት እዮም። ብዘይካ ዓሳታት ከም ጎብዬ ባሕሪ፡ ሐርካ ንኣእማን ዝመስል ዓሳ፡ ሜዳድ ዝበሃል ሸሞንተ ነዋሕቲ ኣእዳው ዘለዎ ህይወታዊ፡ ካልኦት ህይወታውያንን ይርከቡ” በሎም።እቶም ቈልዑ በቲ ዕላል መምህሮም ብጣዕሚ ተሓጐሱ።



ሓደ መዓልቲውን ኣዲኣ ንዛህራ ኣብ ኣፍደገ ገዝኦም ኮፍ ኢላ ነቲ ካብ ላኻ ዝሰፈየቶ ኣገልግል(ስፈ) ዓራሪ (ዕንቁ) ተልግበሉ ነበረት። ዛህራ ድማ ኮፍ ኢላ ንኣዲኣ እናተዓዘበት "ኣደ እዚ ዕንቁ ካበይ ኣምጺእኪዮ "ኢላ ሓተተታ። ኣዲኣ ድማ ፍሽኽ ኢላ" ነዚ ዕንቁ መጀመርታ ካብ ባሕሪ ከነውጽኦ ከለና ኣብ ውሽጡ ህይወት ዘለዎ ይጸንሕ" በለታ። ዛህራ እናመለሰትላ ከላ ተገሪማ "ኣደ ናይ ብሓቂኺ ዲኺ!" በለታ። ኣዲኣ "እወ እቲ ህይወታዊ ዝብሎ ዘለኹ: ኣካላቱ ልስሉስ ኮይኑ ኣብ ውሽጢ እዚ ዕንቁ እዩ ዝነብር። ብዘይካ እዚ ካልእ ህይወት ዘለዎ ኣብ ውሽጢ ዛዕነል ዝርከብ ከኣ ኣሎ" ኢላ ገለጸትላ።


ከምቲ ኣደ ዛህራ ዝገለጸቶ እቲ ህይወታዊ ሓርካ እዩ ዝበሃል። ብዘይክኡ ሓንካክረ ዝበሃል ህይወት ዘለዎ ፍጡር ኣሎ። ሕንካክረ ኣብ ገምገም ባሕሪ ትንቀሳቐስ። ኣብ ከባቢኣ ምንቅስቓስ እንተተዓዚባ ስለ እፈርሕ ኣብ ጉድጓድ ወይ ባሕሪ ትኣቱ።

ሓደ መዓልቲ ዓራርቦ ምስ ኮነ ዛህራ ኣቡኣ ነታ ዓሳ ዝገደፈላ ንእሽቶ መግፈፊት ዓሳ ጃልባ እናኣዓረያ ከሎ ስርሒይ ኢላ ትጥምቶ ነበረት። ዛህራ ናብ ባሕሪ እናጠመተት ንኣቦኣ "ባሕሪ ኣብ ትወፍረሉ ግዜ እንታይ ትርእ፧" ኢላ ሓተተቶ።




ንሱ ከኣ ኣቓልቦኡ ናብ ስርሑ ገይሩ “እዛ ጓለይ ኣብ ወሰኑ ዘይርእ ባሕሪ እንታይሞ ዘይርእ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ከም ኣቡሰላማ ዝኣመሰሉ ዓሳታት ንርኢ። ኣቡሰላማ ምስ ጀላቡ ምውድዳር ይፈቱ። ንሰብ ግን ኣይጐድእን እዩ። ብዘይክኡ ደይናቦ ዝበሃል ንመግቢ ወዲሰብ ጠቓሚ ዓሳ ኣሎ። እዚኣም ዘይጓድኡ ዓሳታት እዮም። ዓጋም ዝበሃል ዓሳ እንተኣጋጢሙና ግን ንፈርሕ። እዚ ዓሳ᎓ዚ ሃዳኒ ስለ ዝኾነ ንሰብ ይጓዳእ እዩ። ብዘይካዚኣም ኣብ ባሕሪ ስሕት ኢልና እንረኽቦ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ እናነጠረ ዝኸይድ ዓሳ ንርኢ። እዚ ዓሳ᎓ዚ ፋር ይበሃል። ምንቅስቓስ ናይዚ ዓሳ᎓ዚ ቅልጡፍ እዩ” ኢሉ ነገራ።

ካልእ መዓልቲ ዓሊ ምስ ኣቡኡ ናብ ገምገም ባሕሪ ከደ። ናይ እቲ ገምገም ባሕሪ ሑጻ ድማ ጽሩይ ነበረ። ኣብኡ ሓንካክረ ይንቀሳቀሳ ነበራ።



ዓሊ ድማ ነቶም ሕንካክረ እናስተባሃለ ንኣቡኡ “እዞም ሕንካክረ ብጣዕሚ በላሕቲ ይመስሉ። ከመይ እንተበልካኒ ከኣ መግቦም ሒዞም ኣለዉ። እቶም ካልኦት ከኣ ኣብ ውሽጢ ሑጻ ጉድጓድ ኩዒቶም ተሓቢኦም ኣለዉ። ሕቐኦም ድማ ኣዕጽምቲ ይመስል። ንሱ ድማ ካብ ዝተፈላለየ ሓደጋታት ይከላኸለሎም። ደቆም ድማ ብዙሓት እዮም” በለ። ዓሊ ጸኒሑ ነቶም ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ዝነበሩ ፍጥረት እናረኣየ “ኣቦ ብዘይካ እዚኣም ካልኦት ዝባኖም ተሪር መከላኸሊ ዘለዎም ኣለዉ ድዮም፧” ኢሉ ንኣቡኡ ሓተቶ።



ኣቦኡ ድማ “እወ ብዘይካ እዞም ትርእዮም ዘለኻ ካልእ ጋምባሪ ዝበሃል ዓሳ ኣሎ። ንሳቶም ኣካላቶም ተሪር መሸፈኒ ዘለዎም እዮም። ጋምባሪ ኣዝዩ ምቑር ዓሳ እዩ። ካልእ ንጋምባሪ ዝመስል ዕንቅሪቢት ባሕሪ ዝበሃል ዓሳ ኣሎ።እዚ ዓሳዚ ኣብ ዓሚቕ ባሕሪ ይነብር። መግቡ ብኣእዳዉ ይእክብ። ዕንቅርቢት ባሕሪ ንክትበልየ ምቑር እዩ። ንክትሕዞ ግን ተናኻሲ ስለ ዝኾነ ኣሸጋሪ እዩ። መግቢ ክትሰርሖውን ብዙሕ ጻዕሪ የድልዮ” በላ።

ዓሊ ምስ ኣቡኡ ንገዛ ተመልሱ ። ኩሉ ብዛዕባ ሃብቲ ባሕሪ ዝረኸቦ መግለጺ ከኣ እናተገረመ ንሓውቱ ኣዕለላ። እዞም ክልተ ኣሕዋት ንክፍሊ ምስ ተመልሱ። መምህሮም ብዛዕባ ሃብቲ ባሕሪ ምስ ሓተቶም ከኣ ንክፍሊ እኹል መግለጺ ሃቡ። ንሕናኸ ብዛዕባ ሃብቲ ባሕርና እኹል ፍልጠት ኣለናዶ፧

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ

1. ኣብ ባሕሪ እንታይ ንረክብ፧
2, ሜዳድ ክንደይ ኣእዳው ኣለዎ፧
3. ኣብ ውሽጢ ዛዕጎል እንታይ ይርከብ፧
4. ሓንካክረ እንተፈሪሓ እንታይ ትገብር፧
5. ኣብቲ ዝዓሞቐ ክፋል ባሕሪ ዝነብር ዓሳ መን እዩ፧
6. ኣደ ዛህራ ኣብቲ ኣገልግል እንታይ ተልግብ ነይራ፧
7. ኣብ ባሕሪ እቲ ንሰብ ዘይጓዳእ ዓሳ እንታይ ይበሃል፧

ለ. በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ስርሑ
መከላኸሊ፡ ምሕንባስ፡ መግቢ፡ ዛዕጎል፡ ኣሕዋት

ሐ. ነዞም ዚስዕቡ ቃላት ኣብ ጎደሎ ቦታ ስዑዉ

መሬት	መሸፈኒ	ባህርያዊ
ተሪር	ጥቕሚ	እናተበላልዐ

1. ጋንበሪ ኣካላቱ _____ መሸፈኒ ኣለዎ።
2. ዓሳታት ነንሕድሕዶም _____ ይነብሩ።
3. ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ውሽጡ ብዙሕ_____ ሃብቲ ኣለዎ።
4. ዓሳ ምምጋብ ብዙሕ _____ ኣለዎ።
5. ሕንካክረ ኣብ ባሕርን ኣብ _____ ን ኣብ _____ ይነብሩ።

ምዕራፍ 21
ጋውናን ደማሙን

ዝድለብ ብቕዓት


ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፤

- ካብ ዘንበብኩማ ዛንታ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ፡ ብተመሳሰልትን ትገልጽዎምን ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።
- ብኣውራ ክንድ ስም ምሉኣት ሓሳባት ትሰርሑ።
- ቃላትን ፊደላትን ብቕኑዕ ኣጸሓሕፋኦምን ቅርጸምን ትጽሕፉ።
- ናይ ምውሳእን ምዝራብን ዓቕምኹም ተንጸባርቑን መልእኽትታት ተመሓላልፉን።
- ስርቂ፡ ዓመጽ ኣነወርቲ ተግባራት ምኳኖም ትገልጹ።

መእተዊ ሕቶታት።-

1. ጋውና ዝበሃል ከመይ ዝበለ እንስሳ እዩ፤
2. ደማሙ እንታይ ይጠቕማና፤
3. ጸወታ እትብል መዝሙር ትዝምሩ።


ሓደ ግዜ ዓዳኒን ሻሹን ዝበሃላ ደማሙ ብሓባር ይቕመጣ ነበራ። ብዙሕ ዝፋተዋ መሓዙት ድማ ነበራ። ሓደ መዓልቲ ካብ ሓደ ክሽነ ቅጫ ክሰርቃ ተሰማምዓ። ዝሓሰበኡ ከኣ ገበራ። ነታ ዝሰረቓኣ ቅጫ ብሓንሳብ ኮይነን ክበልዓኣ ወሰና። ሰብ ከይርእየን ነታ ቅጫ ሒዘንኣ ኣብ ሓደ ጀርዲን ተሓብኣ። ነታ ቅጫ ኣብ ባይታ ኣቕሚጠን ተመዓራርየን ኮፍ በላ። በብወገነን ድማ ናብታ ቅጫ ይጥምታ ነበራ። ከምዚ ኢለን ቑሊሕ ምሊሕ ክብላ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሻሹ “ነዛ ቅጫ ብማዕረ ኣብ ክልተ ንማቕላ” በለታ ።




ዓዳኒ ድማ ብርእሳ እናሓበረት “ሕራይ ጽቡቕ ይሓይሽ ዝበልክዮ ንግበር“ ብምባል ብህድኣት መለሰትላ። ነታ ቅጫ ብክልተ ኣእዳዋ ዓትዒታ ካብቲ ዝነበረቶ ቦታ ሓፍ ኣበለታ ። ተሓጋጊዘን ድማ ኣብ ክልተ መቕልኣ። ነፍሲ ወከፈን ድማ ናታ ምቃል ሓዛ። ዓዳኒ ነታ ምቃላ ክትበልዓ እናተዳለወት ንሻሹ ከምዚ በለታ “መሓዛይ እዛ ቅጫ ብማዕረ ኣይመቕልክናን፡ ርኣይያ እሞ ካብ ናተይ ናትኪ ትዓቢ” በለታ።

ዓዳኒ ሽዑ ትጻወታ ዘላ መሲልዋ ብዙሕ ኣይተገደሰትላን። ሻሹ መመሊሳ ምስ ኣጉረምረመት ግን “ናትኪ ትዓቢ ዲኺ ዝበልክኒ፧ እንታይ ኢኺ ትዛረቢ ዘለኺ፧ ብሓቂ እንተመጺእናካብናተይናትኪትዓቢ!”በለታዓዳኒ ብቑጥዐ ገጻ እናጸወገት። ሻሹ ትቕብል ኣቢላ “መደናገሪት!

ከመይ ዝበልኪ ሓሳዊት ኢኺ! ኢላ ጨደረት። ብኽምዚ ድማ እተን ክልተ መሓዙት ተሰሓሓባን ተባእሳን።




ሓደ ጋውና ኣብ ጥቐአን ኣብ እትርከብ ዓባይ ገረብ ኮፍ ኢሉ ነበረ። ኣብ መንኮተን ክልተ ኣዕሩኽ ዝነበረ ኩነታት ካብ መጀመርታ ክሳብ መወዳእታ ብትዕግስቲ ይከታተሎ ነበረ። ቀስ ኢሉ ካብታ ዝነበራ ገረብ ወሪዱ ከኣ ድማ ናብአን ገጹ መጽአ። ከም ሓደ ሓላፍ መገዲ መሲሉ ድማ "እንታይ ደኣ ዓው ዓው ትብላ፧ ደሓን ዲኽን፧ "ኢሉ ሓተተን።



እተን ደማሙ ናብቲ ጋውና ገጸን ብምግባር ዝተገብረን ዘጋጠመንን እርይ ቍጽር ኣቢለን ነገረኣ። መንኮኛ ኰይኑ ክዳንየን ነቲ ኣጋጢሙወን ዘሎ ሽግር ብዘተ

ክፈትሕኦ ብጋህዲ ሓተትኦ። ወዮ ጋውና ምስተን መሓዙት ዝኾና ደማሙ ተመዓራርዩ ኮፍ በለ። ርእሱ እናነቕነቐ ድማ "እዛ ቅጫ ብማዕረ ዘይተመቐለት ኮይኑ ይስመዓኒ ኣሎ። እዚ ድማ ብሓቂ ጥንቃቐ ዘድልዮ ጉዳይ እዩ። ዝኾነ ኮይኑ ብቐሊሉ ክፍታሕ ዝኽእል ነገር እዩ። ኣነ ድማ ብዓቕመይ ክሕግዘክን ክፍትን እየ።" በለን ነተን መሓዙት።

"ቀቅጫኽን ሃባኒ" ኢሉ ድማ ነተን ቅጫ ኣብ ክልተ ኣእዳዉ ዓትዓተን። ሓፍ ሓፍ እናበለ ከኣ ኣብ ክልተ ኣእዳዉ መዘነን። ብድሕሪኡ ናብ ናይ ዓዳኒ እናመልከተ "እዚኣ ቕሩብ ዕብይ ኢላ ኣላ" በለ።ምስ እዚኣ ከመዓራርያ እየ።" ኢሉ ድማ ካብታ ናይ ዓዳኒ ብኣፉ ጉምድ ጉምድ ኣበለላ። ሕይኽ ሕይኽ ኣቢሉ ድማ ወሓጠ።




ሕጂውን ወዮ ጋውና ነተን ክልተ ቅጫ ኣብ ክልተ ኣእዳዉ መዘነን። ናብ ናይ ሻሹ ቅጫ እናጠመተ ድማ" እዚኣ ቕሩብ ዕብይ ኢላ ኣላ "በለ። ደሓን ምስ እዚኣ ከመዓራርያ እየ ድማ በለ። ደጊሙ ሕጂውን ካብታ ናይ ሻሹ ቅጫ ጉምድ ኣቢሉ በልዐ።

ከምዚ ኢሉ ወዮ ጋውና ካብተን ክልተ ቅጫ በብንእሽቶ

እናጐመደ ምብላዕ ቀጸሎ። እተን ቅጫ ድማ እናተቈርመማን እናነኣሳን ከዳ። እተን ደማሙ ነዚ ምስ ረኣያ ጐሃያ። ብውሽጢ ልበን “እዚ ርጉም ጋውና ይጸወተልና እዩ ዘሎ። በብንእሽቶ እናበልዐ እጃም ክልተና ኩሉ ክውድኦ እዩ።” ኢለን ክሓስባ ድሕሪ ምጽናሕ “ተሪፈን ዘለዋ ንኣሽቱ ግማዕ ዘይነሕድጎ” ተበሃሂለን ተጠማመታ።

ዓዳኒ ንመሓዝኣ ቀዲማ ከምዚ በለት። “ሓወቦይ መዓረይ እዘን ክልተ ቅጫ ሕጂ ማዕረ ኮይነን ኣለዋ። ስለዚ ንስኹም ብሓቂ ሓጊዝኩምና ኢኹም። ኣዚና ከኣ ነመስግነኩም። የቐንየልና! ሕጂ ድማ ተሪፈን ዘለዋ ነናትና ጌርኩም ሃቡና” በለቶ ንጋውና። ሻሹ ኣስዕብ ኣቢላ ከኣ “እወ ሓወቦይ መዓረይ ንስኹም ብርትዒ መቒልኩምና። ጸገምና ፈቲሕኩምልና። ሕጂ ድማ እዘን ቅጫታት ተመዓራርየን ኣለዋ። የቐንየልና!” እናበለት ንጋውና ከተታልሎ ፈተነት።

ወዮ ጋውና ግን ጎራሕ ስለ ዝነበረ፡ ነተን ደማሙ ከምዚ በለን” ኣይፋልክንን እዘን ኣሕዋተይ፡ እዚ ትብለኡ ዘለኽን ብፍጹም ዝኽውን ኣይኮነን። ዝጀመርካዮ ጉዳይ (ዘረባ) ኣብ ፍርቂ ኣይሕደግን እዩ። ክሽምግለክን ኢልክን ኢኽን ከኣ ጸዊዕክናኒ። ኣነ ድማ ፍትሓዊ እየ ክኽውን ዝደሊ። ስለዝኾነ ድማ ከመዓራርየክን እየ” በለን።



ነታ ዝተረፈት ቅጫ ኣብ ኢዱ ሒዙ፡ ነተን ደማሙ ከምዚ በለን “ሕጂ እዛ ሓንቲ ቅጫ ጥራይ እያ ተሪፋ ዘላ ንክልተኽን ከምዘይትኣክል ከኣ ዝተረጋገጸ ነገር እዩ። ብተወሳኺ ኣብ ዳንነት ብዙሕ ስለ ዝደኸምኩ፡ ፍረ ጻማይ ክትከውን ይግባእ” በለን። ከምኡ ኢሉ ነቲ ዝተረፈት ኣብ ኣፉ ሰጎዳ። ነታ ቅጫ ውሒጡ፡ ናብ ሓንቲ ዓባይ ገረብ ብምሕኳር ድማ “ደማሙ ሽግርክን ተፈቲሑልክን መስለኒ። ዓጊብክናሉ ክትኮና በዓል ምሉእ ተስፋ እየ“ በለን። ነተን መሓዙት። ብገዛእ ቅጨኣን ተዓንጊሉ ከኣ ኣብታ ገረብ በጥ በለ።

እተን ደማሙ ኣብቲ ትሕት ገረብ ኰይነን ብሕማቕ ይጠማመታ ነበራ። ኣጸቢቕን ተኾራርየን ድማ ክፈሓናጠራ ደለያ። ነቲ ጋውና መንጎኛ ንክኾነን ባዕላተን ስለዝመረጽኦ ግን ብዘይካ ጉድለተን ምቕባል፡ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበረንን። ብኽምዚ ድማ እዘን ክልተ መሓዙት ቅጨኣንን ምሕዝነተንን ስኢነን ተረፋ።

ካብዛ ዛንታዚኣ እንታይ ትመሃሩ፧

መላመዲታት

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ

1. እተን ደማሙ ክንደይ ነይረን፧ ስመን ጥቐሱ።
2. እተን ደማሙ ነቲ ቅጫ ካበይ ሰሪቕንኦ፧
3. እተን ደማሙ ምስ ተባእሳ ክሽምግለ ዝመጽኦ መን እዩ፧
4. እተን ቅጫ ብኽመይ ተወዲኦን፧
5. ጋውና ነተን ዝተባእሳ ደማሙ ብኽመይ ክሽምግለን ፈቲኑ፧ ኣስፍሕ ኣቢልኩም ግለጹ።

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላትን ሓረጋትን ትርጉም
ርኸብሉ

1. መንጎኛ
2. ፍረጻማ
3. ብዘተ ክፈትሑ
4. መሓዛ
5. ፍትሓዊ
6. ተመዓራርየን
7. ምፍሕንጣር
8. ምሸምጋል
9. ምሕራቕ
10. ክሽነ

ሐ. በዞም ዚስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ስርሑ

ዘረባ
ማዕረ
ምኹላስ
ዳኛ
ቅጫ
ፍትሓዊ

መ. እተባህለ

ረ. ነዞም ዝስዕቡ ትእዛዛት ኣንቢብኩም ስርሑ
ንኣብነት፦ ብኣውራ ክንድ ስም ሳልሳይ ኣካል
ኣንስታይ ጾታ እትምልከት ሓንቲ
ምልእቲ ሓሳባት ስርሑ

መልሲ፦ ንሳተን ንፋዓት መማህራን እየን።

1. ብኣውራ ክንድ ስም ብቀዳማይ ኣካል ድርብ ሓንቲ
ምልእቲ ሓሳባት ስርሑ።
2. ብኣውራ ክንድ ስም ብካልኣይ ኣካል ነጸላ
ንኣንስታይ ጾታ እትምልከት ሓንቲ ምልእቲ
ሓሳባት ስርሑ።

3. ብኣውራ ክንድ ስም ብሳልሳይ ኣካል ድርብ ንተባዕታይ ጸታ እትምልከት ሓንቲ ምልእቲ ሓሳባት ስርሑ።
4. ብኣውራ ክንድ ስም ብቀዳማይ ኣካል ነጸላ ሓንቲ ምልእቲ ሓሳባት ስርሑ።
5. ብኣውራ ክንድ ስም ብካልኣይ ኣካል ድርብ ንተባዕታይ ጸታ እትምልከት ሓንቲ ምልእቲ ሓሳባት ስርሑ።

ምዕራፍ 22
እታ ደርሁ ዝበልዐት ኣድጊ

ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፤

- ዝንበበልኩም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታትትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺሮም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ፡ ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።
- ቃላትን ፊደላትን ብቕኑዕ ኣጸሓሕፋኦምን ቅርጸምን ትጽሕፉ።
- ተንኪል ሓደ ካብቲ ጽዩፍን ኣነዋርን ተግባር ምኻኑ ትገልጹ።

መእተዊ ሕቶታት፦

1. ኣብ ገጠር ሃገርና እተን ንጽዕነት መመላለሲት እንጥቀመለን እንስሳታት መነ መን የን፤
2. ወኻርያ ሰፈራ ኣብ ምንታይ እዩ፤
3. ወኻርያ እንታይ ትምገብ ይመስለኩም፤
4. ጸወታ ዘርእስታ መዝሙር ትዝምሩ።

ኣቡ፡ ኣብ ቆላታት ኤርትራ ዝነብር ነጋዳይ እዩ። ኣቡ ኣብ ዳሰ ዝተባህለ ቦታ ተወሊዱ ዝዓበየ እዩ።

ኣቡ ብዙሓት ደርሁ ኣፋርዩ ይነብር ነበረ። ካብ ዓዱ ንዕዳጋ ቆኾምብያ እናሸጠ መነባብሮኡ ይመርሕ ነበረ።

ሓደ መዓልቲ፡ ኣቡ ደርሁ ኣብ ኣድጊ ጽዒኑ ንቆኾምቢያ ተበገሰ። ኣድጉ ኮብኩቡ እናኸደ ከኣ ኣብ ደረት መገዲ ሓንቲ በጥ ኢላ ዝተዘርገሐት ወኻርያ ረኣየ። ጥምት ኣቢሉ ከኣ "ዝሞተት ወኻርያ እያ" ኢሉ ገዲፍዋ ሓለፈ።



ኣቡ መገዱ ቀጸለ። እታ ወኻርያ ዝሞተት ኣይነበረትን እንታይ ደኣ ኣቡ ደርሁ ሒዙ ክመጽእ ኣማዕድያ ስለ ዝረኣየቶ፡ ዝሞተት መሲላ ኣሕሊፉቶ። ንሱ ክውል ምስ በለ ከኣ ተንሲኣ እናጐየየት በቲ ኣግራብ ሓሊፉ፡ ቀዲማቶ ከምብሓድሽ ኣብ ደረት መገዲ በጥ ኢላ ጸንሓቶ።

ኣቡ ኣዚዩ ተገረመ። “ኣንታ እንታይ ኢዩ ነገሩ፡ ሕጂ ኸኣ ዝሞተት ወሻርያ! እዘን ወሻሩ እንታይ ረኺቡወን፡” ኢሉ ሓሰበ። ኣብ መንጎ ሓደ ሓሳብ መጺእዎ ደው በለ። ሕጂ ነዘን ክልተ ዝሞታ ወሻሩን እዘን ደርሁን ንዕዳጋ ወሲደ እንተሸይጠየን፡ ብዙሕ ገንዘብ ረኺበ ምሃብተምኩ” ኢሉ ሓሰበ።



ኣቡ፡ ነታ ደርሁ ዝጸዓነት ኣድጉ ኣብ ትሕቲ ሓደ ዓቢ ኦም ኣሲሩ፡ ነታ ኣቑዲሙ ኣብ ደረት መገዲ ዝረኣያ ወሻርያ ከምጽእ ንድሕሪት ተመለሰ። ኣብቲ ዝረኣያ ቦታ በጺሑ እታ ወሻርያ ግን ኣይጸንሓቶን። ኣቡ እናተገረመ፡ “ብድሕረይ ደኣ እንታይ በሊዕዋ፡ ኣሰር ከኣ የብላን፡” እናበለ መሊሱ ናብታ ዳሕራይ ዝረኣያ ወሻርያን ዝኣሰራ ኣድጉን ኣቢሉ ተመለሰ።

ሕጂሞ ኸኣ ሓደ ኣዚዩ ዘደንጹ ኵነታት ጸነሐ። እታ ወሻርያ የላን። ናብታ ኣድጉ ቅርብ እንተበለ ከኣ፡ እተን ደርሁ ኩለን ተበሊዐን ጸንሐኣ። ነታ ኣድጊ እንተረኣየ ከኣ ኣብ ኣፋ ኣዕጽምቲ ደርሁ መሊኡ ረኣየ።

“ኣንቱም ሰባት፡ እንታይ ተኣምራት እየ ዝርኢ ዘለኹ፡ እሞ ኣድገይ ተጸሊላ እያ ነዘን ደርሁ በሊዓተን። ሕጂ ክቐትላ ኣለኒ እምበር ንገዛ ምስ ተመለስኩ ነተን ዝተረፋ ደርሁ ክትበልዐን እያ።” ኢሉ ነታ ከይተሃከየት እተገልግሎ ዝነበረት ኣድጊ ቀተላ።

ኣቡ ሃብታም ነጋዳይ ክኸውን እዩ ሓሲቡ። ደርሁቱ ተበሊዐን ኣድጉ ቀቲሉ ከኣ ጥራይ ኢዱ ንዓዱ ተመለሰ።

ካብዛ ዛንታ እንታይ ንመሃር፡
መላመዲ

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ኣቡ ኣበይ ተወሊዱ፡
2. ኣቡ እንታይ ይሰርሕ ነይሩ፡
3. ኣቡ ኣብ መግዲ እንታይ ርእዩ፡
4. ኣብ መወዳእታኽ ብዛዕባቲ ዘጋጠሞ እንታይ ሓሲቡ፡
5. ኣብ መወዳእታ ኣቡ እንታይ ኣጋጢምዎ፡

ለ. በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉኣት ሓሳባት ስርሑ።

1. በጥ
2. ኣማዕድያ
3. ደረት
4. ተገረመ
5. ኣሰር
6. ዘደንጹ
7. ተኣምራት

ሐ. እተባህለ

መ. ነዞም ዝስዕቡ ኣንቢብካ ስራሕ
ንኣብነት:- ሀ. ብኣውራ ክንድ ስም 3ይ ኣካል
ተባዕታይ ሓንቲ ምልእቲ ሓሳባት
ስርሒ።
መልሲ:- ንሱ ትጉህ ተማሃራይ ኢዩ።

1. ብኣውራ ክንድ ስም ቀዳማይ ኣካል ሓንቲ ምልእቲ ሓሳብ ስርሒ።
2. ብናይ ተጸውዖ ስም ናይ ሰብ ሓንቲ ምልእቲ ሓሳብ ስርሑ።
3. ብኣውራ ክንድ ስም ካልኣይ ኣካል ኣንስታይ ሓንቲ ምልኢ ሓሳብ ስርሑ።

ንጥፈት ተማሃራይ 08 (ኣእካል)

1. ንጥሕኒ: ቆሎ: ቅጫ: ዝኸውን።					
2. ከም ሰብኣይ ዝጭሕም ከም ቁልዓ ዝሕዘል።					
3. ካብ ብጸታ ዝነውሓት _____ ንዑፍ ወይ ንወንጭፍ።					
4. ደቂቕ ጻዕዳ ወይ ቀይሕ ንጣይታ ዝኸውን።					
5. መብዛሕትኡ ግዜ ንቕጫን ጥጥቕን ዝኸውን።					
6. ቅያር ጠስሚ ምስ ገዓት ዝብላዕ					

ምዕራፍ 23
ሰብን ኣግራብን

ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፤

- **ካብ ዘንበብኩማ ዛንታ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።**
- **ኣብ ቅድሚ መማህርትኩምም ወጺእኩምም ዝርርብ ተካይዱ።**
- **ኣግራብ ንወዲሰብ ዝህብዎ ጥቕሚ፡ ኣግራብ ምስ ዝበርሱ ዝስዕብ ዕንወት፡ ኣግራብ ብኽመይ ኪዕቀቡ ከም ዘለዎምን ትገልጹ።**

መእተዊ ሕቶታት፡-

1. **ኣስማት ሓሙሽተ ኣግራብ ጥቐሱ፤**
2. **ኣግራብ እንታይ ይጠቕሙና፤**
3. **ኣብ ከባቢኹም ኣግራብ ትተኽሉዶ፤ ስለምንታይ፤**
4. **ተኽሊ እትብል መዝሙር ትዝምሩ።**

ኣግራብ ህይወታውያን ኮይኖም ብዙሓት እዮም። ከም ኩሉ'ቲ ካልእ ህይወታዊ ኸኣ፣ ይውለዱ፣ ይዓብዩ፣ ይሓሙ፣ ይሞቱ። ዝተፈላለዩ ዓሌት ኣግራብ ኣለዉ። ዓበይትን ናእሽቱን፣ ነዋሕትን ሓጸርትን፣ ልሙጻትን ኣሻኺትን ወዘተ ድማ እዮም።

ሓንቲ ገረብ ከም ሓደ ህጻን ተወሊዳ ትዓቢ። ኣብ ጉዕዞ ኣተዓባብያኣ ኸኣ፣ መጀመርታ፣ ዘርኢ ትጸንሕ፣ እዛ ዘርኢ ኣብ ለምሊሙ ተደኩዑ፣ ማይ ሰትዩ ዝተዳለወ መሬት ትዝራእ። ካብቲ ዝተቐረበላ መግቢ ትምገብ፣ ካብቲ ጠሊ ማይ ትሰቲ፣ መዓልታ ምስ ኣኸለ ኸኣ፣ ሰራውራ ንታሕቲ እናሰደደት ኣቕጽልታ ንላዕሊ ተውጽእ። እዛ ተኽሊ እዚኣ፣ ልክዕ ከምቲ ህጻን ምስ ተወልደ ዝግበረሉ ክንክን፣ ንሳውን ክንክን ትደሊ። ማይ ከይትጸምእ ዘስትያ። መግቢ ከይትስእን መሬታ ኣለስሊሱ ዝድኮዓላ፣ ጸላእቲ ከየጥቅዕዋ፣ ዝከላኸሉላ፣ ከይትቐንን ትኽ ዘብላ ትደሊ። ተኸናኺንካ ዘዕበኻዮ ቁልዓ ምስ ዓበየ የሓጉሰካ። ኰስኩስካ ዘዕበኻዮ ተኽሊ ውን ኣብ ፍረ ምስ ኣጽሐ የሓጉሰካ ኢዩ።

ኣግራብ:- ገሊኡም ምቁራት ገሊኡም መረርቲ፣ ገሊኡም መጸጽቲ፣ ገሊኡም ልስሉሳት ገሊኡም ተዋጋእቲ፣ ገሊኡም ልምሉማት ገሊኡም ተረርቲ እዮም።

ከምቲ ንሰባት ዝተፈላለየ ኣስማት እናሃብና ፈላሊና ነለልዮምን ንፈልጦምን ኣግራብ ከኣ ነናቶም ኣስማት ኣለዎም።

ንኣብነት፡- ስም ሰባት፣ ተወልደ፣ ሳልሕ፣ ሃይለ፣ ዓ ብዱ፣ ኤልሳ፣ ሓሊማ እናበልና ንፈላልዮም፣ ኣግራብ ከኣ፡- ንኣብነት፡- ቀላሚጦስ፣ ጭዓ፣ ሰራው፣ ኪልዓው፣ ኣርጉዲ፣ ታህሰስ፣ መቺዕ፣ ዓዳይ፣ ጠጥዓለ፣ ጎኖቕ ወዘተ. እናበልና በብስሞም ንጽውዖም።

ኣብ መንጎ ሰብን ኣግራብን እንታይ ፍልልያት ኣሎ፧

እንስሳታት መግቦም ንምምእራር ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይንቀሳቐሱ። ኣግራብ ኣብታ ዘለዉዋ ከለዉ ይንቀሳቐሱ። ኣብ ኣስማቶም እኳ እንተዘይገለጽናዮ፡ ኣንስታይን ተባዕታይን ኣለዎም። ኣግራብን እንስሳታትን ህይወታውያን እዮም ብብዙሕ መገዲ ይመሳሰሉ ኣብ ገለ መዳይ ከኣ ይፈላለዩ።



ኣግራብ ንሰብ ዝህብዎ ጠቕሚ ኣዚዩ ብዙሕ እዩ። መጀመርታ፡ ኣግራብ መግቢ ንሰብን እንስሳታትን እዮም። ሰብ ብቕጥታ ዝበልያም ኣግራብ ኣለዉ። ብኻልኣ መገዲ ኸኣ፡ እንስሳታት ኣብ ትሕቲ'ቶም ዓበይቲ ኣግራብ ሰፊሮም፡ ነቶም ደቀቕቲ እንስሳታትን ኣቑጽልትን ይምገቡ። ሰብ ከኣ ነቶም እንስሳታትን ካብኣቶም ዝርከብ ውጽኢትን ይምገብ። ብኸምዚ ኸኣ ሰብን እንስሳታትን ኣግራብን ህይወታውያን ኮይኖም ንሓድሕዶም እናተደጋገፉን እናተጠቓቐሙን ይነብሩ።

ኣግራብ

ኣግራብ እንበሃል ልሙዕ ዝቈጽልና
ኀኹሉ ንዕቅብ ኣብ ትሕቲ ጽላልና
ሰብ ግን ርጉም ኢዩ ዘይድንግጸልና
ብፋስን ምሳርን ይቈርጸና
ሰማዒ ንስእን ዋላ እንተእወና
ገሊኦም ወሲዶም ሓዊ የንድዱና
ብመጋዝ ብማሽን ይቈራርጹና
እንታይሞ ክንገብር ሰማዒ ስኢና።

ወዲ-ሰብ ዓሻ ኢዩ ሓቂ መሲልዎ
ካብ ሱርና ቦንቀሩ ዘርእና ኣብርሲዎ
ሰፈርና ዝነበረ ጽሓይ ወዲእዎ
እቲ ልምሉም ሓመድ ንፋስ ወሲድዎ
እንስሳ ዘገዳም ኩሉ ከፊእዎ።

ሕጂ'ኳ የእዋ'ሎ ደንጉዩ ፈሊጥዎ
ደርቂ ኣትዩ ጥምየት ወዲእዎ
ጥርሑ ተሪፉ ውሕጅ ወሲድዎ
ላዕልን ታሕትን ይብል ኣሎ ዓቕሉ ጸቢብዎ።

መላመዲ

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ኣግራብን ሰብን ብምንታይ ይመሳሰሉ ብምንታይከ ይፈላለዩ:
2. ሓንቲ ፈልሲ፡ ገረብን ህጻንን ኣነጻጺርኩም ግለጽዎም።
3. ሓሙሽተ እትፈልጥዎም ኣስማት ኣግራብ ስመዩ።
4. ሓሙሽተ ኣስማት ሰባት ስመዩ።
5. ነቶም ዝሰመኹሞም ኣስማት ኣግራብን ሰብን ኣብዝሕዎም።

ለ. ኣብዛ ኣግራብን ሰብን ትብል ጽሕፍቲ ዘለዉ ተጻረርቲ ቃላት ፈሊኹም ዘርዝርዎም።
ንኣብነት፡-

ዓቢ	ንእሽቶ
ጻዕዳ	ጸሊም

ሐ. ኣግራብ ንሰብ ዝህብዎ ጠቕሚ ዘርዝሩ።
መ. ሰብ ኣብ ልዕሊ ኣግራብ ዝፍጽሞ ጌጋ ዘርዝሩ።
ረ. ኣብ መንጎ ሰብን ኣግራብን እንስሳታትን ዘሎ ዝምድና ግለጹ።
ሰ. ነዛ ጽሑፍቲ ኣንቢብኩም ኣርእስቲ ርኸቡላ፣ ብተዋስኦ መልክዕ ከኣ ስርሕዋ።

ኣብ ሓደ ብሩህን ደስ ዝብልን መዓልቲ፣ ተኾላን ዕየትን ኣብ ሓደ ሩባ ማይ ክሰትዩ ተራኸቡ። እቲ ተኾላ፣ ብወገን ላዕሊ፣ እቲ ዕየት ከኣ ብታሕቲ ናይቲ ወሓዚ ደኒኖም ማይ ይሰትዩ ነበሩ። ብሃንደበት እቲ ተኾላ ነቲ ዕየት ርእይ ኣበሎ። እናኣጕባዕበዐ ክሓቶ ጀመረ።

ተኾላ፣ "ኣታ ጨንር ዕየት እንታይ ትገብር፧"
ዕየት፣ "ማይ ጸሚአ ማይ እስቲ ኣለኹ ጎይታይ"
ተኾላ፣ "ወረ ኣይሓፍርን እዩ! እንታይ ደኣ ማየይ ትዘርገለይ፧"
ዕየት፣ "ኣይፋል፣ እዚ ዛራ ማይ ካብቲ ንሸኹም ዘለኹሞ ኢዩ ናባይ ዝመጽእ ዘሎ። ኣነ ክዘርገልኩም ኣይክእልን እየ።" በለ ብራዕዲ ተዋሒጡ።
ተኾላ፣ "ኣንታ ክንደይከ ትደፍር ደረቕኛ፣ በል ርኣኹልካ ቀልጥፍ ንዓ ናባይ!" በሎ ብቑጠዐ፣ ንኽበልያ ብህርፋን ምራቕ እናወሓጠ።
ምስኪናይ ዕየት ብፍርሒ ራዕራዕ ኢሉ፣ "ኦሮማይ ሎምስ መዓልተይ ኣኺላ ተወዲኣ እያ። ንስድራይ ደኣ

ዘይተፋነኹዎም እምበር፡ ኣይምሕረንን እዩ፡ እናበለ ናብ ተሾላ ገጹ ቀስ ኢሉ ክኸይድ ጀመረ። ይኹን እምበር ከምቲ ንዘይመወት ፈውሲ ኣለዎ ዝብሃል፡ ብሃንደበት፡ ነቲ ዝነበረ ህዱእ ኵነታት ዝዘርግ ንተሾላን ዕየትን ዘባህርር ድምጺ ተሾሲ ነቲ ሩባ ኣናወጸ። ዕየት ብኽቱር ስንባደ ኣብቲ ዝነበሮ ሳዕሪ ጻሕ ኢሉ ወደቐ። ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ዕየት ብድድ ኢሉ ናብቲ ተሾላ ዝነበረሉ ቦታ እንተጠመተስ፡ ተሾላ ብጥይት ተሃሪሙ ብቓንዛ ክልሎ ርኣዮ። ዕየት ልቡ ተመሊሳ ቀስ ኢሉ ንፈጣሪኡ እናመስገነ ንገዝኡ ተመርቀፈ።

ምዕራፍ 24
ጽንብል እንስሳታት


ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፡
- ዝንበበልኩም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ፡ ብተመሳሰልትን ትገልጽዎምን ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።
- ቃላትን ፊደላትን ብቕኑዕ ኣጸሓሕፋኦምን ቅርጸምን ትጽሕፉ።
- ስስዐ ተወጊዱ ምስ ብጾትና ብፍቕርን ስኒትን ክንከይድ ከም ዘለና ትገልጹ።

መእተዊ ሕቶታት፡-
1. ካብ እንስሳ ዘገዳም መነመን ትፈልጡ፧
2. ካብ እንስሳ ዘገዳም እቲ ዝሓየለ መን እዩ፧
3. ካብ ዝብእን ወኻርያን መን ይበልሕ ኢልኩም ትግምቱ፧
4. ጸወታ እትብል መዝሙር ትዝምሩ።


ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፡ እንስሳታት ሓቢሮም ዘብዕልዎ ሓደ ዓቢ ጽንብል ኣዳለዉ። እዚ በዓልዚ ብፍላይ በቶም በላዕቲ ስጋ ዝበዓል ስለ ዝነበረ፡ እቶም ቀንዲ ኣዳለውቲ እንዳ ኣንበሳ፡ እንዳ ዝብኢ፡ እንዳ ተኾላን ወኻርያን እዮም።

ነዚ በዓልዚ ሓንቲ ኣዚያ ስብሕቲ ብጋይት ላም ተሓረደት። ኩላቶም ሓቢሮም ከኣ ሓዊ ኣጕዶም ጠበስዋ። ኣዚዩ ጥዑም ሽታ ሃገግ በለ፡ ጠምዮም ስለዝነበሩ ከኣ ኣፎም ማይ መሊኡ፡ ክበልዉ ተሃወኹ። ቅድሚ ምጅማሮም ግን ሓደ ጸገም ኣጋጠሞም። እቲ ጸገም እንዳኣንበሳ ዘልዓልዎ ኢዩ። ዋዕሮ ብድድ ኢላ፡ "ስምዑ ኩልና ብማዕረ ክንበልዕ እንተኾና መንዩ ማዕረ ገይሩ ዝመቕለና፧" ዝብል ሕቶ ስለ ዘልዓለት እዩ።




እዚ ሕቶ'ዚ ኣዚዩ ከቢድ ሕቶ ኮይኑ ስለ ዝረኸብዎ፡ ነንሕድሕዶም ተጠማመቱ። ቀጺሎም ከኣ ተኻትዕሉ። ድሕሪ ርሱን ክትዕ፡ ሓደ ሽማግለ ካብ እንዳ ወኻርያ፡ "እሕሕ፡ እሕሕ፡ እሞ ክንዛረብ'ዶ፧" በለ። "ሕራይ ተዛረብ" ዝብል መልሲ ምስ ረኸበ፡ "እሞ ነዚ ጉዳይ'ዚ ኣጸቢቕ እትፈልጦ፡ ብማዕረ ክትመቕለና እትኽእል ሓትነይ ዝብኢ እያ። ብዕድመ ከኣ ካብ ኩልና ንሳ

ትዓቢ።” ኢሉ ርእይቶኡ ሃበ። እቶም እንስሳታት ተሓጕሶም ተቐበልዎ።



ዝብኢ፡ ዓቢ በሊሕ ካራ ሒዛ ነቲ ስጋ ክትመቕሎ ጀመረት። እንተኾነ ስስዕቲ ስለ ዝኾነት ቁቁሪጻ ነቲ ዘዝበለጸ ዓይነት ስጋ ሓቢኣ ኣብቲ ሽሓኒኣ ተቐምጠ ነበረት። እቶም ካልኦት ከይርእይዋ ኢላ ከኣ ትኽውሎ ነበረት። እንተኾነ ሓቢኣ ከተቐምጥ ከላ ዋዕሮ ስለ ዝረኣየታ፡ ኣዚያ ሓረቐት፡ ካብቲ ኮፍ ኢላትሉ ዝነበረት ብድድ ኢላ እናጮየየት ናብታ ዝብኢ ከይዳ፡ ነቲ ካራን ስጋን መንጠለታ። ዝብኢ ሰንቢዳ ቕሊሕ ምስ በለት ከኣ ዋዕሮ ጕንዲ ዓይና ገሰመታ። ዝብኢ ዓይና ፈሲሳ ጠንበርበር እናበለት ናብቲ ሓደ ጸግዒ ከይዳ ንብዓታ እናደረዘት ኣጕረምረመት።

እቲ ኮነታት መሊሱ ተበላሸወ። እቲ ሸግር ኣይተፈትሐን። “እሞ ሕጂኽ ደኣ ከመይ ጌርና ክንመቕሎ ኢና፧” እናበሉ ተሻቐሉ። ሕጂውን ወኻርያ ሓደ ሓሳብ ኣቕረበት። “እምበኣር ከምዚ ካብ፡ ኮነ ነዚ ስጋ ኩሉ ንኣክቦ ድሓር ንማቐሎ” በለት።



ዋዕሮ ሕጂውን ኣይኣመነትን። ሕጂኸ መን ክመጭለና ኢላ ነዲራ ሓተተት። እቶም ዝተረፉ በቲ ወኻርያ ዘቕረበቶ ሓሳብ ስለ ዝተሓጐሱ፡ ወኻርያ ባዕላ ትምቀለና ኢሎም ተሰማምዑ።

ወኻርያ ነቲ ኣቕዲሙ ተቈራሪጹ ዝነበረ ስጋ ኣኪባ፡ ነቲ ዝተረፈ ከኣ ባዕላ ቈሪጻ፡ ብማዕረ ኩተካፍሎም ጀመረት። ከምቲ ናይ ዝብኢ ዝገበረቶ ከይትገብር ኩሎም ይሕልውዋ ነበሩ። ንሳ ከኣ ይሕልዉዋ ከምዘለዉ ስለዝፈለጠት ብማዕረ መቕለቶም።

ዋዕሮ እናሰሓቐት፡ "ወኻርያ ኣዚኺ ንፍዕቲ ኢኺ። ኣመጻጭላ ስጋ መን ምሂሩኪ፧ ኣበይከ ተማሂርኪ፧" በለታ። ወኻርያ፡ ሓንሳብ ሕስብ ኣቢላ "ኣነ ኣማጭላ ስጋ ሎሚ እየ ተማሂረ። ንሸኺ ኢኺ ከኣ ምሂርክኒ። ምክንያቱ ዓይኒ ዝብኢ ምስ ረኣኹ ኣማጭላ ስጋ ተማሂረ" ኢላ መለሰትላ።



መላመዲ

ሀ. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. በላዕቲ ስጋ ካብ ዝበሃሉ እንስሳታት ከክልተ ካብ እንስሳ ዘቤት ክልተ ካብ እንስሳ ዘገዳም ስመዩ።
2. እቶም እንሳታታት ክበልዑ ምስ ተቐረቡ እንታይ ጸገም ኣጋጢምዎም፤
3. ዝብኢ ብማዕረ ክትመቕልና ትኽእል እያ ኢላ ርእይቶ ዘቐረበት መን እያ፤
4. ንዝብእን ነቶም ካልኦት እንስሳታን እንታይ ኣባኢስዎም፤
5. ኣብ መወዳእታ ነቲ ስጋ መን መቒልዎም፤
6. ወኻርያ ካብቲ ዝሓለፈ እንታይ ተማሂራ፤
7. ወኻርያን ዋዕሮን እንታይ እንታይ ተበሃሊለን፤

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላትን ሓረጋትን ኣብ ምሉእ ሓሳብ ኣእትውዎም።

1. ስብሕቲ
2. ብጋይት
3. ሃገግ በለ
4. ኣፎም ማይ መሊኡ
5. ሽማግለ
6. ስስዐ
7. ከውሊ
8. ምምንጣል
9. ጉንዲ ዓይኒ
10. ምግሳም
11. ምጉርምራም

ሐ. እተባህለ

መ. ነዞም ዝስዕቡ ኣውራ ክንድ ስም ኣብዝሑ

1. ንሳ
2. ንሱ
3. ኣነ
4. ንስኺ
5. ንስኻ

ረ. ንጥፈት ተማሃራይ 9 (እንስሳ ዘገዳም)

1. ካብ ኩሎም እንስሳታት ዝገዘፈ (ንጎት) ዘለዎ።				
2. ንጉስ እንስሳታት				
3. ተባዕታይ ወኻርያ				
4. ኣብ ማይ ዝነብር ካብ ማይ እንተወጺኡ ዝመውት				
5. ኣካይድኡ ኣዝዩ ዝሑል። ኣካላቱ ብድርዒ ዝተሸፈነ።				
6. እግሪ ዘይብሉ ለመምታ ንሰብ ብሕንዙ ዝቐትል				
7. ዓሌት ዑፍ ኮይና ካብ ኩለን ኣዕዋፍ ዝገዝፈት				

ምዕራፍ 25
ከተማን ገጠርን

ዝድለብ ብቕዓት

ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፤
- ካብ ዘንበብኩማ ዛንታ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ምርዳእ ብቕዓትኩም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺኩም ብቓላትኩምም ተዘንትዉን።
- ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ፡ ብተመሳሰልትን ትገልጽዎምን ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።
- ብዛዕባ ናይ ከተማን ገጠርን መነባብሮ ኣብ ቅድሚ መማህርትኩምም ወጺእኩምም ዝርርብ ተካይዱ።
- መነባብሮ ህዝብና ኣብ ገጠር ከተማን ትዝርዝሩ።

መእተዊ ሕቶታት፡-
1. ገጠር እንብሎ ከመይ ዝበለ ቦታ እዩ፤
2. ከተማ እንብሎ ኸ ከመይ ዝበለ ቦታ እዩ፤
3. ኣብ ከባቢኹም ዝርከባ ገጠራት ወይ ከተማታት ስመዩ።
4. ስፖርት እትብል መዝሙር ትዝምሩ።

ገጠር

ገጠር እንብሎ፣ እቲ ዝበዝሕ ነባሪኡ፣ ብማሕረስን መጓሰን ዝናበር ህዝቢ ዝነብሮ ዓድታት እዩ።

ኣብ ገጠራት፣ እቲ ቀደም ዝስራሕ ዝነበረ ገዛውቲ በብሽባቢኡ ካብ ዝርከብ ኣግራብ፣ ኣእማንን ሓመድን ይስራሕ። መብዛሕትኡም ኣብ ከበሳታት ዝስርሑ ዝነበሩ ገዛውቲ ህድሞታት እዮም።

ህድሞ ጐድንታቱ ብእምኒ ይንደቕ ናሕሱ ከኣ ኣፅኑድ ተተኺሉ፣ ሰርዐ ተረቢቡ፣ ኣቑጽልቲ ተሸፊኑ፣ ብሓመድ ይድብደብ። ህድሞ ክልተ ክፍልታት ኣለዉዎ። ንሳ ቶም ከኣ ምድራ-ቤትን ውሻጠን ይበሃል።

ናብ ምድራ-ቤት ቅድሚ ምብጻሕካ፣ ደምበ ኣሎ፣ እቲ ደምበ፣ ሕጽር ዝበለ ኪና መንደቕ ምስ ተገብረሉ፣ እተን ኣብቲ ደምበ ዝሓድራ ክብቲ ኣድገ በቕሊ ከምዘይሰግርኡ፣ ብደገ ዝመጽእ ኣራዊት ከምዘይሓልፎ ኮይኑ ብሓጹር ኣዕጻው ይሕጸር። እቲ ኣፍ-ደገ ናይቲ ደምበ ኣብ ገለ ከባቢታት ዓንቀጽ ይበሃል።

ዝበዝሕ ገጠራት፣ ኣብ ጎቦታት ዝተድኮነ እዩ። ኣሰራርሕኡ ብልምዲ ስለዝኾነ፣ እቲ ዓዲ ብውጥን ዝተሰርሐ መገድታት፣ ሓይሊ ኤለትሪክ፣ መስመር ማይን ዕዳጋን የብሉን።

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ፣ ብሕጊ ዝጸንዕ ኩሉ ወዲ ዓዲ ዝሰማማዓሉ መገዲ ኣርብዓ ዝብሃል መገዲ ኣሎ። እዚ መገዲ'ዚ ግፍሑ ኣብዑር ተጸሚዶም ከለዉ ዘሕልፍ ክሽውን ኣለዎ።

ኣብ ገጠራት ህዝቢ፣ ላምባ እናገዘአ ብላምባ ዝነድድ ጋዝ ጌሩ የብርህ። መስመር ማይ ስለ ዘይብሉ ኸኣ፣


ገለ ዓድታት ካብ ርሕቐ ዝበለ ሩባታትን ሜላታትን ማይ ይወርድ ገለ ኸኣ ካብ ቀረባ ሩባታትን ሜላታትን ይሰትያ። ኣብ ገጠራት ዘሎ ኣጠቓቕማ ማይ ጽሬቱ ዘይተሓለወ መብዛሕታኡ ሰብን እንስሳታት ብሓባር ዝጥቀሙሉ እዩ።

ኣብ ገጠራት ዝነብር ህዝቢ፡ ዘድልይዎ ነገራት፡ ክገዝእን ክሸይጥን ናብ ኣብ ከባቢኡ ዝርከባ ከተማታት ይጉዓዝ። ዝሸየጥ ሸይጡ ዝግዛእ ገዚኡ ኸኣ ንዓዲ ይምለስ።

ከተማ

ኣብዚ ግዜ'ዚ ሓያለይ ገጠራት ሃገርና እና ኸተማ ይኸዳ ኣለዋ። እቲ ቀደም ዝነበረ ኣሰራርሓ ገዛውቲ ይቕየር ኣሎ። ምኽንያቱ ኸኣ፡ ቀዳማይ ነገር እቲ ህድሞታት ዝስርሓሉ ዝነበረ ኣእዋም ፈጺሙ በሪሱ እዩ። ዋላ እንተ ተደለየ ኣይርከብን እዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ክንዲ ህድሞ በብዓይነቶም መረባብዕን ቪላታትን ይስርሑ ኣለዉ። ገለ ዓድታት ከኣ እተን ኣብ ከባቢኣን ዝጸንሓ ከተማታት እናሰፍሓ ስለ ዝኸዳ እተን ገጠራት ዝነበራ ናብኣተን እናተሓወሳ ይኽትማ ኣለዋ። እንተኸቲመን ከኣ እቲ ኣብ ከተማታት ዝርከብ ነገራት ይረኽባ። እቲ ብመጀመርታ ዝስራዕ ከኣ፡-

ብውጥን ይህነጻ'ሞ ምዕሩይ ጎደናታት ይህልወን። ሓይሊ ኤለትሪክ ረኺበን መብራህትን ካልኣ ኣሳ ልጠታትን ይረኽባ። መስመር ማይ ረኺበን ጽሬቱ ዝተሓለወን ብቐሊሉን ማይ ይረኽባ። ዝሸጣሉን ዝዕ ድጋሉን ዕዳጋታት ይህልወን።







ከተማታት ዝበሃላ እምበኣር፡-

መጀመርታ እዘን ገጠራት ጸኒሐን ናብ ከተማ ምስ ተጸንበራ ዝረኽበኡ ረብሓታት ይህልወን። ንሱ ኸኣ፡ ኣብ ከተማታት ዝህነጹ ገዛውቲ፡ ብውጥን ይህነጹ ደረጃ ዝሓለዉ መገድታት፡ ሓይሊ መብራህቲ ናይ ጎደናን ናይ ገዛን፡ መስመር ማይ፡ ዕዳጋታት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ሕክምናን ዝተፈላለዩ መንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ኣብያተ-ጽሕፈት፡ ዓበይትን ናእሽቱን ንግዳዊ ትካላት ይህልወን።

ኣብ ከተማታት ዝስርሑ ገዛውቲ ዝተፈላለየ ኣሰራርሓ ኣለዎ። ኣብ ከተማታት፡ ዝህነጹ ገዛውቲ፡ ብእምኒ ሕጡብ፡ ብሎኬቲ፡ ብሲሚንቶ፡ ብሓጺን ይስራሕ። ኣብተን ዓበይቲ ከተማታት ከም በዓል ኣስመራ፡ ከረን፡ ባጽዕ፡ ዓሰብ፡ መንደፈራ፡ ደቀምሓረ: ባረንቱ ዝኣመሰላ ኸኣ፡ እቲ መገዲታት ብቕጥራን (ካርታመ) ይልበጥ። ካብዘን ተጠቒሰን ዘለዋ፡ ከተማታት፡ ባጽዕን ዓሰብን፡ ምስ ባሕሪ ዝተጸግዓ ወደባት እየን።

ወደባት መራኽብ ኣቕሑት: ገያሾ ዝጸዓናሉን ዝራገፍሉን ቦታ ኢዩ። ኣብ ኣድላዪ ግዜ'ውን መራኽብ ምትዕርራይ ይገብራ።



እተን ካልኦት ከተማታት ኣብ በበይኑ ቦታታት ዝተደኮና እየን። ገሊአን ኣብ በሪኽ ገሊአን ከኣ ኣብ ዕሙቕ ዝበለ ቦታታት ተደኮነን ይርከባ።

ንኣብነት፡ ኣስመራ፡ ኣብ በሪኽ ቦታ ትርከብ። ከረን ከኣ ኣብ ትሕት ዝበለ ቦታ ትርከብ። ኣስመራን ከረንን ዝተፈላለየ ክሊማ ኣለወን። ዓዲ ቐይሕን መንደፈራን እውን ዝተፈላለየ ክሊማ ኣለወን። ዓዲ ቐይሕ ዛሕሊ ይበዝሓ። መንደፈራ ከኣ ማእከላይ ሙቐት ኣለዋ።

መላመዲ

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።

1. ገጠር እንታይ: እዩ ከተማኸ:
2. ኣሰራርሓ ገዛ ኣብ ገጠር ከመይ ነይሩ:
3. ኣሰራርሓ ገዛ ኣብ ከተማ ከመይ እዩ:
4. ንሓደ ቦታ ከተማ ዘብልዎ ረቒሒታት እንታይ እንታይ እዮም:
5. ኣብ ገጠር ኮነ ኣብ ከተማ ሰባት ኢዮም ዝነብሩ። እዞም ኣብ ገጠርን ከተማን ዝነብሩ ሰባት እንታይ ፍሉይ ባህርያት ኣለዎም:

ለ. ነዞም ዝስዕቡ ቃላት ተመያየጡሎም፡ ብኣብነት ኣሰኒኹም ኣብ ቅድሚ ተማሃሮ ወጺእኩም ንብጾትኩም ግለጹሎም።

ናሕሲ
ህድሞ
ውሻጠ
ምድራ-ቤት
ደምበ
ዓንቀጽ

ሐ. ነዞም ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ቃላት ብግቡእ ተረዲእኩም ኣብ ምሉእ ሓሳባት ኣእትዉዎም።

መ. ነዘን ስዒበን ዘለዋ ነጥብታት ኣብ ግምት ኣእትኹም ንእትነብርሉ ቦታ ገጠር ይኹን ከተማ፣ ግለጹ፡-

1. ዘለዎ ኵነታት ኣየር
2. ዝተደኮነሉ ቦታ
3. ገጠር/ከተማ
4. መነባብሮ ህዝቢ
5. ብዝሒ ነባሪ ህዝቢ

ረ. እተባህለ

ንጥፈት ተማሃራይ10 (ሓሳኹ)

1.መዓር ዝሰርሕ ሓሰኻ						
2.ዓለባ ትሰርሕ ሓሰኻ						
3.ኣብ ጸልማት ኣደ ሓደ ግዜ ብርሃን ትህብ ሓሰኻ						
4.ተጓዳእቲ ጀርምታት ናብ ገዛና ዘምጽኣልና						
5.ንከብቲ ደሞም እናመጸየ ዘሳቐዮም						
6.መንገብገበን ብበብዓይነቱ ሕብሪ ዝወቀበ ካብ ዕንበባ ናብ ዕንበባ ክነጥራ ዝውዕላ						

ምዕራፍ 26
መን ይስራሕ፧

ዝድለብ ብቕዓት
ተማሃሮ ኣብ መወዳእታ ናይ ምዕራፍዚ፧

- **ዝንበበልኩም ዛንታ ብጽሞና ትከታተሉን ካብኡ ዝምንጩ ናይ ኣንቢብካን ሰሚዕካን ምርዳእ ብቕዓትም ዝመዝን ንጥፈታት ትሰርሑን ነታ ዛንታ ኣሕጺርኩም ብቓላትኩም ተዘንትዉን።**
- **ሓደስቲ ቃላት ትፈልጡ፡ ኣብ ምሉእ ሓሳባት ትሰርሕዎምን።**
- **ናይ ምውሳእን ምዝራብን ዓቕምኹም ተንጸባርቑን መልእኽትታት ተመሓላልፉን።**
- **ትህኪት: ስስዐ: ሓደ ካብቲ ክውገድ ዘለዎ ሕማቕ ጠባያት ምኻኑ ትዝርዝሩ።**

መእተዊ ሕቶታት፡-

1. **ኣብ ግዜ መጽናዕቲ ንንሕድሕድኩም ትተሓጋገዙዶ፧**
2. **ኣብ ግዜ ስራሕ (ማእቶት) ናይ ቤት ትምህርቲ ብኸመይ ትሰርሑ፧**
3. **ኣብ ስራሕ ምትሕግጋዝ እንታይ ጥቕሚ ኣለዎ፧**
4. **እንስሳታት እትብል መዝሙር ትዝምሩ።**

ሓደ እዋን ከልቢ ድሙ ኣንጭዋ ደርሆን ኣብ መገዲ ተራኸቡ። ብሓደ ሓቢሮም ከኣ ይጐዓዙ ነበሩ። እናተጓዕዙ ከለዉ ደርሆ ፍረ መሸላ ረኸበት። ንብጸታ ከኣ ከምዚ ኢላ ሓተተቶም።

ደርሆ ፦ ነዛ ፍረ መሸላ መን ይዝረኣያ፧
ከልቢ ፦ኣነ ኣይዘርእን እየ።
ድሙ ፦ ኣነ ኣይዘርእን እየ።
ኣንጭዋ ፦ ኣነ እውን ምስራሕ ኣይፈትውን እየ።
ደርሆ ፦ ኣንታ ክንደይ ትህከዩ ኢኹም ደሓን
ባዕለይ ክዘርኣ እየ። ብምባል ከይተሃከየት
ባዕላ ትዘርኣሞ ቀልጢፉ በቑላ ዓበየት።
ሽዑ ደርሆ መሊሳ ንብጸታ ትሓትት።
ደርሆ ፦ በሉ ሕጂ መሸላና ዓብዩ ንጻህያይ እውን
ኣኺሉዩ ስለዚ መን ክጽህዮ ይኽእል፧
ከልቢ ፦ ኣነ ኣይጽህዮን እየ።
ድሙ ፦ ኣነ ኣይሰርሕን እየ።
ኣንጭዋ ፦ ኣነውን ኣይሰርሕን እየ።
ደርሆ ፦ ሕጂውን ተሃኪኹም እንተ ኣቢኹምኒ
ቀልጢፉ ክዓብየለይ ባዕለይ ክጽህዮ እየ።

ኩሎም ብጸታ ስለዝኣበይዋ ደርሆ ንበይና ደርሆ ንበይና ትጽህዮ ። ደሓር እቲ ግራት መሸላ ኣኺሉ ብዙሕ ፍረ ፈረየት። ደርሆ ሕጂ ኣውን ከም ኣመላ ከምዚ ኢላ ሓተቶም።

ደርሆ በሉ ብጸት እቲ መሸላ ኣኺሉ መንዩ ዝዓጽድ፧
ከልቢ፦ ኣነ ኣይዓጽድን እየ፡
ድሙ፦ ኣነ ኣይሰርሕን እየ።
ኣንጭዋ፦ ኣነውን ኣይደልን እየ።
ደርሆ፦ ሕጂውን እንተተሃኪኹም ባዕለይ ክዓጽዶ
እየ፡ ኢለ ንበይና ኣኪባቶ። ደሓር ግዜ ዓውዲ
ኣርከበ። ከም ኣመላ ሕጂውን ደርሆ
ከይተሓለለት ንብጸታ ከምዚ ክትብል ሓተተቶም።

ደርሆ፦ እቲ ግራት ብምልኡ ዓጺደዮ ኣለኸ። መን ግን ክድጕድጕልና እዩ፧
ከልቢ፦ ኣነ ኣይድጕድጕን እየ።
ድሙ ፦ ኣነ ኣይሰርሕን እየ።
ኣንጭዋ ፦ ኣነ ድማ ኣይድጕድጕን እየ።
ደርሆ ፦ ዋላኳ ኩላትኩም እንተተሃኸኹም ሕጂውን ባዕለይ ክድጕድጎ እየ።
ደርሆ ፦ እኽሊ ደጕዲጓ ምስ ወድኣት ። ከጥሕንዎ መሊሳ ሓተተት።
ከልቢ፦ ኣነ ኣየጥሕንን እየ።
ድሙ ፦ ኣነ ኣይሰርሕን እየ።
ኣንጭዋ ፦ ኣነውን ኣየጥሕንን ኢሎም ኣበይዋ።
ደርሆ ፦ ሕጂውን እንተ ኣቢኹም ባዕለይ ከጥሕኖ እየ።
ስለዚ ደርሆ ከም ልማዳ ባዕላ ኣጥሒና መግቢ ክዳሎ ትሓትት።
ከልቢ ፦ ኣነ ኣይስንክትን።
ድሙ ፦ ኣነ ኣይሰርሕን።
ኣንጭዋ ፦ ኣነውን ኣይስንክትን።
ደርሆ ፦ እንተ ተሃኪኹም ሕጂውን ባዕለይ ክሰርሕ እየ። ኢላ ከይተሓለለት ኣዝዩ ጽቡቕ እንጀራ ሰንኪታ ቀረበት። ኣብ መወዳእታ ንብጾታ ንክበልዑ ሓተተት።
ደርሆ ፦ እንጀራ ሰንኪታ ቀሪበዮ ኣለኸ። መን ዝበልዕ ኣሎ ፧
ከልቢ ፦ ኣነ ኣለኸ።
ድሙ ፦ ኣነውን ክበልዕ እየ።
ኣንጭዋ፦ ንምብላዕ ደኣ መን ክገድፈክን።

ደርሆ፦ ያእ ኣይፋልኩምን! “ዘይሰርሕ ኣይብላዕ” ከም ዝበሃል ኣይትፈልጡን! ኣነ በይነይ ስለ ዝሰራሕኩ በይነይ ክበልዕ እየ። ኢላ በይና ሰሪሓ በይና በሊዓ።

ሀ.ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ

1. ኣብዛ ዛንታ ክንደይ እንስሳታት ኣለዉ ፧
2. ካብዞም እንስሳታት ዝነፍዐ መንዩ፧
3. መሸላ ምጉናእ እንታይ ማለት እዩ፧
4. መሸላ ምድጉዳጉ እንታይ ማለት እዩ፧
5. ንደርሆ መሸላ ኣብ ምጉናእ ዝሓገዛ መን እዩ፧
6. እታ ደርሆ ንምታይ ንበይና በሊዓ፧
7. ደርሆ ንበይና ምብላዓ ከመይ ትርእዮ፧
8. ካብዛ ኣርእስቲ'ዚኣ እንታይ ተማሂርኩም፧

ለ.በዞም ዝስዕቡ ቃላት ምሉእ ሓሳባት ስርሑ

እኽሊ ጸህያይ መገዲ
ምስንካት ዓውዲ

ሐ. እተባህለ ትጽሕፉ

መ. ነዞም ዝስዕቡ ጎደሎ ቦታታት ምልእዎም

ተሓጋጊዞም ትህኪት ትግሃት
ኣይስንክትን ምድላው ይጉናእ

1. ደርሆ ነቲ ስራሕ ብ _____ ፈጺማ።
2. መሸላ ምስ ነቐጸ _____።
3. ኣንጭዋ ኣነውን _____ኢላ።
4. _____ሓደ ካብቲ ሕማቕ ጠባያት ኢዩ።
5. እቶም ተማሃሮ _____ቤት ትምህርቶም የጽርዩ ኣለዉ።

እንታይ ትዕዘቡ: 1

1. ነዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ስእልታት ተዓዚብኩም ግለጽዎም።


1.




2.



3.



4.





5.



6.



7.

መጀመርታ ብቕደም ሰዓብ ሰሪዕኩም፡ ካብኡ ቀጺልኩም ብመልክዕ ሕጡበ-ጽሑፍ ጽሓፍዋ።

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ዝሰማምዕም መልሲ ዝሓዘ ፊደል ምረጹ።

1. ሓጐስ ካብ ማሕሙድ ይነፍዕ። ሓሊማ ከኣ ካብ ሓጐስ ትነፍዕ። ስለዚ
   ሀ. ማሕሙድ ካብ ኩሎም ይነፍዕ።
   ለ. ሓሊማ ካብ ማሕሙድ ትሓምቕ።
   ሐ. ማሕሙድ ካብ ኩሎም ይሓምቕ።
   መ. ሓጐስ ካብ ኩሎም ይሓምቕ።
2. ኣብ ማያዊ ኣካል እነብር ስጋይ ይብላዕ። ካብ ማይ እንተወጺኡ ብቕጥታ እመውት። ኣነ መን እየ።
   ሀ. ሰብ ለ. ማንቲለ
   ሐ. ዓሳ መ. ዑፍ
3. ዓበይቲ ነገራት እስከም፡ ነዊሕ ጉዕዞ እጓዓዝ። ሓንሳብ ምስ በላዕኩን ማይ ምስ ሰተኹን ነዊሕ መዓልቲ ክጸንሕ እኽእል። ገሊኦም መርከብ ምድረ-በዳ እናበሉ ይጽውዉኒ። ኣነ መን እየ፧
   ሀ. ኣድጊ ለ. ፈረስ
   ሐ. ዝብኢ መ. ገመል
4. ኣዝያ ዝቕልጠፈት ነዊሕ ትጕዓዝ መጓዓዝያ ኣየነይቲ እያ፧
   ሀ. ብሽግለታ ለ. ነፋሪት
   ሐ. በቕሊ መ. መርከብ
5. ካብዞም ዝስዕቡ ካብ ዓይነት ስፖርት ዘይኮነ ኣየናይ እዩ፧
   ሀ. ዳማ ለ. ምሕንባስ
   ሐ. ጨመተ ተኹሲ መ. መልሲ የለን